መጽሓፍ ቅዱስ ምሳይ ኣንብቡ

ዛንታ መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



መጽሐፍ ቅዱስ ልሳነ አንብቡ

ዛንታ መጽሐፍ ቅዱስ ንህጻናት

ብምሉእ ልብኻ ብእግዚኣብሄር
ተኣመን፣ ኣብ ልቦናኻ ኣይትጸጋዕ፣
ኣብ ኵሉ መገድኻ ንእኡ ሕሰብ፣
ንሱ ኸኣ ኣካይዳኻ ክቕንዕ እዩ።

ምሳሌ 3፡ 5-6

መጽሓፍ ቅዱስ ምሳያ ኣንብቡ

ዝንታ መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

ህያብ ን _____

ካብ _____

ዕለት _____



ትሕዝቶ
ብሉይ ኪዳን

እግዚኣብሄር ሰማይን ምድርን ፈጠረ 2
ገነት ኤደን 10
ኣዳምን ሄዋንን 13
ኣዳምን ሄዋንን ንእግዚኣብሄር
ኣይተኣዘዙን 14
ማይ ኣይዚን መርከብ ኖህን 24
እግዚኣብሄር ንኖህ ዝኣተዎ ኪዳን 30
ግምቢ ባቤል 36
እግዚኣብሄር ንኣብርሃም ዝኣተወሉ ኪዳን 40
ኣብርሃም ንይስሃቅ ወዱ ንኣምላኽ
ወፈዮ። 44
ይስሃቅን ርብቃን 50
ኤሳውን ያእቆብን 56
ያእቆብ ናይ ኤሳው በረኸት ወሰደ 60
ሕልሚ ያእቆብ ኣብ ቤትኤል 67
ያእቆብ ንልያን ራሄልን ተመርዓወን 70
ወለል ዝብል ቀምሽ ዮሴፍ 74
ሕልሚ ዮሴፍ 76
ዮሴፍ ባርያ ኪኸውን ተሸጠ 80
ኣሕዋት ዮሴፍ ናብ ግብጺ ከዱ 87
እስራኤላውያን ኣብ ግብጺ ባሮት ኮኑ 93
ጓል ፈርኦን ንሙሴ ረኸበቶ 96
ሙሴን እታ እትነድድ ቈጥቋጥን 101
ቀዳሞት ሓሙሽተ መዓታት 104
ኣርባዕተ ተወሰኽቲ መዓታት 113
ናይ መወዳእታ መዓት 117
እስራኤላውያን ካብ ግብጺ ወጹ 121
ምስጋር ቀይሕ ባሕሪ 122
ማናን ብርኒነን 128
ሙሴ ኣብ ከረን ሲና 131
ወርቃዊ ምራኽ 135
ማይ ካብቲ ከውሒ 140
ኣስራዚ ተመን 142
ኽኽነኣን ምስላይ 144
ምውዳቕ ያሪኮ 149
ጊዴዎን ንሚድያናውያን ተዋግኦም 152
ሲምሶንን ደሊላን 156
ናእሚን ሩትን 164
እግዚኣብሄር ንሳሙኤል ጸውዖ 167
ሳኦል ንጉስ ኮነ 171
ሳሙኤል ንዳዊት ቐብኦ 173
ዳዊትን ጎልያድን 177
ሰሎሞን ጥበብ ሓተተ 186
ጥበበኛ ፍርዲ 188
ሰሎሞን ቤት መቕደስ ሃነጸ 192
ካኺት ንኤልያስ መገብዎ 194
ኣብ ሰራጵታ ዘላ መበለት 196
ኤልያስ ኣብ ከረን ቀርሜሎስ 201
ኤልያስ ናብ ሰማይ ዓረገ 208
ንእማን ካብ ለምጺ ሓወየ 210
ዮኣስ ንቤት መቕደስ ሓደሰ 216
ናይ ዳዊት መዝሙር 218
ናይ ኣምልኾ መዝሙር 220
ናይ ምስጋና መዝሙር 221
ኽኹሉ ዘዘመኑ ኣለዎ 222
ጉሁር እቶን ሓዊ 223
ጽሕፈት ኣብ መንደቕ 230
ዳንኤል ኣብ ጉድጓድ ኣናብስ 237
ዮናስን እቲ ዓቢ ዓሳን 244

ሓድሽ ኪዳን

ማርያምን እቲ መልኣኽን 252
የሱስ ተወሊዱ 256
ጓሶትን መላእኽትን 260
ንየሱስ ናብ ቤት መቕደስ ወሰድዎ 266
ሰብ ጥበብ ንየሱስ በጽሕዎ 270
ህድማ ናብ ግብጺ 277
የሱስ፣ እቲ ቈልዓ፣ ኣብ ቤት መቕደስ 280
ዮሃንስ መጥምቕ 286
ዮሃንስ ንየሱስ ኣጥመቖ 288
የሱስ ነቶም ቀዳሞት ሃዋርያት ጸወየም 290
የሱስ ንማይ ናብ ወይኒ ለወጦ 295
ጸሎት 298
የሱስ ነቲ መጻጉዕ ኣሕወዮ 300
የሱስ ነቲ ማዕበል ኣህደኦ 304
ሞይታ ዝነበረት ጓል ተንስኣት 308
የሱስ ን5,000 መገበ 312
የሱስ ኣብ ልዕሊ ማይ ከደ 318
ዛንታ እቲ ርሕሩሕ ሳምራዊ 324
የሱስ ንማርታን ንማርያምን በጽሐን 329
ኣልኣዛር ካብ ሞት ተንስኣ 334
ምስላ ጥፍኣቲ በጊዕ 340
ምስላ ዝጠፍኣት ድሪም 342
ምስላ ጥፉእ ወዲ 344
የሱስ ንዓሰርተ ሰብኡት ኣሕወየ 350
የሱስን ህጻናትን 354
ዘኬዎስ 356
የሱስ ናብ የሩሳሌም ኣተወ 358
ማርያም ንየሱስ ኣኽበረቶ 362
የሱስ እግሪ እቶም ሃዋርያት ሓጸበ 366
ናይ መጨረስታ ድራር 370
የሱስ ኣብ ጌተሴማኔ ጸለየ 374
የሱስ ተኣስረ 378
ጲላጦስ ንየሱስ ሓተቶ 382
ጴጥሮስ ንየሱስ ክሓዶ 388
የሱስ ኣብ መስቀል ሞተ 393
የሱስ ተቐብረ 396
ጥርሑ መቓብር 398
የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ተራእዮም 400
የሱስ ንሰማይ ዓረገ 402
መዓልቲ ሓምሳ 404
ጴጥሮስ ንሓደ ዝልምን ኣሕወዮ 408
ፊልጶስን እቲ ኢትዮጵያውን 411
ሳውል ኣማኒ ኾነ 415
ሳውል ኣብ ደማስቆ 422
ጳውሎስን ሲላስን ኣብ ቤት ማእሰርቲ 424
ጳውሎስን ዝተሰብረቶም መርከብን 430
የሱስ ክምለስ እዩ 436

ብሉይ ኪዳን

1

እግዚኣብሄር ሰማይን ምድርን ፈጠረ (ኦሪት ዘፍጥረት)

ኣምላኽ ብመጀመርታ ሰማይን ምድርን ፈጠረ ኣምላኽ ከኣ ብርሃን ይኹን በለ። ብርሃን ድማ ኾነ።

1

ኣምላኽ ነቲ ብርሃን መዓልቲ ኣውጽኣሉ። ነቲ ጸልማት ከኣ ለይቲ ኣውጽኣሉ። ምሸት ኮነ ብጊዜኡ ኮነ፡ ሓንቲ መዓልቲ።



ኣምላኽ ድማ፤ ንማያት ካብ ማያት ዚፈሊ
ጠፈር ኣብ መንጎ ማያት
ይኹን፡ በለ።

ኣምላኽ ከኣ ነቲ ጠፈር ሰማይ ኣውጽኣሉ።
ምሸት ኮነ ብጊሓትውን ኮነ፡
ካልኣይቲ መዓልቲ።




ኣምላኽ ድማ፤ እቲ ንቑጽ ምእንቲ ኪርኤስ፡ እቲ ኣብ
ትሕቲ ሰማይ ዘሎ ማያት ናብ ሓንቲ ቦታ ይተኣከብ፡
በለ።
ኣምላኽ ድማ፤ እታ ምድሪ ሳዕርን ዘርኢ ዚህብ ብቑልን፡
ዘርኡ ኣብ ርእሱ ዘለዎ፡ ፍረ ከከም ዓይነቱ ኣብ ምድሪ
ዚፈሪ ኣም ተውጽእ፡ በለ።
ምሸት ኮነ ብጊሓትውን ኮነ፡ ሳልሰይቲ መዓልቲ።



ኣብ ምድሪ ንምብራህ ኣብ ጠፈር ሰማይ ብርሃናት ይኹኑ፡ በለ። ከምኡ ድማ ኾነ።
ኣምላኽ ከኣ ኽልተ ዓበይቲ ብርሃናት ገበረ፤ እቲ ዓብዪ ብርሃን ብመዓልቲ ኺሰልጥን፡ እቲ ንእሽቶ ብርሃን ድማ ብለይቲ ኺሰልጥን፡ ከዋኽብቲውን ገበረ። ምሸት ኮነ ብጊሓትውን ኮነ፡ ራብዐይቲ መዓልቲ።




ኣምላኽ ድማ፤ ማያት ህያው ነፍሲ ዘለዎ ውንጅርጅር ዚብል እንስሳ የውጽእ፡ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ኣብ ትሕቲ ጠፈር ሰማይ ከኣ ኣዕዋፍ ይንፈራ፡ በለ።
ምሸት ኮነ ብጊሓትውን ኮነ፡ ሓምሰይቲ መዓልቲ።




ኣምላኽ ድማ፡ ምድሪ ህያው ነፍሲ ዘለዎ
በብዓይነቱ እንስሳን ለመምታን ኣራዊት
ምድርን በብዓይነቱ ተውጽእ፡ በለ።
ከምኡውን ኮነ።
ኣምላኽ ከኣ፤ ብመልክዕና ኸም ምስልና ሰብ
ንግበር፡ በለ። ኣምላኽ ድማ ብመልክዑ ሰብ
ፈጠረ።

ኣምላኽ ከኣ ዝገበሮ ዘበለ ኹሉ ረአየ፡ ብዙሕ
ጽቡቕ ኮነ። ምሸት ኮነ ብጊዛትውን ኮነ፡
ሳድሰይቲ መዓልቲ።
ብሳብዐይቲ መዓልቲ ድማ ኻብቲ ዝፈጠሮን
ዝገበሮን ኹሉ ግብሩ ዐረፈ።



ገነት ኤደን

ዘፍጥረት 2



እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ኣብ ኤደን ብሸነኽ
ምብራቕ ገነት ተኸለ።
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ምርኣዩ ዜብህግ፡ ምብላዑ
ጥዑም ኩሉ ኦም ኣብ ምድሪ ኣብቁለ፡ ኣብ
ማእከል ገነት ከኣ ኦም ህይወት፡ እታ ጽቡቕን
ክፉእን እተፍልጥ ኦም ድማ።

እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ወሲዱ፡ ኪዐይያን
ኪሕልዋን ኣብ ገነት ኤደን ኣቐመጦ።
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ኻኹሉ ኣራዊት መሮርን
ኻኹለን ኣዕዋፍ ሰማይን ካብ ምድሪ ገበረ። እንታይ
ከም ዚሰምየን ምእንቲ ኽርኢ ኸኣ ናብ ሰብ ኣምጽኤን።
ነቲ ህያው ነፍሲ ዘለዎ ኹሉ፡ እቲ ሰብ ከም ዘውጽኣሉ፡
ስሙ ንሱ ኾነ።



እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንሰብ፡ ካብ ኩሉ ኦም ገነት ከም ዝደሊኻ ብላዕ፡
ካብታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና፡ ካብኣ ምስ እትበልዕ መዓልትስ ሞት ክትመውት ኢኻ እሞ፡ ካብኣ ኣይትብላዕ፡ ኢሉ ኣዘዞ።

ኣዳምን ሄዋንን

ዘፍጥረት 2



እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ፡ ሰብኣይ በይኑ ክሽወ ጽቡቕ ኣይኮነን፡ ንእኡ እትበቕዕ ደጋፊት ክገብረሉ እየ፡ በለ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ነቲ ሰብኣይ ከቢድ ድቃስ ኣውደቖሉ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ነታ ኻብ ሰብኣይ ዝወሰዳ መሰንገለ፡ ሰበይቲ ገይሩ፡ ሰርሓ እሞ ናብቲ ሰብኣይ ኣምጽኣ።
እቲ ሰብኣይ ከኣ፡ እዚኣ ዓጽሚ ኻብ ኣዕጽምተይ፡ ስጋ ኸኣ ካብ ስጋይ እያ፡ ካብ ሰብኣይ ተወሲዳ እያ እሞ፡ ሰበይቲ ትበሃል፡ በለ።

ኣዳምን ሄዋንን ንእግዚኣብሄር ኣይተኣዘዙን

ዘፍጥረት 3



እግዚኣብሄር ኣምላኽ ካብ ዝፈጠሮ ኹሉ ኣራዊት መሮር ተመን ይጐርሕ ነበረ። ነታ ሰበይቲ ኸኣ፥ ኣምላኽሲ፥ ካብ ኩሉ ኦም ገነት ኣይትብልዑ፥ ኢሉዶ ኣዚዙ እዩ? በላ።
እታ ሰበይቲ ነቲ ተመን በለቶ፥ ኣብ ገነት ካብ ዘሎ ፍረ ኦም ንበልዕ ኢና።

ብዛዕባ ፍረ እታ ኣብ ማእከል ገነት ዘላ ኦም ግና ኣምላኽ፥ ከይትሞቱስ፥ ካብኣ ኣይትብልዑ ኣይትተንክይዋዉን በለ።
እቲ ተመን ድማ ነታ ሰበይቲ፥ ኣይፋልኩም፥ ኣምላኽ ደኣ ካብኣ ምስ እትበልዑ መዓልቲ ኣዒንትኹም ከም ዚኽፈታ፥ ከም ኣምላኽውን ከም እትኹኑ፥ ጽቡቕን ክፉእን ከኣ ከም እትፈልጡ፥ ስለ ዝፈለጠ እዩ እምበር፥ ከቶ ኣይትሞቱን ኢኹም፥ በላ።





ካብ ፍሪኣ ወሲዳ በልዔት፡ ምስኣ ኸኣ ንሰብኣያ ሀበቶ፡ ንሱውን በልዔ።



ጥራዮም ምኻኖም ድማ ፈለጡ። ቈጽሊ በለስ ኣላጋጊቦም ከኣ ተዐጥቁ። ኣዳምን ሰበይቱን ከኣ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ማእከል ኣእዋም ገነት ተሓብኡ።




ምድሪ ምስ ወልወለ ድማ፡ ድምጺ እግዚኣብሄር ኣምላኽ
ኣብ ገነት ኪማላለስ ሰምዑ።
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንኣዳም ጸዊዑ፡ ኣበይ ኣሎኻ?
በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ድምጽካ ኣብ ገነት ሰሚዔ ፈራህኩ፡
ጥራየይ ከኣ እየ እሞ፡ ተሐባእኩ፡ በለ።
ንሱ ድማ ጥራይካ ምኻንካ ደኣ መን ነገረካ? ካብታ፡ ካብኣ
ኣይትብላዕ፡ ኢለ ዝኣዘዝኩኻ ኦምዶ በሊዕካ ኢኻ? በሎ።

ኣዳም ከኣ እዛ ምሳይ ክትከውን ዝሀብካኒ ሰበይቲ ኻብታ
ኦም ሀበትኒ እሞ በላዕኩ፡ በለ።
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ነታ ሰበይቲ፡ ስለምንታይ እዚ
ገበርኪ? በላ። እታ ሰበይቲ ኸኣ፡ ተመን ኣስሒቱኒ በላዕኩ፡
በለት።
እግዝኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንኣዳምን ሄዋንን ካብ ገነት
ኤድን ኣውጽኦም።

ኣቤልን ቃኤልን

ዘፍጥረት 4



ሄዋን ንቃኤልን ንኣቤል ወለደት።
ኣቤል ድማ ጓሳ ኣባጊዕ፡
ቃየል ከኣ ዓያዪ ምድሪ ኾነ።



ድሕሪ ገለ ወርሓት ድማ ኾነ፡ ቃየል ካብ ፍረ ምድሪ ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ኣምጽኤ። ኣቤል ከኣ ካብ በኵራት ኣባጊዑን ካብ ስብሒንን ኣምጽኤ።
እግዚኣብሄር ድማ ናብ ኣቤልን ናብ መስዋእቱን ባህ ኢልዎ ረአየ። ናብ ቃየልን ናብ መስዋእቱን ግና ባህ ኢልዎ ኣይረአየን። ቃየል ከኣ ኣዝዩ ኾረየ፡ ገጹ ድማ ጸለመ።

ቃየል ድማ ንሓዉ ኣቤል ተዛረቦ።
ኮነ ኸኣ፡ ኣብ መሮር ከለዉ፡
ቃየል ንሓዉ ኣቤል ቀተሎ።



እግዚኣብሄር ከኣ ንቃየል፡ ኣቤል
ሓውካ ኣበይ ኣሎ? በሎ።
ንሱ ድማ ኣይፈልጥን፡ ኣነዶ ሓላው
ሓወይ እየ? በለ።
ቃየል ድማ ካብ ቅድሚ እግዚኣብሄር
ወጸ፡ ኣብ ምድሪ ኖድ ከኣ፡ ኣብ
ምብራቕ ኤደን ተቐመጠ።

ማይ ኣይሂን መርከብ ኖህን

ዘፍጥረት 6, 7





ኖህ ኣብቶም ወለዶታቱ ጻድቕን እንታ ዜብሉን ሰብኣይ ነበረ። ኖህ ምስ ኣምላኽ ተመላለሰ።



ምድሪ ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተባላሸያ፣ ብዓመጻ መልኤት። ኣምላኽ ከኣ ንኖህ በሎ፣ ምእንቲ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ህያው ትንፋስ ዘለዎ ኹሉ ስጋ ኺጠፍእሲ፣ ኣነ ማይ ኣይሂ ናብ ምድሪ ኸምጽእ እየ እሞ፣ ኣብ ምድሪ ዘሎ ኹሉ ኺመውት እዩ። ንኣኻ ካብ ኣም ጎፈር መርከብ ስራሕ።


ምሳኻ ብህይወት ምእንቲ ኽትሕልዎም ድማ፡
ካብ ኵሉ ህያው ካብ ስጋ ዘበለ፡ ከክልተ ኻብ
ኵሉ ዓይነት ናብ መርከብ ኣእቱ፡ ተባዕታይን
ኣንስተይትን ይኹኑ።
ካብ ዚብላዕ ኵሉ ዓይነት ብልዒ ድማ ንኣኻን
ንኣታቶምን ቀለብ ኪኸውን ኣእቲኻ ኣቦኻ ኣክቦ።





ኖህ ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ኻኵሉ ነገር ከምኡ ገበረ።

ኖህን ቤተሰቡን ከኣ፣ ናብ መርከብ ኣተዉ።
ማይ ኣይሂ ድማ ኣብ ምድሪ ዘነመ። እቲ
ማይ ከኣ በዝሑ ነታ መርከብ ድማ ኣልዐላ
ካብ ምድሪ ኸኣ ንላዕሊ ኸብ በለት።
ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዝነበረ ኹሉ ህያው
ጠፍኤ።



ኖህ ጥራይ ምስቶም ምስኡ ኣብ መርከብ
ዝነበሩ ተረፈ።

እግዚኣብሄር ንኖህ ዝኣተዎ ኪዳን

ዘፍጥረት 7, 8



እቲ ማይ ኽሳዕ ሚእትን ሓምሳን መዓልቲ ኣብ ምድሪ በርትዔ። ኣምላኽ ከኣ ንኖህን ነቶም ምስኡ ኣብ መርከብ ዝነበሩ ኹሉም ኣራዊትን ኩሉ እንስሳን ዘከረ። ኣምላኽ ድማ ኣብ ምድሪ ንፋስ ኣንፈሰ፣ እቲ ማይ ከኣ ጐደለ።
እታ መርከብ ኣብ ኣኽራን ኣራራት ዐረፈት።



ኣብ መወዳእታ ኣርብዓ መዓልቲ ኖህ ነቲ ኣብ መርከብ ዝሰርሐ መኸት ከፈቶ።





ኪኹ ድማ ሰደደ፣ ንሱ ኸኣ ማይ ካብ ምድሪ ክሳዕ ዚነጽፍ፣ ንየው ነጃው ይማላለስ ነበረ።

ድሕሪዚ ድማ ኖህ፣ ካብቲ ዘለዎ ርግቢ ሰደደ።






ኣብ ልዕሊ ገጽ ኩላ ምድሪ ማይ ስለ ዝነበረ ግና፣ እታ ርግቢ እግራ እተዕርፈላ ኣይረኸበትን እሞ፣ ናብኡ ኸኣ ናብ መርከብ ተመልሰቶ።



ሾብዓተ መዓልቲ ጸኒሑ ድማ፣ ነታ ርግቢ መሊሱ ኻብ መርከብ ሰደዳ።
እታ ርግቢ ኣጋ ምሸት ተመልሰቶ፣ እንሆ ኸኣ ልሙዕ ቁጽሊ ኣውልዕ ኣብ ኣፋ ሒዛ ነበረት። ሽዑ ኖህ ማይ ካብ ምድሪ ኸም ዝነጸፈ ፈለጠ። ገና ኻልኣ ሾብዓተ መዓልቲ ጸኒሑ ድማ ነታ ርግቢ ሰደዳ። ድሕሪ ደጊም ናብኡ ኣይተመልሰትን።

ሽዑ ኖህ፣ ደቁን ሰበይቱን ኣንስቲ ደቁን
ኩሎም እንስሳታትን ካብታ መርከብ ወጹ።
እግዚኣብሄር ድማ ንኖህ በሎ፣
ኪዳነይ ምሳኻትኩም ኤቐውም ኣለኹ፣
ድሕሪ ደጊም ስጋ ዘበለ ኹሉ ብማይ
ኣይዒ ኣይከጠፍእን እየ።




ምድሪ ኽሳዕ ዘላ፣ ዘርእን ዓጺድን፣ ዛሕልን
ዋዕን፣ ሓጋይን ክረምትን፣ መዓልትን ለይትን
ኣየቋርጹን እዩ፣ በለ።
ቀስተይ ኣብ ደበና ኤንብር ኣሎኹ፣ ንሱ ድማ
ኑቲ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎ ምድርን ዘሎ
ኺዳን ምልክት ኪኸውን እዩ።

ግምቢ ባቤል

ዘፍጥረት 11


ምድሪ ብዘላ ብሓደ ቛንቋ ትዛረብ ነበረት።
ንሓድሕዶም ድማ ኣብ ልዕሊ ገጽ ኩላ ምድሪ
ምእንቲ ፋሕ ከይንብልሲ፡ ከተማን ርእሱ
ሰማይ ዚጥንቀኵር ግምብን ንስራሕ፡



ስምና ኽኣ ነጸውዕ ተበሃሃሉ።



እግዚኣብሄር ድማ፡ እንሆ፡ ኮላቶም ሓደ
ዝዘረባኦም ሓደ ህዝቢ እዮም። መጅመርታ
ግብሮም ከኣ እዚ እዩ። ሕጂ ድማ ኪገብርዎ
ኢሎም ዚህቅንዎ ዘበለ ዚኽልክሎም የልቦን።
እምበኣር ማንም ንዘረባ ብጻዩ ምእንቲ
ኽይሰምዕሲ፡ ንዑ ንውረድ፡ ኣብኡ ኽኣ ዘረባኦም
ንደባልቐ፡ በለ።



እግዚኣብሄር ድማ ካብኡ ናብ ልዕሊ ገጽ
ኮላ ምድሪ ፋሕ ኣበሎም። ምስራሕ እታ
ኽተማ ኽኣ ገደፉ።
እግዚኣብሄር ኣብኣ ቛንቋ ኽኡላ ምድሪ
ፋሕፋሕ ስለ ዘበለ፡ ስም እታ ኽተማ ባቤል
ተባህለ።

እግዚኣብሄር ንኣብርሃም ዝኣተወሉ ኪዳን

ዘፍጥረት 12, 15, 17



እግዚኣብሄር ድማ ንኣብራም በሎ፥ ካብ ምድርካን ካብ ኣዝማድካን ካብ እንዳ ኣቦካን ኣነ ናብ ዘርእየካ ምድሪ ኣቢልካ ውጻእ።
ንዓብዱ ህዝቢ ኽገብረካን ክባርኸካን ከኣ እየ፥ ንስምካውን ከዕብዮ እየ፥ ንበረኽት ድማ ክትከውን ኢኻ።



ኣብራም ድማ ንሳራይ ሰበይቱን ንሎጥ ወዲ ሓዉን፥ ነቲ ዘጥረይዎ ኹሉ ጥሪቶምን ነቶም ኣብ ካራን ዘጥረይዎም ነፍሳትን ወሲዱ፥ ንምድሪ ኸነኣን ኪኸዱ ወጹ፥
ኣብራም ካብ ካራን ኪወጽእ ከሎ ኸኣ ወዲ ሰብዓን ሓሙሽተን ዓመት ነበረ።



ኣብራም ወዲ ተስዓን ትሽዓተን ዓመት ምስ ኰነ፡ እግዚኣብሄር ተራእዮ፡ ኣነ እቲ ኾሉ ዚኽእል ኣምላኽ እየ፡ ኣብ ቅድመይ ተማላለስ፡ ፍጹም ከኣ ኹን። ንግዳም ኣውጺኡ ድማ፡ ንሰማይ ጠምት፡ ምቑጻሮም እትኽእል እንተኻኒካ፡ ከዋኽብቲ ቑጸር በሎ። ዘርእኻውን ከምኡ ኪኸውን እዩ፡ በሎ።




ኣምላኽ ድማ ንኣብርሃም፡ ንሰበይትኻ ሳራ ክባርኻ እየ፡ ካብኣ ድማ ወዲ ኽህበካ እየ። ስሙ ድማ ይስሃቅ ኪተውጽኣሉ ኢኻ፡ በሎ።

ኣብርሃም ንይስሃቅ ወዱ ንኣምላኽ ወፈዮ።

ዘፍጥረት 21, 22

እግዚኣብሄር ድማ፣ ከምቲ ዝበሎ ንሳራ በጽሓ። እግዚኣ ብሄር ከኣ ንሳራ ኸምቲ እተዛረቦ ገበረላ። ሳራ ወለደት፣ ኣብርሃም ድማ ነቲ እተወልደሉ ወዱ፣ ስሙ ይስሃቅ ኣውጽኣሉ።






ድሕሪዚ ነገርዚ ኸኣ ኸኖ፣ ኣምላኽ ንኣብርሃም መከሮ በሎውን፣ ኣብርሃም። ንሱ ኸኣ፣ እኄኹ፣ በለ።
እምበኣር ነቲ እትፈትዎ ሓደ ወድኻ ይስሃቅ ውሰድ እሞ፣ ናብ ምድሪ ሞርያ ኺድ፣ ኣብኣ ድማ ኣብ ሓደ ኻብቲ ኣነ ዝነግረካ ኣኽራን ንዚሓርር መስዋእቲ ሰውኣዮ፣ በሎ።




ንጽብሒቱ ድማ ኣብርሃም ኣንጊሁ ተንሲኡ ኣድጉ ጽዒኑ፡ ክልተ ግዙኣቱን ወዱ ይስሃቕን ምስኡ ወሰደ፡ ንዚሓርር መስዋእቲ ዚኸውን ዕንጨይቲውን ፈለጸ፡ ተንሲኡ ድማ ናብታ ኣምላኽ ዝነገሮ ቦታ ኸደ።


ኣብርሃም ድማ እቲ ንዚሓርር መስዋእቲ ዚኸውን ዕንጨይቲ ወሲዱ፡ ንወዱ ይስሃቕ ኣሰከሞ። ሓውን ካራን ከኣ ብኢዱ ወሰደ፡ ክልቲኦም ድማ ብሓደ ኸዱ።

ይስሃቕ ነቦኡ ኣብርሃም፡ ኣቦየ፡ ኢሉ ተዛረቦ። ንሱ ኸኣ፡ እኄኹ ወደይ፡ በሎ። ንሱ ድማ፡ ሓውን ዕንጨይትንሲ እንሆ፡ እቲ ንዚሓርር መስዋእቲ ዚኸውን በጊዕ ደኣ ኣበይ ኣሎ? በሎ። ኣብርሃም ከኣ፡ ወደየ፡ እቲ ንዚሓርር መስዋእቲ ዚኸውን በጊዕሲ ኣምላኽ ንርእሱ ይሓልዮ እዩ፡ በለ።



ኣብርሃም ድማ ኣብኣ መሰውኢ ሰርሔ፡ ዕንጨይቲ ኸኣ ጸፍጸፈሉ። ንወዱ ይስሃቅ ኣሲሩ ድማ ኣብቲ መሰውኢ ኣብ ልዕሊ እቲ ዕንጨይቲ በጥ ኣበሎ። ኣብርሃም ድማ ንወዱ ኺሓርድ፡ ኢዱ ዘርጊሑ፡ ካራ ወሰደ።






መልኣኽ እግዚኣብሄር ከኣ ካብ ሰማይ ጸዊው፡ ኣብርሃም፡ ኣብርሃም በሎ። ንሱውን፡ እኄኹ፡ በለ። ንሱ ድማ፡ ነዘ ሓደ ውሉድካ እኳ ካብ ዘይከላእካንስ፡ ንእግዚኣብሄር ከም እትፈርህ ሕጂ ፈሊጠ ኣሎኹ እሞ፡ ኢድካ ኣብዚ ወዲ ኣይትዘርግሕ፡ ገለውን ኣይትግበሮ፡ በለ፡ ኣብርሃም ድማ ዓይኑ ቐሕ ኣበለ፡ እንሆ፡ ኸኣ፡ ኣብ ድሕሪኡ ቐርኑ ብሓረግ እተታሕዘ ድዑል ረአየ። ኣብርሃም ድማ ከይዱ፡ ነቲ ድዑል ወሲዱ፡ ኣብ ክንዲ ወዱ ንዚሐርር መስዋእቲ ሰውኡ።

ይስሃቅን ርብቃን

ዘፍጥረት 24


ኣብርሃም ከኣ ነቲ ኣረጊት ግዙእ ቤቱ፣
ናብ ሃገረይን ናብ ዓሌተይን ኬድካ ደኣ ንወደይ ይስሃቅ
ሰበይቲ ኣምጽኣሉ፣ በሎ።
እቲ ግዙእ ድማ ካብ ኣግማል ጐይታኡ ዓሰርተ ገመል
ወሲዱ፣ ናብ ከተማ ናሆር ከደ።



ኣጋ ምሸት፣ በታ ማይ ኪቐድሑላ ዚወጻላ ጊዜ ኸኣ ኣብ
ወጻኢ ኸተማ ኣብ ጥቓ ዔላ ማይ ነተን ኣግማል ኣብረኸን።

በለ ድማ፡ ኣታ እግዚኣብሄር፡ ኣምላኽ ጐይታይ ኣብርሃም፡ ሎሚ ኹሉ ኣገባግበለይ፡ ንጐይታይ ኣብርሃም ከኣ ምሕረት ግበር። ይኹን ከኣ፡ ማይ ክሰቲ፡ በጃኺ ዕትሮኺ ትሕት ኣ ብልዮ ዝብላ ጓል፡ ንሳ ኽኣ፡ ስተ ነግማልካውን ከስትየን እየ እትብለኒ፡ ንሳ ንይስሃቅ ባርያኻ ዝመደብካያ ትኹን።






ገና ዘረባኡ ኽይወድኤ፡ እንሃ፡ ርብቃ ጓል ቤትኤል ወዲ ሚልካ፡ ሰበይቲ ናሆር ሓዉ ኣብርሃም፡ ዕትሮኣ ኣብ መንኩባ ጸይራ ወጸት። እታ ጓል ድማ ትርኢታ ኣዝያ ውቅብቲ ነበረት። እቲ ግዙእ ድማ ጐይዩ ተቓባቢሉ፡ ካብ ዕትሮኺ ኮታ ሒደት ማይ ኣስትይኒ፡ በላ። ንሳ ኽኣ፡ ጐይታይ፡ ስተ፡ ኢላ ቐልጢፋ ዕትሮኣ ናብ ኢዱ ኣውሪዳ ኣስተየቶ። ምስ ኣስተየቶ ድማ፡ ነግማልካውን ክሳዕ ዚኣኽለን ክሰትያ ክቐድሓለን እየ፡ በለት።

ኮነ ኸኣ፡ እተን ኣግማል ሰትየን ምስ ኣእከላ፡
እቲ ሰብኣይ ቀለቤት ወርቅን ክልተ ኣምባር
ወርቂውን ነእዳዋ ሃባ።



እቲ ግዙእ ኣብርሃም ብዛዕባ ጸሎቱ ኣዘንተወሎም። ሽዑ ላባንን
ቤቱኤልን፡ እዚ ነገር እዚ ኻብ እግዚኣብሄር ዝወጸ እዩ፡ ክፉእ
ሓደው ጽቡቕ ክንዛረበካ ኣይንኽእልን ። እንሃ፡ ርብቃ ኣብ
ቅድሜኻ ኣላ፡ ውሰዳ እሞ ኺድ። ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ
ድማ፡ ሰበይቲ ወዲ ጐይታኻ ትኹን፡ ኢሎም
መለሱሉ። ንርብቃ ጸዊዖም ድማ፡ ምስ እዚ
ሰብኣይዚዶ ትኸዲ? መልዋ። ንሳ ድማ፡
እኸይድ፡ በለት። ይስሃቅ ከኣ ንርብቃ ወሰዳ
እሞ ሰበይቲ ኸነት፡ ፈተዋዉን።



ኤሳውን ያእቆብን

ዘፍጥረት 25



ይስሃቅ ድማ፡ ሰበይቱ ርብቃ መኻን ነበረት እሞ፡
ምእንትኣ ንእግዚኣብሄር ለመነ። እግዚኣብሄር ከኣ ጸለዮ፡
መለሰሉ። ርብቃ ማናቱ ወለደት፡ ኤሳውን ያእቆብን።



እቶም ቈልዑ ድማ ዐበዩ። ኤሳው ሃድን ዚፈልጥ ሰብኣይ
መሮር ኮነ። ያእቆብ ከኣ ኣብ ድንኳን ዚነብር ህዱእ
ሰብኣይ ኮነ። ይስሃቅ ስጋ ሃድን መቂርዎ ነበረ እሞ፡
ንኤሳው ይፈቱ ነበረ። ርብቃ ግና ንያእቆብ ትፈቱ ነበረት።



ያእቆብ ጸብሒ ኺሰርሕ ከሎ፡፡ ኤሳው ደኺሙ ኻብ መሮር አተወ።
ሽዑ ኤሳው ንያእቆብ፡ ደኺመ እየ እሞ፡ በጃኻ ካብዚ ቐይሕ ጸብሒ ኣብልዓኒ፡ በሎ። ያእቆብ ከኣ፡ ሎሚ ብኵርናኻ ሽጠለይ፡ በሎ።
ኤሳው ድማ፡ እንሆ፡ ኣነ ክመውት ኢለ ኣሎኹ። እዛ ብኵርናኸ ንምንታየይ እያ? በለ።
ብኵርናኡውን ንያእቆብ ሸጠሉ።

ያእቆብ ድማ ንኤሳው እንጌራን ጸብሒ ብርስንን ገይሩ ሀቦ። ንሱ ድማ በሊዑን ሰትዩን ተንስኤ ከደውን። ኤሳው ብኵርናኡ ኽምዚ ገይሩ ነዐቖ።




ያእቆብ ናይ ኤሳው በረኸት ወሰደ

ዘፍጥረት 27



ኮነ ድማ፥ ይስሃቅ አረጉ ኣዒንቱ ጽልግልግ ኢለን ምርኣይ ምስ ሰአና፥ ንኤሳው ነቲ ዓብዪ ወዱ ጸዊዑ፥ እንሆ፥ ሕጂ አረገ እየ፥ መዓልቲ ሞተይ ድማ ኣይፈልጥን እየ። ከይሞትኩ ነፍሰይ ምእንቲ ኽትምርቐካስ፥ ኣነ ዝፈትዎ ጥዑም ብልዒ ኽበልዕ፥ ሃዲንካ ሰሪሕካ ኣምጽአለይ፥ በለ።



ርብቃ ኽኣ ይስሃቅ ንወዱ ኤሳው ኪዛረቦ ኽሎ ሰምዓት።

ርብቃ ኸኣ ንወዳ ያእቆብ ከምዚ ኢላ ተዛረበቶ፡ ሕጂ ወደየ፡ ከምቲ ኣነ ዝእዝዘካ ቻለይ ስማዕ። ናብተን መንሰ ኼድካ፡ ካብኡ ክልተ ጽቡቓት መሓስእ ኣምጽኣለይ። ኣነ ኸኣ ንኣታተይን ከምቲ ኣቦኻ ዚፈትዎ ጥዑም ብልዒ ገይረ ክሰርሓሉ ንሱ ድማ በሊዑ፡ ቅድሚ ሞቱ ምእንቲ ኺምርቕካስ፡ ነቦኻ ኸተእትወሉ።





ያእቆብ ከኣ ነዲኡ ርብቃ፡ እንሆ፡ ሓወይ ኤሳው ጸጓር ሰብኣይ እዩ፡ ኣነ ግና ልሙጽ ሰብኣይ እየ።
ምናልባሽ ኣቦይ እንተ ኣረምሰሰንስ፡ ኣብ ቅድሚኡ ኸም ጠባሪ ኸይከውን፡ ኣዲኡ ድማ ቃለይ ግዳ ስማዕ፡ በለቶ።
ርብቃ ድማ እቲ ምስኣ ኣብ ቤት ዝነበረ ጽቡቕ ክዳውንቲ ኤሳው፡ ወሲዳ፡ ንያእቆብ፡ ከደነቶ። ኣብ ኣእዳዉን ኣብቲ ልሙጽ ክሳዱን ድማ ቈርበት እተን መሓስእ ጠምጠመትሉ።

እቲ ጥዑም ብልዕን እቲ ዝሰንከተቶ እንጌራን፣ ንወዳ ያቆብ ኣብ ኢዱ ሀበቶ። ንሱ ኸኣ ናብ ኣቦኡ ኣትዩ፣ ኣቦየ፣ በሎ። ንሱ ድማ፣ እኄኹ ወደይ፣ መን ኢኻ ንሸኻ? በለ። ያእቆብ ከኣ ነቦኡ፣ ኣነ ኤሳው በኩሪኻ እየ። ይስሃቅ ከኣ ንያእቆብ፣ ወደይ፣ ብሓቂ ንሸኻ ኤሳው እንተ ኼንካ ወይ እንተዘይኼንካ ከረምስሰካ፣ ቅረብ፣ በሎ። ያእቆብ ድማ ናብ ኣቦኡ ይስሃቅ ቀረበ፣ ኣረምሲሱ ኸኣ ድምጹስ ድምጺ ያእቆብ እዩ ኣእዳው ግና ኣእዳው ኤሳው፣ በለ።





ኣቦኡ ይስሃቅ ድማ፣ ወደይ፣ ቀሪብካ ሰዐመኒ፣ በሎ። ቀሪቡ ሰዐሞ፣ ጨና ኸኣ ኣጭንዩ ኸኣ፣ መረቖ።

ኤሳው ድማ፡ ብዛዕባ እቲ ኣቦኡ ዝሀቦ ምርቓ፡ ንያእቆብ ጸልኦ።



ሕልሚ ያእቆብ ኣብ ቤትኤል

ዘፍጥረት 28




ጸሓይ ዓሪባ ነበረት እሞ፡ ኣብ ሓንቲ ቦታ ምስ በጽሔ፡ ኣብኣ ሓደረ። ካብ ኣእማን እታ ቦታ ወሲዱ ድማ፡ ተተርኢስዋ ኣብታ ቦታ ደቀሰ።

ሐለመ ኸአ እሞ እንሆ፡ መሳልል ኣብ ምድሪ ደው ኢሉ፡ ርእሱ ድማ ሰማይ ጠንቂሑ፡ እንሆ ኸኣ፡ መላእኽቲ ኣምላኽ ይድይቡሉን ይወርዱሉን ነበሩ።
እንሆ ድማ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊኡ ደው ኢሉ በሎ፡ እዛ ንሸኻ ኣብ ልዕሊኣ ደቂስካላ ዘሎኻ ምድሪ ንኣኻን ንዘርእኻን ክህባ እየ።
እንሆ ኸኣ፡ ኣነ ምሳኻ እየ፡ ኣብ እትኸደሉ ኹሉ ኽሕልወካ እየ።

ያእቆብ ንልያን ራሄልን ተመርዓወን

ዘፍጥረት 29 - 30



ንያእቆብ ኣኸኡ ላባን ድማ ክልተ ደቂ ነበራኦ፡
ራሄልን ልያን።

ያእቆብ ድማ ንራሄል ፈተዋ እሞ፡ ምእንቲ ራሄል፡ እታ
ንእሽቶ ጓልካ፡ ሾብዓተ ዓመት እግዝኣካ፡ በለ።
ላባን ከኣ፡ ኀሳልእ ሰብኣይ ካብ ዝህባ፡ ንኣኻ ኽህባ
ይሐይሽ፡ ምሳይ ተቐመጥ፡ በሎ።
ያእቆብ ከኣ ምእንቲ ራሄል ሾብዓተ ዓመት ተገዝኤ፡
ንእኣ ብምፍታው ከኣ ከም ሒደት መዓልቲ ኾይነን
ተራእያኦ።



ሽዑ ላባን፣ ኀሡሎም ሰብ እታ ቦታ አኪቡ ምሳሕ ገበረ። ምሸት ምስ ኰነ ድማ ልያ ጓሉ ወሲዱ፣ ናብኡ ኣእተዋ፣ ያእቆብ ድማ ንላባን፣ እንታይ እዩ ዝገብርካኒ፣ ምእንቲ ራሄልዶ ኣይኰንኩን እተገዛእኩኻ፣ ስለምንታይ ደኣ ጠበርካኒ? በሎ።




ላባን ድማ፣ ኣብ ሃገርና ንእሽቶ ቕድሚ እታ ዓኩሪ ምሃብ፣ ከምኡ ኣይግበርን እዩ። ስለ ራሄል ከም ብሓድሽ ምሳይ ካልእ ሸብዓተ ዓመት ተገዛኣኒ፣ ራሄል ድማ ንህበካ፣ በለ።
ያእቆብ ከኣ ከምኡ ገበረ፣ ደሓር ራሄል ጓሉ፣ ሰበይቲ ኽትኰኖ ሀቦ።



ወለል ዝብል ቀምሽ ዮሴፍ

ዘፍጥረት 37

ዮሴፍ፡ ወዲ ኣኣሰርተው ሾብዓተ ዓመት ምስ ኮነ፡ ምስ ኣሕዋቱ ጤለበጊዕ ይጓሲ ነበረ። እስራኤል ንዮሴፍ፡ ወዲ እርግናኡ ነበረ እሞ፡ ሓለፉ ኹሎም ደቁ ይፈትዎ ነበረ። ወለል ዚብል ቀምሽ ከኣ ገበረሉ። እቶም ኣሕዋቱ፡ ኣቦኣም ሓለፉ ኹላቶም ኣሕዋቱ ኸም ዝፈተዎ ርእዮም፡፡ ጸልእዎም፡ ብሰላም ኪዛረብዎ ድማ ኣይከኣሉን።




ሕልሚ ዮሴፍ

ዘፍጥረት 37



ዮሴፍ ከኣ ሕልሚ ሐለመ። ነሕዋቱ ድማ፡ ዝሐለምክዎ ሕልሚ እማ ስምዑ፡
እንሆ፡ ንሕና ኣብ ማእከል ግራት እንዳእቲ ንአስር ነበርና። እንሆ ኸኣ፡ እንዳእተይ ተንሲኣ ትኽ በለት። እንሆ ድማ፡ እንዳእትኹም ንእንዳእተይ ከቢበን ሰገዳላ፡ በሎም።
ሽዑ ኣሕዋቱ፡ እሞ ብሓቂዶ ኣብ ልዕሌና ኽትነግስ፡ ብሓቂዶኸ ኽትገዝኣና ኢኻ? በልዎ። መሊሶም ከኣ ብዛዕባ ሕልምታቱን ዘረባኡን ኣዝዮም ጸልእዎ።

ካልእ ህልሚ ድማ ሐለመ፡ ነሕዋቱ ኽኣ ነገሮም፡ እንሆ
ካልእ ሕልሚ ሐለምኩ፡ እንሆ ድማ፡ ጸሓይን ወርሕን
ዓሰርተው ሓደ ከዋኽብትን ሰገዱለይ በለ።
ነቦኡን ነሕዋቱን ድማ ነገሮም፡ ኣቦኡ ኽኣ ገንሑ፡ እዚ
ዝሐለምካዮ እንታይ ሕልሙ እዩ? ብሓቂዶ ኣነን ኣዴኻን
ኣሕዋትካን መጺእና ኣብ ምድሪ ኽንሰግደልካ ኢና፡ በሎ።
ኣሕዋቱ ኽኣ ቀንኡሉ። ኣቦኡ ግና ነዚ ነገርዚ ኣብ ልቡ
ዐቕሮ ነበረ።




ዮሴፍ ባርያ ኪኸውን ተሸጠ


ዘፍጥረት 37




ኣሕዋቱ ድማ ጤለበጊዕ ኣቦኦም ኪንስዩ ናብ ሴኬም ከዱ።
እስራኤል ከኣ ንዮሴፍ፡ ኣሕዋትካ ደኣ ኣብ ሴኬምዶ
ይንስዩ ኣየለዉን፡ ንዓ ናባታቶም ኪሰደካ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡
እኼኹ በሎ።
ኪድ እሞ፡ እቶም ኣሕዋትካ ደሓን እንተለዉ፡ እተን
ጤለበጊዕውን ደሓን እንተለዋ ርኤ፡ ቃል ድማ ምለሰለይ፡
በሎ። ንሱ ኸኣ ናብ ሴኬም መጸ።

ካብ ርሑቕ ድማ ረአይዎ፡ ገና ኣባታቶም ከይቀረበ ኸኣ፡
ኪቕትልዎ ተታናኸሉ። ንሓድሕዶም ድማ ተባሃሃሉ፡ እቲ
ሓላሚ እንሆ ይመጽእ ኣሎ፡ ሕጂ ኸኣ ንዑ ንቕተሎ፡
ኣብ ሓንቲ ኻብዘን ጕዳንድ ንደርብዮ እሞ፡ ሕሱም
ኣራዊት በሊዕዎ፡ ንበል።




ሮቤል ከኣ እዚ ሰሚዑ ኻብ ኢዶም ኣድሐኖ፣ ነፍሲ
ኣይንቕተል፣ ድማ በለ። ኣብዚ በረኻ ኣብ ዘሎ ጉድጓድ
ደርብይዎ እምበር፣ ደምሲ ኣይትኽዓዉ፣ በሎም። ኮነ ኸኣ፣
ዮሴፍ ናብ ኣሕዋቱ ምስ መጸ፣ ነቲ ተኸዲንዎ ዝነበረ ቀምሽ፣
ቀንጠጥዎ። ወሰዲዶም ድማ ናብ ጉድጓድ ደርበይዎ። ይሁዳ
ድማ ነሕዋቱ፣ ሐውና ቐቲልና ደሙ እንተ ሐባእናስ፣
እንታይ ክንጥቀም ኢና፣ ንዑ ግዳ ኣብዞም
እስማኤላውያን ንሽጦ፣ በሎም።




እቶም ነጋዶ ሰብ ሚድያን ኪሐልፉ ኸለዉ፡ ንዮሴፍ ኣ
ልዒሎም፡ ካብ ጕድጓድ ኣውጽእዎ እሞ፡ ንዮሴፍ ንዕስራ
ሲቃል ብሩር ኣብ እስማኤላውያን ሸጥዎ። ንሳቶም ከኣ
ንዮሴፍ ናብ ግብጺ ወሰድዎ።
ቀምሽ ዮሴፍ ወሲዶም ከኣ ወጠጦ ሐሪዶም ነቲ ቐምሽ
ኣብ ደም ጠለቕዎ።

ነቲ ወለል ዚብል ቀምሽ ሰዲዶም ናብ ኣቦኦም ኣእተውዎ፡
እዚ ረኺብና እሞ፡ ቀምሽ ወድኻ እንተኾይኑ ወይ እንተ
ዘይኮነ፡ እስኪ ኣለልዮ፡ ድማ በሉ።
ኣለልይዎ ኸኣ፡ እዚ ቐምሽ ወደይ እዩ። ሕሱም ኣራዊት
በሊዕዎ፡ ዮሴፍ ብርግጽ ተበሊዑ፡ በለ።
ብዛዕባ ወዱ ድማ ብዙሕ መዓልቲ ሐዘነ።




እቶም ሚድያናውያን ድማ ናብ ግብጺ፡ ናብ
ጶጢፋር፡ በዓል መዋእል ፈርኦን ሓለቓ
ዘብዔኛታት፡ ሸጥዎ።



ኣሕዋት ዮሴፍ ናብ ግብጺ ኸዱ

ዘፍጥረት 42, 45, 47

ኣብ ልዕሊ ኹላ ምድሪ ድማ ጥሜት ኮነ።
ያእቆብ ድማ ኣብ ግብጺ እኽሊ ኸም ዘሎ ረአየ
እሞ፡ ያእቆብ ንደቁ፡ እንሆ፡ እኽሊ ኣብ ግብጺ ኸም
ዚርከብ ሰሚዔ፡ ክንድሕንን ከይንመውትን ከኣ ናብኣ
ወሪድኩም፡ ካብኣ ሸምቱልና፡ በሎም።
እቶም ዓሰርተ ኣሕዋት ዮሴፍ ከኣ እኽሊ ኺሽምቱ፡
ናብ ግብጺ ወረዱ።





ነታ ሃገር ዚእዝዛ ድማ ዮሴፍ ነበረ፡ ኻኹሉ
ህዝቢ እታ ሃገር እኽሊ ዚሸምት ከኣ ነበረ።
ኣሕዋት ዮሴፍ ድማ መጹ፡ ኣብ ቅድሚኡ
ብገጾም ኣብ ምድሪ ተደፍኡ።
ዮሴፍ ከኣ ነሕዋቱ ርእዩ ኣለለዮም፡

ንርእሱ ግና ጓና ኣምሰለሎም፡ ኣበርቲዑ ድማ
ተዛረቦም፡ ካበይ ዝመጻእኩም ኢኹም? ድማ በሎም።
ካብ ምድሪ ኸነኣን እኽሊ ክንሽምት፡ በሉ። ንሶኻትኩም፡
እዛ ሃገር ቃልዕ ምኻና ክትርእዩ መጻእኩም፡ ሰለይቲ
ኢኹም፡ ከኣ በሎም።
ንሳቶም መለሱሉ፡ ኣይፋልናን ጐይታይ፡ ገላዊኻስ
ቀለብ ክሽምቱ ደኣ መጹ፡ ድማ በልዎ።



የሴፍ ድማ ነሕዋቱ፡ ኣነ የሴፍ እየ፡ ኣቦይከ ኽሳዕ ሕጂዶ ብህይወቱ ኣሎ? በሎም። ኣሕዋቱ ድማ ኣብ ቅድሚኡ ሰምበዱ እሞ፡ ኪመልሱሉ ኣይከኣሉን።
የሴፍ ከኣ ነሕዋቱ፡ በጃኹም ናባይ ቅረቡ፡ በሎም። ቀረቡ ድማ። በለ ኸኣ፡ ኣነ ናብ ግብጺ ዝሸጥኩምኒ የሴፍ ሓውኩም እየ።
ኣምላኽ እዩ ህይወት ንምድሓን ቀቅድሜኹም ዝለኣኸኒ እሞ፡ ሕጂ ድማ ናብዚ ስለ ዝሸጥኩምኒ ኣይትጉህዩ፡ ኣይትጨነቹ።



እስራኤላውያን ኣብ ግብጺ ባሮት ኮኑ

ዘጽኣት 1

ዮሴፍን ኩሎም ኣሕዋቱን፡ እቲ ወለዶ ኸኩሉ ኸኣ ሞቱ።
ደቂ እስራኤል ተፋረዩ፡ ሰሰኑ፡ በዝሑ ድማ።





ኣብ ግብጺ ኸኣ ንዮሴፍ ዘይፈልጥ ሓድሽ ንጉስ ተንስኤ።
ንሱ ድማ፣ ንህዝቡ፣ እንሆ፣ ህዝቢ ደቂ እስራኤል ካባና
በዝሑን በርትዑን፣ እምበኣርከ ኸይበዝሑ እሞ፣ ውግእ ምስ
ዚለዐለና፣ ንሳቶም ድማ ምስ ጸላእትና ሓቢሮም ከይዋግኡና
ኻብዛ ሃገርውን ከይወጹ፣ ንዑ ንጣበበሎም፣ በሎም።

ብብርቱዕ ዕዮ ምእንቲ ኼጽብብሎም ከኣ ኣዘዝቲ
ሸሙሎም። ንህይወቶም ድማ ብብርቱዕ ዕዮ፣
ብምጭካን ኣመረርዎም።
ንጉስ ግብጺ ድማ ነተን መሕረስቲ እብራውያን፣
ወዲ እንተ ኾነ ቅተላኡ፣ ጓል እንተ ኾነት ግና
ብህይወታ ትንበር ኢሉ ኣዘዘን።



ጓል ፈርኦን ንሙሴ ረኸበቶ

ዘጽኣት 2

ሓንቲ እስራኤላዊት ሰበይቲ ወዲ ወለደት። ንሱ ጽቡቕ
ቁልዓ ምኸኑ ምስ ረአየት ከኣ፣ ሰለስተ ወርሒ ሐብኣቶ።





ደጊም ምሕባኡ ምስ ሰኣነት፣ ሳጹን ሻምብቆ ወሲዳ
ብቕጥራንን ብዝፍትን ለኸለቐቶ። ነቲ ቁልዓ
ናብኡ ኣእትያ ድማ፣ ኣብ ገምገም ርባ፣ ኣብ
ሰልሰላ ኣንበረቶ።
ምርያም ሓብቱ ድማ እንታይ ከም ዚረኽቦ
ክትፈልጥ፣ ርሕቐ ኢላ ደው በለት።



ጓል ፈርኦን ከኣ ክትሕጸብ ናብ ርባ ወረደት፡ እተን ኣግራዳ ድማ ገምገመ ገምገም እቲ ርባ ይዛወራ ነበራ። ኣብ ማእከል ሰልሰላ ሳጹን ረአየት እሞ፡ ገረዳ ሰዲዳ ኣ ምጽኣቶ። ከፌታ ድማ ኑቲ ሕጻን ረአየቶ፡ እንሆ ኸኣ፡ እቲ ቈልዓ ይበኪ ነበረ። ደንጊጻትሉ ድማ፡ እዚ ኻብ ሕጻናት እብራውያን እዩ፡ በለት።



ሽዑ ምርያም ሓብቱ ንጓል ፈርኦን፡ ካብተን እብራውያን ኣንስቲ ነዚ ሕጻንዚ እተጥብወልኪ መጉዚትዶ ኽጽውዓልኪ ክኸይድ? በለታ።
ጓል ፈርኦን ከኣ፡ ኪዲ በለታ። እታ ጓል ድማ ከደት፡ ነደ እቲ ሕጻን ከኣ ጸውዓታ።

እታ ሰበይቲ ድማ ነቲ ሕጻን ወሲዳ ኣጥበወቶ።
እቲ ሕጻን ከኣ ዐበየ፡ ናብ ጓል ፈርኦንውን ኣምጽኣቶ።
ወዳ ድማ ኾነ። ካብ ማይ ኣውጽኤዮ እየ፡ ኢላ ስሙ
ሙሴ ኣውጽኣትሉ።



ሙሴን እታ እትነድድ ቋጥቋጥን

ዘጽኣት 3, 4

ሙሴ ኣባጊዕ እናኸብከበን ኣብ በረኻ፡ እንከሎ
ብሓዊ እትነድድ ኣሻኹ ቋጥቋጥ ረኣየ፡ እታ
ቋጥቋጥ ግና ኣይተበልዓትን፡





ኣምላኽ ካብ ማእከል እታ ቈጥቋጥ፡ ሙሴ፡
ሙሴ፡ ኢሉ ጸዎየ። ንሱ ድማ፡ እኄኹ፡ በለ።
ሽዑ ኸኣ፡ ናብዚ ኣይትቕረብ፡ እዛ ደው
ኢልካላ ዘሎኻ ቦታ ቅድስቲ ምድሪ እያ
እሞ፡ ኣሳእንካ ኻብ ኣእጋርካ ኣውጽእ፡ በሎ።

እግዚኣብሄር ድማ፡ ጸበባ እቲ ኣብ ግብጺ ዘሎ ህዝበይ ፈሊጠ
እየ እሞ፡ ስቓዮም ኣጸቢቐ ረኤኹ፡ እቲ ብሰሪ መጨነቕቶም
ዜእውይዎ ኸኣ ሰሚዔ ኣለኹ። ስለዚ ኻብ ኢድ ግብጻውያን
ከድሕኖም ወሪደ ኣለኹ፡ እምበኣር ሕጂ ንዓ፡ ንህዝበይ ደቂ
እስራኤል ካብ ግብጺ ኽተውጽኦም፡ ናብ ፈርኦን ክልእኸካ
እየ፡ በለ። ሙሴ ኸኣ ሰበይቱን ደቁን ወሲዱ ኣብ ኣድጊ
ኣወጢሕዎም፡ ናብ ምድሪ ግብጺ ተመልሰ።




ቀዳሞት ሓሙሽተ መዓታት

ዘጽኣት 5-9


ድሕርዚ ድማ ሙሴን ኣሮንን ናብ ፈርኦን ኣትዮም በልዎ፥
እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል፥ ንህዝበይ
ኣብ በረኻ በዓል ኪገብሩለይ፥ ሕደጎም።
ፈርኦን ድማ፥ እቲ ቓሉ ሰሚዔ ንእስራኤል ዝሐድግሲ፥
እግዚኣብሄር መን እዩ? ንእግዚኣብሄር ኣይፈልጥ፥
ንእስራኤል ከኣ ኣይሐድግ፥ በለ።

እግዚኣብሄር ነቲ ኣብ ርባ ዘሎ ማይ ወቐየ። እቲ ኣብ ርባ ዘሎ ኹሉ ማይ ከኣ ናብ ደም ተለወጠ። እቲ ኣብ ርባ ዝነበረ ዓሳ ድማ ሞተ። እቲ ርባውን ጸይኡ። ግብጻውያን ከኣ ካብቲ ርባ ማይ ኪሰትዩ ኣይከኣሉን፣ ኣብ ኩላ ምድሪ ግብጺ ኸኣ ደም ኮነ።

ሙሴ ድማ ንፈርኦን ንህዝበይ ይኺድ ሕደጎ በሎ፣ ፈርኦን ድማ ኣበየ። እግዚኣብሄር ድማ ነታ ምድሪ ብቕርያብ ወቐዓ። ናብ መደቀስን ናብ ዓራትን ድማ ደየባ።




ሽዑ ድማ ፈርኦን ንሙሴን ንኣሮንን ጸዊዑ፣ ካባይን ካብ ህዝበይን ቁርያብ ከርሕቐለይ፣ ንእግዚኣቢሄር ለምኑለይ። ኣነ ኸኣ ነቲ ህዝቢ ብእግዚኣቢሄር ኪስውእ ይኺድ ክሓድጎ እየ፣ በሎም። ሙሴ ድማ ጸለየ። እቲን ቁርያብ ከኣ ሞታ።ፈርኦን ግና ልቡ ኣትረረ፣ ንእስራኤላውያን ኪኸዱ ኣይሓደጎምን።



ሙሴ ድማ ንፈርኦን ንህዝበይ ይኺድ ሕደጎ በሎ፡
ፈርኦን ድማ ኣበየ። እግዚኣብሄር ድማ ደበቕቦቕ ምድሪ
ጻጹት ለወጠ። ናብ ሰብን ናብ ማልን ድማ ጻጹት ኮነ።
ልቢ ፈርኦን ግና ተረረ።





እግዚኣቢሄር ድማ ናብ ቤት ፈርኦንን ናብ ቤት ገላውኡን
ብዙሓት ዕስሌታት ጽንጽያ ኸልቢ ሰደደ። ኩላ ሃገር ግብጺ
ድማ ብጽንጽያ ኸልቢ ተበላሸወት። ፈርኦን ከኣ፡ ንእግዚኣ
ብሄር ኣምላኽኩም ኣብ በረኻ ኽትሰውኡሉ ኽሓድገኩም
እየ። ምእንታይ ድማ ለምኑ፡ በለ። ሙሴ ድማ ጸለየ፡
እቶም ጽንጽያ ኸልቢውን ጠፍኡ።
ፈርኦን ግና ልቡ ኣትረረ።

ሙሴ ድማ ንፈርኦን ንህዝበይ ይኺድ ሕደጎ በሎ፡ ፈርኦን ድማ ኣበየ። እንሆ እግዚኣብሄር መሮር ኣብ ዘለዋ ማል፡ ኣ ፍራስ፡ ኣብ ኣእዱግ፡ ኣብ ኣግማል፡ ኣብ ኣሓን ኣብ ኣባጊዕ ን ብኣዝዩ ብርቱዕ ሕማም ሰደደ። ኩለን ማል ግብጺ ድማ ሞታ፡ ፈርኦን ግና ነቶም ህዝቢ ኣይሰደዶምን።



ኣርባዕተ ተወሰኽቲ መዓታት

ዘጽኣት 9-12

ሙሴ ኸኣ ናብ ሰማይ ኣቢሉ ሓሙኽሽቲ ፋሕ ኣበለ። ኣብ ሰብን ኣብ ማልን ድማ ፎኾፎኾ ዝበለ ሕበጥ ኮነ። ፈርኦን ግና ወለሓደ ኣይገበረን፡ ልቡ ደኣ ኣትረረ።





እግዚኣብሄር ድማ ነጕድን በረድን ሰደደ፣ ሓዊ ኸኣ ናብ ምድሪ ግብጺ ወረደ። እቲ በረድ ከኣ ኣብ ብዘላ ምድሪ ግብጺ ኣብ መሮር ንዘሎ ኹሉ፣ ካብ ሰብ ክሳዕ እንስሳ ወቕዒ፣ እቲ በረድ ድማ ኀሹሉ ብቑሊ ግራት ወቕዒ፣ ኀሹሉ ኣእዋም መሮርውን ሰባበሮ።

ፈርኦን ከኣ ልኢኹ ንሙሴን ኣሮንን ጸዊው፣ ሕጂ ሓጣእኩ። ነጕዲ ኣምላኽን በረድን ኪኣክልሲ፣ ንእግዚኣብሄር ለምኑ፣ ሽው ኽሐድገኩም እየ፣ በሎም። ሙሴ ድማ ኣእዳዉ ናብ እግዚኣ ብሄር ዘርግሐ፣ ነጕድን በረድን ድማ ሓደገ፣ ፈርኦን ግና ነቲ ህዝቢ ኣይሓደጎን።

እግዚኣብሄር ድማ ኣብታ ምድሪ ብኹላ ኣንበጣ ኣምጽኤ። እቲ ኣንበጣ ምድሪ ኽሳዕ እትጽልምት ንገጽ ኩላ ምድሪ ኸደና። ኀኩሉ ብቑሊ ምድርን ነቲ በረድ ዝሐደጎ ኹሉ ፍረ ኦምን ድማ በልያ። ኣብ ኩላ ምድሪ ግብጺ ገለ ለምለም ኣብ ኦም ወይ ኣብ ብቑሊ ግራት ኣይተረፈን። ሽዑ ፈርኦን ንሙሴን ንኣሮንን ቀልጢፉ ጸዊው፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ነዞም ኣንበጣ ከጥፍኣለይ ለምኑ፣ ኀኽትከዱ ድማ ክሓድገኩም እየ በሎም። ሙሴ ድማ ጸለየ፣ ኣንበጣ ድማ ጠፍኡ። ፈርኦን ግና ነቲ ህዝቢ ኪኸይድ ኣይሓደጎን፣ ልቡ ደኣ መሊሱ ኣትረረ።




ሙሴ ድማ ኢዱ ናብ ሰማይ ዘርግሔ፣ ኣብ ኵላ ምድሪ ግብጺ ኽኣ ሰለስተ መዓልቲ ግብ ዝበለ ጸልማት ኮነ። ሰለስተ መዓልቲ ሓደ ነቲ ኻልኣዩ ኣይረኣየን። ፈርኦን ድማ ንሙሴ ጸዊው፣ ኪዱ ንእግዚኣብሄር ኣገልግሉ፣ ኣባጊዕኩምን ኣሓኹምን ጥራይ ይትረፋ። ሙሴ ኽኣ ማልና ድማ፣ ሓንቲ ሸኹና ኽይተረፈት፣ ምሳና ኺኸዳ እየን በሎ። ፈርኦን ድማ ምስዳዶም ኣበየ። እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፣ ናብ ልዕሊ ፈርኦን ገና ሓደ መዓት ክምጽእ እየ። ድሕርቲ ኻብዚ ኽትወጹ ኺሐድገኩም እዩ በሎ።



ናይ መወዳእታ መዓት

ዘጽኣት 12

ሙሴ ድማ ኻኹሎም ዓበይቲ እስራኤል ጸዊው በሎም፣ ነንማይ ቤትኩም ገንሸል ሐሪኹም ውሰዱ እሞ ፋሲጋ ሕረዱ። እቲ ገንሸልውን ዕድሜኡ ሓደ ዓመት ይኹን።



ክመሲ ኸሎ ነቲ ገንሸል ሕረድዎ። ዕትርቲ ስምዕዛ
ውሰዱ፡ ኣብቲ ኣብ ጭሔሎ ዘሎ ደም ከኣ ጥምዕዎ፡
ነቲ ላዕላይ ልዳትን ኘክልቲኡ ቀዋሚ ልዳትን ቡቲ ኣብ
ጭሔሎ ዘሎ ደም ልኸይዎ። እግዚኣብሄር ንግብጻውያን
ኪወቅዕ ኪሐልፍ እዩ እሞ፡ ነቲ ደም ኣብ ላኣላይ
ልዳትን ኣብ ክልቲኡ ቀዋሚ ልዳትን ምስ ረአየ፡
እግዚኣብሄር ነታ ደገ ኺሐልፋ እዩ፡ ነቲ ዜጥፍእ ድማ
ናብ ቤትኩም ኣትዩ ኺወቕዓኩም ኣይሐድጎንን። ደቂ
እስራኤል ድማ ከይዶም ከምኡ ገበሩ።

ፍርቂ ለይቲ ምስ ኮነ፡ እግዚኣብሄር ኻኹሉ ቀኹሪ ሃገር ግብጺ፡ ቐተለ። ምዉት ዜብላ ቤት ኣይነበረትን እሞ፡ ኣብ ግብጺ ብርቱዕ ዋይዋይታ ኾነ።
ፈርኦን ንሙሴን ንኣሮንን ብለይቲ ጸዊው ድማ፡ ንሸኻትኩምን ደቂ እስራኤልን ተንስኡ እሞ ካብ ማእከል ህዝበይ ውጹ በሉም።



እስራኤላውያን ካብ ግብጺ ወጹ

ዘጽኣት 12-13


ኩሎም ሰራዊት እግዚኣብሄር ካብ ምድሪ ግብጺ ወጹ። ደቂ እስራኤል ድማ ብዘይ ቁልዑ ሽዱሽተ ሚሽቲ ሽሕ ዚኣክል ኣጋር ካብ ራዕምሴስ ናብ ሱኮት ተጓዕዙ። እቶም ግብጻውያን ድማ፡ ኹልና ኽንመውት ኢና፡ ኢሎም ነቶም ህዝቢ ኻብታ ሃገር ቀልጢፎም ኬውጽእዎም ሀወኽዎም።
ለይትን መዓልትን ምእንቲ ኺጐዐዙ፡ እግዚኣብሄር ድማ ብመዓልቲ መገዲ ኺመርሖም ብዓንዲ ደበና፡ ብለይቲ ኸኣ ኼብርሃሎም ብዓንዲ ሓዊ ቐቅድሚኦም ይኸይድ ነበረ።



ምስጋር ቀይሕ ባሕሪ

ዘጽኣት 14


ንንጉስ ግብጺ እቲ ህዝቢ ኸም ዝሀደመ ነገርዎ። ልቢ ፈርኦንን ገላዉን ከኣ ብዛዕባ እቲ ህዝቢ ተለወጡ፣ ከይግዝኡናስ ንእስራኤል ብምሕዳግና እንታይ እዩ ዝገበርናዮ? ድማ በሉ። እሞ ሰረገላኡ ኣዳለወ፣ ሽዱሽተ ሚእቲ ሕሩያት ሰረገላታት ግብጽን፣ ኣብ ኩለን ከኣ ተዋጋእቲ ወሰደ። ንእስራኤላውያን ድማ ሰዓብዎም።



ፈርኦን ምስ ቀረበ፣ ደቂ እስራኤል ኣዒንቶም ኣልዐሉ፣ እንሆ ኸኣ፣ ግብጻውያን ደድሕሪኦም ገስገሱ። ደቂ እስራኤል ድማ ኣዝዮም ፈርሁ። ንሙሴ ድማ፣ ንምንታይ እዚ ገበርካና? ኣብ በረኻ ኻብ እንመውት ንግብጻውያን ከነገልግል ይሓሸና እሞ፣ ንግብጻውያን ንገዝኣዮም ሕደገናዶ ኣይበልናን፣ በልዎ።

ሽዑ ሙሴ ነቶም ህዝቢ፣ ኣይትፍርሁ፣፣ ደው በሉ፣ እቲ ምድሓን እግዚኣብሄር ንሎሚ ዚገብረልኩም ርኣዩ። እግዚኣብሄር ኪዋግኣልኩም እዩ እሞ፣ ሀድኡ፣ በሎም።




ሙሴ ድማ ኢዱ ናብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርግሔ።
እግዚኣብሄር ከኣ ነቲ ባሕሪ ለይቲ ብምልእታ
ብብርቱዕ ንፋስ ምብራቕ ኣልጊሱ፣ ነቲ ባሕሪ
ኣንቀጸ። እቲ ማያት ከኣ ተመቓለ።
ደቂ እስራኤል ድማ ቡቲ ንቑጽ ናብ
ማእከል ባሕሪ አተዉ። እቲ ማይ ከኣ
ብየማነ ጸጋሞም ከም መንደቕ ደው በለ።


ግብጻውያን ድማ ኵሎም ኣፍራስ ፈርኦንን
ሰረገላታቱን ፈረሰኛታቱን ደድሕሪኦም
ገስጊሶም፡ ናብ ማእከል ባሕሪ ኣተዉ።
ሙሴ ኸኣ ኢዱ ናብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርግሔ፡
እቲ ባሕሪ ድማ ብጊዜ ጽባሕ በርቲዑ ናብ
ምውሓዙ ተመልሰ፡ ነቶም ደድሕሪኦም ናብ
ባሕሪ ዝኣተዉ፡ ንሰረገላታትን ፈረሰኛታትን
ኸኹሉ ሰራዊት ፈርኦንን ድማ ደፈኖም።
ካባታቶም ሓደ እኳ ኣይተረፈን። ከምኡ
እግዚኣብሄር በታ መዓልቲ እቲኣ ንእስራኤል
ካብ ኢድ ግብጻውያን ኣድሕኖም። እቶም
ህዝቢ ድማ ብእግዚኣብሄርን ብባርያኡ ሙሴን
ኣመኑ።

ማናን ብርኒጎን

ዘጽኣት 16



ኵሎም ደቂ እስራኤል ድማ ንሙሴ ኣጕረምረሙሉ። እቲ ኣብ ጥቓ ቕራዕ ስጋ ኽፍ ኢልና፣ እንጌራ ኽሳዕ እንጸግብ በላዕና። ንሸኻትኩም ነዚ ኹሉ ኣኼባ ብጥሜት ክትቀትሉ ናብ በረኻ ኣውጻእኩምና፣ በልዎም።



እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፣ ምጕርምራም ደቂ እስራኤል ሰሚዔ እየ እሞ፣ ምሸት ስጋ ኽትበልዑ ኢኹም፣ ብጊሓት ከኣ እንጌራ ኽትጸግቡ ኢኹም። ኮነ ኸኣ፣ ንምሸቱ ብርኒጎታት ተላዒለን ነቲ ሰፈር ከደናኦ።



ብጊሓት ድማ እንሆ፡ ኣብ ገጽ እቲ በረኻ ገለ ደቒቕ ከቢብ፡ ከም ኣስሓይታ ዝምድቃቕ፡ ኣብ ምድሪ ነበረ።
ሙሴ ኸኣ፡ እዚ እግዚኣብሄር ክትበልዕዎ ዝሀበኩም እንጌራ እዩ። ደቂ እስራኤል፡ ናብ ወሰን ሃገር ከነኣን ክሳዕ ዚበጽሑ፡ ማና በልዑ።



ሙሴ ኣብ ከረን ሲና


ዘጽኣት 19-20, 24

ደቂ እስራኤል ካብ ምድሪ ግብጺ ኻብ ዚወጹ ኣብ ሳልሰይቲ ወርሒ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ናብ በረኻ ሲና መጹ። እስራኤል ከኣ ኣብኡ ኣብ መንጽር እቲ ከረን ሰፈረ።



ኮነ ኸኣ፡ ነጐድጓን በርቅን ከቢድ ደበናን ናብ ልዕሊ እቲ ከረን ኮነ፡ ኣዝዩ ብርቱዕ ደሃይ መለኸትውን ተሰምዔ። እቲ ኣብ ሰፈር ዝነበረ ኹሉ ተምበድበደ።





ሙሴ ኽኣ ነቲ ህዝቢ ምስ ኣምላኽ ኪራኸብ ካብ ሰፈር ኣውጽኦ። እግዚኣብሄር ከኣ ናብ ልዕሊ ኽኣን ሲና ናብ ርእሲ እቲ ከረን ወረደ። እግዚኣብሄር ንሙሴ ናብ ርእሲ እቲ ከረን ጸውዮ። ሙሴ ኽኣ ደየበ።

እግዚኣብሄር ድማ እዚ ቓላት እዚ ኹሉ ኸምዚ ኢሉ ተዛረበ፡



ሙሴ ድማ ምስ እግዚኣብሄር
40 መዓልትን 40 ለይትን ጸንሐ።

ወርቃዊ ምራኽ

ዘጽኣት 32-34

እቲ ህዝቢ ኸኣ ሙሴ ኻብ ከረን ከይወረደ ኸም ዝደንገየ ምስ ረአየ፡ ናብ ኣሮን ተኣኻበ እሞ፡ ነዚ ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘውጽኣና ሙሴ፡ እቲ ሰብኣይ እንታይ ከም ዝረኸቦ ኣይንፈልጥን ኢና እሞ፡ ተንስእ፡ ቀቅድሜና ዚኸዱ ኣማልኽቲ ግበረልና፡ በልዎ።




ኣሮን ድማ፡ ኣብ ኣእዛን ኣንስትኹምን ኣወዳትኩምን
ኣዋልድኩምን ዘሎ ቐላብቲ ወርቂ ቐንጢጥኩም
ኣምጽኡለይ፡ በሎም። ኩሎም እቶም ህዝቢ ኸኣ ኣብ
ኣእዛኖም ዝነበረ ቐላብቲ ወርቂ ቐንጢጦም ናብ ኣሮን
ኣምጽእዎ። ንሱ ከኣ ካብ ኣእዳዎም ወሲዱ ኣፍሲሱ
ኸኣ ምራኽ ገበሮ። ንሳቶም ድማ፡ ዎ እስራኤል፡
ካብ ምድሪ ግብጺ ዘደየቡኻ ኣማልኽትካ
እዚኣቶም እዮም፡ በሉ። እቶም ህዝቢ ድማ
ኪበልዉን ኪሰትዩን ኮፍ በሉ፡
ኪስሕቑ ኸኣ ተንስኡ።







ሸዑ እግዚኣብሄር ንሙሴ በሎ፡ እዚ
ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘውጻእካዮ ህዝብኻ
በዲሉ እዩ እሞ፡ ኪድ ውረድ።











ሙሴ ድማ ተመልሰ፣ ነተን ክልተ ጽላት ምስክር፣ በዝን በትን እተጻሕፉ፣ ብኽልቲኡ ገጻን ጽሑፋት ዝነበራ ጽላት፣ ኣብ ኢዱ ሒዙ ኻብ ከረን ወረደ። እተን ጽላት ድማ ስራሕ እግዚኣብሄር ነበራ፣ ኮነ ኸኣ፣ ሙሴ ናብ ሰፈር ምስ ቀረበ፣ ነቲ ምራኽን ነቲ ሳዕስዒትን ርእዩ፣ ኩራኡ ነደደ።

ነተን ጽላት ካብ ኢዱ ደርበየን፣ ኣብ እግሪ እቲ ከረን ከኣ ሰበረን። ነቲ ዝገበርዎ ምራኽ ወሲዱ ድማ ብሓዊ ኣንደዶ። ሙሴ ነቶም ህዝቢ፣ ንሸኻትኩም ዓብዱ ሓጢኣት ገበርኩም፣ ሕጂ ከኣ፣ ምናልባሽ ሓጢኣትኩም እንተ ኣተዐረቕኩ፣ ናብ እግዚኣብሄር ክድይብ እየ፣ በሎም።

ማይ ካብቲ ከውሒ

ዘጽኣት 17

ኵሉ እቲ ኣኼባ ደቂ እስራኤል ኣብ ረፊዲም
ሰፈሩ። እቲ ህዝቢ ኸኣ ዚሰትዮ ማይ ኣይነበሮን።
እቶም ህዝቢ ድማ ኣብኡ ማይ ጸሚኦም ንሙሴ፡
ስለምንታይ ኢኻ፡ ንሕናን ደቅናን ማልናን
ብጽምኢ ክንመውት ካብ ግብጺ ዘደይብካና?
ኢሎም ኣጕረምረሙሉ።
ሙሴ ድማ፡ ነዚ ህዝብዚ እንታይ ክገብሮ እየ፡
ብዳርባ እምኒ ኪቐትሉኒ ቕሩብ ተሪፍዎም
ኣሎ፡ ኢሉ ናብ እግዚኣብሄር ኣእወየ።



እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ናብ ቅድሚ ህዝቢ
ሕለፍ እሞ፡ እንሆ ኣብኡ ኣብ ቅድሜኻ ኣብ
ልዕሊ ኸውሒ ሆሬብ ደው ክብል እየ። ኑቲ
ኸውሒ ኸኣ ክትወቕየ ኢኻ፡ ነቶም ህዝቢ ዜስቲ
ማይ ድማ ካብኡ ኺወጽእ እዩ፡ በሎ። ሙሴ
ድማ ኣብ ቅድሚ እቶም ዓበይቲ እስራኤል
ከምኡ ገበረ።

ኣስራዚ ተመን

ዘሁልቅ 21

እቲ ህዝቢ ድማ፡ ኣብዚ እንጌራ የልቦን፡ ማይ ድማ የልቦን፡ ነዚ ፈኵሽ እንጌራ ኽኣ ነፍስና መንያቶ እያ እሞ፡ ኣብ በረኻ ክንመውትከ ስለምንታይ ካብ ግብጺ ኣደየብኩምና? ኢሎም ኣብ ኣምላኽን ኣብ ሙሴን ተዛረቡ። እግዚኣብሄር ከኣ መርዛማት ኣትማን ሰደደ። ነቲ ህዝቢ ድማ ነኽሰዎ፡ ካብ እስራኤል ከኣ ብዙሕ ህዝቢ ሞተ። ሽዑ እቶም ህዝቢ ናብ ሙሴ መጺኦም፡ ኣብ ልዕሊ እግዚኣብሄርን ኣብ ልዕሌኻን ብምዝራብና ሓጢኣት ገበርና፡ ነዞም ኣትማን ከርሕቐልና ንእግዚኣብሄር ለምነልና፡ በሉ። ሙሴ ድማ ምእንቲ እቲ ህዝቢ ለመነ። እግዚኣብሄር ከኣ ንሙሴ ተመን ንኣኻ ግበር፡ ኣብ ባላ ድማ ስቐሎ። ኪኸውን ከኣ እዩ፡ እተነኽሰ ዘበለ ናብኡ እንተ ጠመተ፡ ኪሓዊ እዩ። ሙሴ ኽኣ ካብ ኣስራዚ ተመን ገበረ፡ ኣባ ባላውን ሰቐሎ። ኮነ ኽኣ፡ ገለ ተመን ንሰብ እንተ ነኽሰ፡ ናብቲ ተመን ኣስራዚ ዚጥምት ይሓዊ ነበረ።



ንሽነኣን ምስላይ

ዘሁልቅ 13-14



ሙሴ ምድሪ ኸነኣን ኪስልዩ፣ 12 ሰብኣይ ሰደዶም። በሎም እታ ሃገር ኸመይ ከም ዝኾነት፣ እቲ ኣብኣ ዚነብር ህዝቢውን ሓያል እንተ ኾይኑ ወይ ድኹም፣ እታ ዚነብርዋ ምድሪ ድማ ኸመይ ምኻና፣ እተን ዚነብሩለን ከተማታት ከኣ ከመይ ምኻነን፣ ኣእዋም እንተለዋ ወይ እንተ ዜብላ፣ ርአዩ በሎም።




ንሳቶም ከኣ ደይቦም ነታ ምድሪ ሰለይዋ። ካብኣ ድማ ሓደ ጨንፈር ምስ ሓደ ኣስካል ወይኒ ቐሪጾም፣ ክልተ ኾይኖም ብመሰላ ጾርዎ። ኣብ መወዳእታ ኣርብዓ መዓልቲ ድማ ካብ ምስላይ እታ ምድሪ ተመልሱ።

ዓሰርተ ካብቶም ሰለይቲ፡ እታ ኽንስልያ ዝሐለፍናያ ምድሪ፡ ብሓቂ
ኸኣ ንሳ ጸባን መዓርን እተውሕዝ እያ፡ ፍሬኣ ኸኣ እዚ እዩ።
ኣብታ ሃገር ዚነብር ህዝቢ ግና ሓያል እዩ። ንሳ ነቶም ዚነብርዋ
እትውሕጥ ምድሪ እያ፡ እቶም ኣብኣ ዝርኤናዮም ኩሎም ህዝቢ ኸኣ
ነዋሕቲ ሰባት እዮም። ንሱ ኻባና ዚሕይል
እዩ እሞ፡ ናብቲ ህዝቢ እቲ ኽንድይብ
ኣይንኽእልን ኢና፡ በሉ።


ክልተ ካብቶም ሰለይቲ፡ እያሱን ካሌብን፡ ግና እታ ኽንስልያ
ዝሐለፍናያ ምድሪ ኣዝያ፡ ኣዝያ ጽብቕቲ ምድሪ እያ።
እግዚኣብሄር ከኣ ምሳና እዩ፡ ኣይትፍርህዎም በሉ።

ኩሎም ደቂ እስራኤል ድማ ኣጕረምረሙ፡ ብዘሎ እቲ ኣኼባ
ኽኣ በሉም፡ ኣብ ምድሪ ግብጺ ኽም ሞትና መን ምህበና።
ንሕና ብሴፍ ክንወድቕ፡ ኣንስትናን ደቅናን ከኣ ኪማረኹ፡
ንምንታይ እግዚኣብሄር ናብዛ ምድሪ እዚኣ ኣእተወና?
እግዚኣብሄር ድማ፡ ናብታ ናብኣ ኽናብረኩም ኢለ ኢደይ
ዘልዐልኩላ ምድሪ፡ ብዘይካ ካሌብን እያሱን ንሸኻትኩም
ኣይትኣትዉን። ነቶም ምርኮ ኪኾኑ እዮም ዝበልኩምዎም
ደቅኹም ግና ከእትዎም እየ። ነታ ዝነዐቕክምዋ ምድሪ
ኺፈልጥዋ እዮም።



ምውዳኞ ያሪኮ

እያሱ 5-6



ያሪኮ ድማ ብምኽንያት ደቂ እስራኤል ተዐጽያን
ተሸጕራን ነበረት። ዚወጽእ ኮነ፡ ዚኣቱ ኽኮነ
ኣይነበረን። ኩልኹም ተዋጋእቲ ሰባት ነታ ኽተማ
ኽቢብኩም ዙርዋ።



እያሱ ድማ ነቶም ህዝቢ፡ ሕለፉ እሞ ነታ ኸተማ ዙርዋ፡ በሎም። እቶም ህዝቢ ድማ ነታ ኸተማ ሓንሳእ ዞይሮም፡ ናብ ሰፈረ ተመልሱ። ሹድሽተ መዓልቲ ኸምኡ ገበሩ።



ኮነ ኸኣ፡ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ኣንጊሆም ብወጋሕታ ተንሲኦም፡ ነታ ኸተማ ሾብዓተ ሳዕ ዞርዋ። ኮነ ኸኣ፡ እቶም ካህናት በቲ ሳብዓይ ሳዕ መለኸት ምስ ነፍሑ፡ እያሱ ነቶም ህዝቢ በሎም፡ እግዚኣብሄር ነዛ ኸተማ እዚኣ ሂቡኩም እዩ እሞ፡ ኣውኩዑ። ኮነ ኸኣ፡ እቶም ህዝቢ ደሃይ መለኸት ምስ ሰምዑ፡ ዓው ኢሎም ኣውኽዑ። ሽዑ እቲ መንደቕ ናብ ትሕቲኡ ኣቢሉ ወደቐ። እቲ ህዝቢውን፡ ነፍሲ ወክፍ በቐድሚኡ ደይቡ ናብታ ኸተማ ኣተወ፡ ነታ ኸተማ ድማ ሐዝዋ።

ጊዶዎን ንሚድያናውያን ተዋግኦም

መሳፍንቲ 7

ጊዶዎን፡ እቲ ምስኡ ዝነበረ ኹሉ ህዝቢ ድማ ኣብ ዓይኒ ማይ ሓሮድ ከኣ ሰፈሩ። ሰፈር ሚድያን ድማ ብወገን ሰሜኖም ነበረ። እግዚኣብሄር ንጊዶዎን፡ እዚ ምሳኻ ዘሎ ህዝቢ እምብዛ በዚሑ። እምበኣር ሕጂ ኣብ እዝኒ እቶም ህዝቢ፡ ፈራህን ተሸባርን ዘበለ ይመለስ፡ ካብ ከረን ጊልዓድ ይኺድ፡ ኢልካ ኣውጅ፡ በሎ። ሽዑ ኻብቶም ህዝቢ ዕስራን ክልተን ሽሕ ተመልሱ፡ ዓሰርተ ሽሕ ከኣ ተረፉ።




እግዚኣብሄር ድማ ንጊዶዎን፡ እዚ ህዝቢ ገና ብዙሕ እዩ፡ ሽዑ እያሱ ነቲ ህዝቢ ናብ ማይ ኣውረዶ፡ ቀጽሪ እቶም ብኢዶም ንኣፎም ማይ ዝሰተዩ ኸኣ ሰለስተ ሚእቲ ሰብ ኮኑ። እቶም ዝተረፉ ኹሎም ህዝቢ ገና ማይ ኪሰትዩ፡ ብብርኮም ተምበርኪኾም ደኑ። እግዚኣብሄር ድማ ንጊዶዎን፡ በዞም ብኢዶም ዝሰተዩ ሰለስተ ሚእቲ ሰብኣይ ከድሕነኩም እየ፡ ሚድያናውያን ከኣ ኣብ ኢድካ ኽህበካ እየ። እቲ ህዝቢ ኹሉ ድማ ነፍሲ ወከፍ ነናብ ቦታኡ ይኺድ፡ በሎ።



እያሱ ድማ ነዞም ሰለስተ ሚእቲ ሰብ መለኽትን ጥራዩ ዳነሱን፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ዳነሱውን ፋናታት ሀቦም። በሎም ድማ፡ ንኣይ ርእዩ፡ ከምኡ ኽኣ ግበሩ። ኣብ መጅመርታ ሓለዋ ፍርቂ ለይቲ፡ መለኽት ነፍሑ፡ ነቲ ኣብ ኣእዳዎም ዝነበረ ዳነሱውን ሰበርዎ። ሴፍ እግዚኣብሄርን ጊዴዎንን፡ ኢሎም ድማ ጨደሩ። ነፍሲ ወከፍ ኣብ ሰስፍራኡ ኣብ ዙርያ እቲ ሰፈር ቁሙ። ሽዑ ብዘሎ እቲ ሰራዊት ሚድያን ጮየየ፡ ጨርሑን ሀደሙን ከኣ።





ሲምሶንን ደሊላን

መሳፍንቲ 13, 16

ሲምሶን ንእስራኤላውያን ካብቶም ጸላእቶም፡ ፍልስጥኤማውያን ከናግፎም ተሓርዩ ነበረ። ሲምሶን ደሊላ ዝስማ ሰበይቲ ፈተወ። እቶም ሹማምንቲ ፍልስጥኤማውያን ድማ ናብኣ ደዩቦም፡ ኣሲርና ኽንመልኮስ ከመይ ገርና ኸም እንኽእሎ፡ እቲ ዓብዩ ሓይሉውን ብምንታይ ምኻኑ ኽትርእዩ ሐባብልዮ፡ በልዋ። ደሊላ ድማ ንሲምሶን፡ እዚ ዓብዩ ሓይልኻ ብምንታይ ምኻኑ፡ በጃኻ ንገረኒ፡ በለቶ።



ደሊላ ኸኣ ስሲምሶን፡ ብምታይ ከምእትእሰር፡ በጃኻ ነገረኒ፡ በለቶ። ንሱ ድማ፡ ብሓድሽ ገመድ ኣጽኒያም እንተ ኣሰሩኒ፡ እደክም፡ ከም ማንም ሰብ ከኣ እኸውን፡ በላ። ደሊላ ድማ ሓድሽ ገመድ ወሲዳ ንሲምሶን ብእኡ ኣሰረቶ። ሲምሶን፡ ፍልስጥኤማውያን እነዉ ኣብ ልዕሌኻ፡ በለቶ። ካብ ቀላጽሙ ድማ ከም ፈትሊ በተኾ።



ደሊላ ኸኣ ንሲምሶን፣ ክሳዕ ሕጂ ኣላጊጽካለይ፣ ሓሶት ተዛሪብካኒ ኢኻ፣ ብምንታይ ከም እትእሰር ደኣ ንገረኒ፣ በለቶ። ነቲ ሾብዓተ ሽርበ ርእሰይ ምስ ቅጥኒ እንተ አለምክዮ፣ በላ። ኣብ ሸኻል ኣሲራቶ ድማ፣ ንሲምሶን፣ ፍልስጥኤማውያን እነዉ ኣብ ልዕሌኻ፣ በለቶ። ንሱ ድማ ካብ ድቃሱ ተበራቢሩ፣ ነቲ ሸኻል ማእለማን ነቲ ቕጥንን መንቂሶ።




ኮነ ኸኣ፣ ኩሉ መዓልቲ ብዘረባኣ ላሕ ምስ ኣበለቶን ምስ ኣሰቀየቶን፣ ነፍሱ ክሳዕ ሞት ተጨነቐት።
ኩሉ ልቡ ኸኣ ገለጸላ፣ ናብ ልዕሊ ርእሰይ መላጸ ኣይሓለፈን፣ ስለዚ እንተ ተላጸኹ፣ ሓይለይ ካባይ ይኸይድ፣ እደክም ድማ፣ ከም ኩሉ ሰብ ከኣ እኸውን፣ በላ።



ንሳ ኸኣ ኣብ ኣብራኻ ኣደቀሰቶ፡ ሓደ ሰብኣይ ጸዊዓ ድማ ነቲ ሾብዓተ ሽርበ ርእሱ ኣላጸየት፡ ሓይሉውን ካብኡ ኸደ።

እቶም ፍልስጥኤማውያን ግና ሒዞም ኣዒንቱ ጐጥጐጥዎ። ብመቐውሕ ኣስራዚ ድማ ኣሰርዎ፡ እቲ ጸጉሪ ርእሱ ግና ድሕሪ ምልጻዩ በቐለ።



ኮነ ኸኣ፡ ልቦም ምስ ተሐጐሰ፡ ንሲምሶን ኬስሕቑና ጸውያዎ፡ በሉ። ንሲምሶን ከኣ ካብ ቤት ማእሰርቲ ኣምጽእዎ፡ ኣብ መንጎ ኣዕኑድ ከኣ ደው ኣበልዎ። ሲምሶን ከኣ፡ ዎ ኣዝግዚኣብሄር፡ ዎ ጐይታ፡ በጃኻ ዘክረኒ። ኣታ ኣምላኸይ፡ ንፍልስጥኤማውያን ሓንሳእ ሕነ እዘን ክልቲኤን ዓይነይ ክፈድዮምሲ፡ በጃኻ ነዛ ጊዜ እዚኣ ጥራይ ሓይሊ ህበኒ፡ ኢሉ ናብ እግዚኣብሄር ተማህለለ። ሽዑ ሲምሶን ነቲ ቤት ዝጸረ ኸልተ ዓንዲ ማእከል፡ ነቲ ሓደ ብየማኑ ነቲ ሓደ ኸኣ ብጸጋሙ ሐዞ። ብሓይሊ ኸኣ ተጐበጠ፡ እታ ቤት ድማ ናብ ልዕሊ እቶም ሹማምንትን፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብኡ ዝነበረ ኹሉ ህዝብን ወደቐት።

ናእሚን ሩትን

ሩት 1-4

ኣብታ ሃገር ጥሜት ኮነ፡ ሓደ ሰብኣይ ምስ ሰበይቱን ክልተ ደቁን ካብ ቤት-ልሄም ይሁዳ ኣብ ምድሪ ሞኣብ ኪቕመጥ ከደ።



ዓሰርተ ዓመት ዚአክል ኣብኡ ምስ ተቐመጡ፡ ሰብኣያን ክልተ ደቁን ሞቱ። ናእሚ ድማ በይና ተረፈት።



ኣብ ምድሪ ይሁዳ እንጌራ ከምዘሎውን ሰምዐት፡

ናእሚ ኸኣ ኃኽልቲኤን ኣንስቲ ደቃ፡ ኪዳ፡ ነፍሲ ወከፍክን ነናብ ቤት ኣዴኽን ተመለሳ፡ ኣብ በቤት ሰብኣይክን ዕረፍቲ ኽትረኽባ እግዚኣብሄር ይሀብክን፡ በለተን።



ሓንቲ ካብኣተን ንናእሚ ስዒማ ተፋነወታ።





ሩት ግና፡ ሐዲገኪ ኻባኺ ንድሕሪት ክምለስሲ
ግዲ ኣይትበልኒ፡ ናብ እትኸድዮ እኸይድ ኣብ
እትሐድርዮ ኸኣ እሐድር፡ ህዝብኺ ህዝበይ፡
ኣምላኽኪ ድማ ኣምላኸይ እዩ በለታ።
ናእሚ ድማ ምስ ሩት ካብ ምድሪ ሞኣብ
ተመልሰት።



እግዚኣብሄር ንሳሙኤል ጸውዖ

1 ሳሙኤል 3



ኮነ ኸኣ፡ በታ ጊዜ እቲኣ ኤሊ ኣብ ስፍራኡ
ደቂሱ ኸሎ፡- ምርእይ ክሳዕ ዚስእን ኣዒንቱ
ሓሚቐን ነበራ፡- ሳሙኤልውን ኣብታ ታቦት ኣምላኽ
ዘለዋ መቕደስ እግዚኣብሄር ተገምሲሱ ኸሎ፡ ሸዑ
እግዚኣብሄር ንሳሙኤል ጸውዖ፡ ንሱ ኸኣ፡ እኄኹ፡
በለ። ናብ ኤሊ ጐይዩ ድማ፡ ጸዊዒካኒ ኢኻ እሞ፡
እኄኹ፡ በለ። ንሱ ግና፡ ኣይጸዋዕኩን፡ ተመሊስካ ደኣ
ደቅስ፡ በለ። ከይዱ ኸኣ ደቀሰ።

እግዚኣብሄር ድማ ከም ብሓድሽ ንሳሙኤል ጸውዖ፣ ሳሙኤል ከኣ ተንሲኡ ናብ ኤሊ ኸይዱ፣ ጸዊዕካኒ ኢኻ እሞ እነኹ፣ በለ። ንሱ ግና፣ ወደየ፣ ኣነስ ኣይጸዋዕኩን፣ ተመሊስካ ደቅስ፣ በለ። ሳሙኤል ከኣ ንእግዚኣብሄር ገና ኣይፈለጦን ነበረ። እግዚኣብሄር ድማ መሊሱ ንሳሙኤል ሳልሳይ ሳዕ ጸውዖ። ንሱ ኸኣ ተንሲኡ ናብ ኤሊ ኸይዱ፣ ጸዊዕካኒ ኢኻ እሞ እነኹ፣ በለ፣ ኸዉ ኤሊ፣ ኑቲ ቈልዓ እግዚኣብሄር ከም ዝጸውዖ ኣስተውዓለ። ኤሊ ኸኣ ንሳሙኤል በሎ፣ ኪድ ደኣ ደቅስ፣ ኪኸውን ከኣ እዩ፣ እንተ ጸውዓካ፣ ባርያኻ ይሰምዕ ኣሎ እሞ፣ ዎ እግዚኣ ብሄር፣ ተዛረብ በሎ። ሳሙኤል ኸይዱ ኣብታ ስፍራኡ ደቀሰ።

እግዚኣብሄር ድማ መጸ፡ ደው ኢሉ ኸኣ ከምቲ
ኻልኣ ጊዜታት፡ ሳሙኤል፡ ሳሙኤል፡ ኢሉ
ጸውየ። ሳሙኤል ከኣ፡ ባርያኻ ይሰምዕ ኣሎ
እሞ፡ ተዛረብ፡ በሎ። ሳሙኤል ክዓቢ ኸሎ
ድማ ኣምላኽ ምስኡ ነበረ።



ሳኡል ንጉስ ኮነ

1 ሳሙኤል 10

ሳሙኤል ከኣ ንጉስ ንምምራጽ ኻኹሉም
ነገዳት እስራኤል ኣቕረቦም፡ እቲ ዕጭ ድማ
ኣብ ኣብ መጨረስታ ናብ ሳኡል በጽሐ።
እንተ ደለይዎ ግና፡ ኣይተረኽበን።
መሊሶም ከኣ፡ እቲ ሰብኣይ ናብዚዶ
መጺኡ ኣሎ? ኢሎም ንእግዚኣብሄር
ሐተትዎ። እግዚኣብሄር
ድማ፡ እንሆ፡ ንሱ ኣብ
መንጎ ኣቓሑ ተሐቢኡ
ኣሎ፡ ኢሉ መለሰ።





ጐይዮም ከኣ ካብኡ ኣምጽእዎ፡ ኣብ ማእከል እቲ ህዝቢ ደው ምስ በለ ድማ፡ ንሱኡ እቲ ህዝቢ ኻብ መንኩቡ ንላዕሊ ነውሐ። ሳሙኤል ድማ ንሱኡሎም እቶም ህዝቢ፡ እቲ እግዚኣብሄር ዝሐረዮ፡ ኣብ ኩሉ ህብዚ ኽምኡ ዝበለ ኽም ዜልቦ ርኢኹምዶ? በሎም። ብዘለው እቶም ህዝቢ ኽኣ፡ ንጉስ ህያው ይኹን፡ እናበሉ እልል በሉ።

ሳሙኤል ንዳዊት ቐብኦ

1 ሳሙኤል 16

እግዚኣብሄር ድማ ንሳሙኤል፡ ናብ እሴይ ብዓል ቤት-ልሄም ክልእኸካ፡ ኣብ መንጎ ደቁ ንጉስ ዚኾነኒ ርእየ ኣሎኹ እሞ፡ ቀርንኻ ዘይቲ መሊእካስ ኪድ፡ በሎ።



ኰነ ኸኣ፡ ምስ መጹ፡ ንኤልያብ ርእዩስ፡ እቲ ቐቡእ እግዚኣ ብሄር ብርግጽ ኣብ ቅድሚኡ ኣሎ፡ በለ። እግዚኣብሄር ግና ንሳሙኤል፡ ኣነ ንዒቐዮ እየ እሞ፡ ኣብ ትርኢቱን ኣብ ምንዋሕ ቁመቱን ኣይትጠምት። እግዚኣብሄርሲ ሰብ ከም ዚርእዮ ኣይርእን፡ ሰብ ነቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ዘሎ እዩ ዚርኢ፡ እግዚኣብሄር ግና ልቢ እዩ ዚርኢ፡ በሎ።

እሴይ ድማ ንሾብዓተ ደቁ ናብ ቅድሚ ሳሙኤል ኣሕለፎም። ሳሙኤል ከኣ ንእሴይ፡ እግዚኣብሄር ነዚኣቶም ኣይሓረዮምን፡ በለ። ሳሙኤል ድማ ንእሴይ፡ እዚኣቶም ድዮም ኩሎም እቶም ደቂ? በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ገና እቲ ንእሽቶ ተሪፉ ኣሎ፡ እንሆ ድማ፡ ኣባጊዕ ይሕሉ ኣሎ፡ በለ። ሳሙኤል ከኣ ንእሴይ፡ ንሱ ኽሳዕ ዚመጽእ ኣብ መኣዲ ኽፍ ኣይንብልን ኢና እሞ፡ ልኢኽካ ኣምጽኣዮ፡ በሎ።






ልኢኹ ድማ ኣምጽኦ፣ ንሱ ኸኣ ቀይሕ፣ ጽቡቕ ኣዒንቲ፣ ትርኢቱውን ጽቡቕ ነበረ። እግዚኣብሄር ከኣ፣ ንሱ እዩ እሞ፣ ተንሲእካ ቕብኣዮ፣ በለ። ሽዑ ሳሙኤል ናይ ዘይቲ ቐርኒ ወሲዱ ኣብ ማእከል ኣሕዋቱ ቐብኦ።

ዳዊትን ጎልያድን

1 ሳሙኤል 17

ሳኦልን ሰብ እስራኤልን ድማ ኩቲዶም ምስ ፍልስጥኤማውያን ኪዋግኡ ተሰለፉ። ፍልስጥኤማውያን ነቲ ኸረን ብሓደ ወገኑ ቈሙ፣ እስራኤል ከኣ ነቲ ኸረን፣ ብሓደ ወገኑ ቈሙ፣ ኣብ መንጎኣም ድማ ለሰ ነበረ።



ካብ ሰፈር ፍልስጥኤማውያን ከኣ ጐልያድ
ዝስሙ ብዓል ጋት፡ ሽድሽተ እመትን ስድርን
ዝቕሙቱ፡ ተቓላሲ ሰብኣይ ወጸ።
ንሓድሕድና ክንዋጋእሲ፡ ሓደ ሰብኣይ ሀቡኒ፡
በለ። ሳኦልን ብዘሎ እስራኤልን እዚ ዘረባ
እቲ ፍልስጥኤማዊ ምስ ሰምዑ፡ ኣዝዮም
ፈርሁን ተሸበሩን። እቲ ፍልስጥኤማዊ ድማ
ኣርብዓ መዓልቲ ብጊሓትን ምሸትን ቀሪቡ
ኣብ ቅድሚኦም ይቕውም ነበረ።




እቶም ሰለስተ ዓበይቲ ደቂ እሴይ ደድሕሪ ሳኦል ናብቲ ውግእ ከይዶም ነበሩ። ዳዊት ከኣ ንሱ እቲ ንእሽቶኦም ነበረ። ዳዊት ከኣ ኣባጊዕ ኣቦኡ ኣብ ቤት-ልሄም ኪሕሉ ይመላለስ ነበረ።

እሴይ ከኣ ንወዱ ዳዊት፡ ሓደ ኤፋ ኻብዚ ቈሎ እዚ፡ እዚ ዓሰርተ እንጌራ እዚ ድማ ሒዝካ ቐልጢፍካ ናብ ኣሕዋትካ ናብቲ ሰፈር ኪድ በሎ።




ዳዊት ከኣ ንሳኦል፣ ጊልያኻ ኸይዱ ምስ እዚ ፍልስጥኤማዊ እዚ ኺዋጋእ እዩ፣ በሎ። ሳኦል ድማ ንዳዊት፣ ንሸኻ ገና ቈልዓ ኢኻ፣ በሎ። ዳዊት ከኣ ንሳኦል፣ ጊልያኻ ኣንበሳን ድብን ቀቲሉ እዩ፣ እግዚኣብሄር፣ ንሱ ኻብ ኢድ እዚ ፍልስጥኤማዊ እዚ ኼድሕነኒ እዩ፣ በሎ።





ዳዊት ኸኣ በትሩ ኣብ ኢዱ ሒዙ፣ ካብቲ ርባ ኸኣ ሓሙሽተ ልሙጻት ኣእማን ሒርዩ ናብቲ ኺጓሲ ኸሎ ምስኡ ዝነበረ ቕርባበኻን ማሕፉዳን ኣንበሮ፣ ወንጭፉውን ኣብ ኢዱ ሒዙ ናብት ፍልስጥኤማዊ ኣቢሉ ቐረበ። እቲ ፍልስጥኤማዊ ኸኣ ንዳዊት ተኩሩ ምስ ረኣዮ፣ ንሱ ቐይሕ መልክዔኛ ኰተት ነበረ እሞ፣ ነዐቐ። እቲ ፍልስጥኤማዊ ድማ ንዳዊት፣ ብበትሪ እትመጻንስ፣ ኣነ ኸልቢዶ እየ? በሎ።


ዳዊት ከኣ ነቲ ፍልስጥኤማዊ በሎ፡ ንሸኻ ብሴፍን ብኾናትን ብመዝረቕን ትመጸኒ ኣሎኻ፡ ኣነ ግና ብስም እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ እቲ ንሸኻ እተባጭዎ ዘሎኻ ኣምላኽ ጭፍራ እስራኤል እመጸካ ኣሎኹ። ዳዊት ነቲ ፍልስጥኤማዊ ኺቃባበሎ ናብቲ ሰልፊ ቐልጢፉ ጐየየ። ዳዊት ድማ ኢዱ ናብቲ ቐርባበሻ ኣእትዩ፡ ካብኣ ኸኣ እምኒ ወሲዱ ወንጨፎ፡ ነቲ ፍልስጥኤማዊ ድማ ግንባሩ ኣንሀሎ፡ እታ እምኒ ኸኣ ናብ ግምባሩ ኣተወት፡ ንሱ ድማ ብገጹ ናብ ምድሪ ወደቐ። ፍልስጥኤማውያን ድማ እቲ ጅግናኦም ከም ዝሞተ ምስ ረኣዩ፡ ሀደሙ።



ሰሎሞን ጥበብ ሓተተ

1 ነገስት 3

ዳዊት ዝሞተሉ ግዜ ምስ በጽሐ ድማ፡ ንሰሎሞን ወዱ
ኣንገሶ። እግዚኣብሄር ንሰሎሞን ለይቲ ብሕልሚ ተራእዮ።
ኣምላኽ ከኣ፡ እንታይ ክም ዝህበካ ለምን፡ በሎ። ሰሎሞን
ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽይ፡ ንባርያኻ ኣብ ክንዲ
ኣቦይ ዳዊት ኣንገስካኒ፡ ኣነ ኸኣ መውጽእየይን መእተውየይን
ዘይፈልጥ ንእሽቶ ጐበዝ እየ። እምበኣርሲ ኣብ መንጎ
ጽቡቕን ክፉእን ፈልዩ ንህዝብኻ ምእንቲ ኺፈርድሲ፡ ንባርያኻ
ኣስተውዓሊ ልቢ ሀቦ በለ። ሰሎሞን እዚ ነገር እዚ ስለ
ዝለመነ ድማ፡ ነገሩ ንጐይታ ባህ ኣበሎ። እንሆ፡ ብቕድሚኻ
ኽማኻ ዝበለ ዘይትንስእ፡ ብልህን ኣስተውዓልን ልቢ ሂበካ
ኣሎኹ። ምስኡ ድማ፡ ብኹሉ ዘመንካ ኣብ መንጎ ነገስታት
ከማኻ ዝበለ ዘይርከብ ገይረ ዘይለመንካኒ ሃብትን ክብረትን
ሀብኩኻ በሎ።




ጥበበኛ ፍርዲ


1 ነገስት 3

ሸዑ ኽልተ ኣንስቲ ናብ ንጉስ መጺኤን ኣብ ቅድሚኡ ደው በላ። እታ ሓንቲ ሰበይቲ ኸኣ በለት፣ ዎ ጐይታይ፣ ኣነን እዛ ሰበይቲ እዚኣን ኣብ ሓንቲ ቤት ኢና እንነብር። ኻልቴና ድማ ውሉድ ኣለዉና። ወዲ እዛ ሰበይቲ እዚኣ፣ ኣብ ልዕሊኡ ስለ ዝደቀሰት፣ ለይቲ ሞተ። ፍርቂ ለይቲ ተንሲኣ ኸኣ፣ ገረድካ ደቂሳ ከላ፣ ነቲ ወደይ ካብ ጐድነይ ወሲዳ ኣብ ሕቑፋ ኣደቀሰቶ፣ ነቲ ምዉት ወዲ ግና ኣብ ሕቑፈይ ኣደቀሰቶ። ንግሆ ወደይ ከጥቡ ኢለ እንተ ተንሳእኩ፣ እንሆ ኸኣ፣ ሞይቱ ጸንሑ። ንግሆ ምስ ጠመትክዎ ኸኣ፣ እንሆ፣ እቲ ዝወለድክዎ ወደይ ኣይኮነን።





እታ ኻልኣይቲ ሰበይቲ ኸኣ፣ ኣይፋል፣ እዚ ህያውሲ ወደይ እዩ፣ እቲ ምዉት ከኣ ወድኺ እዩ፣ በለት። በዚ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እቲ ንጉስ ተዛራረባ።




እቲ ንጉስ ድማ፡ ሴፍ እሞ
ኣምጽኡለይ፡ በለ። ናብ
ቅድሚ ንጉስ ድማ፡ ሴፍ
ኣምጽኡ። እቲ ንጉስ ድማ፡
ነዚ ህያው ሕጻን ኣብ ክልተ
ቈሪጽኩም እቲ ፈረቓ ነዛ
ሓንቲ፡ እቲ ፈረቓ ኸኣ ነታ
ሓንቲ ህብወን።
ሸዑ እታ እቲ ህያው ወዲ
ዝነበራ ሰበይቲ፡ ስለ ወዳ
ኣምዑታ ተናወጻ እሞ፡
ነቲ ንጉስ፡ ዎ ጐይታይ፡
እዚ ህያው ሕጻን ንእኣ
ህብዋ እምበር፡ ምቕታልሲ
ኣይትቕተልዎ፡ ኢላ
ተዛረበቶ። እታ ኻልኣይቲ
ግና፡ ንኣይ ወይስ ንኣኺ
ኣይኹን፡ ቀሪጽዎ ደኣ
በለት።
ሸዑ ንጉስ፡ ምቕታልሲ
ኣይትቕተልዎ፡ እዚ ህያው
ሕጻን ነዚኣ ህብዋ፡ ኣዲኣኡ
ንሳ እያ፡ ኢሉ መለሰ።
ነዚ ንጉስ ዝፈረዶ ፍርዲ
ብዘለዉ እስራኤል ሰምዑ።
ፍርዲ ንምፍራድ ጥበብ
ኣምላኽ ኣብኡ ኸም ዘሎ
ረኣዩ እሞ፡ ንንጉስ ፈርህዎ።

ሰሎሞን ቤት መቕደስ ሃነጸ

1 ነገስት 6

እታ ቤት ክትስራሕ ከላ ኸኣ፡ ኣብቲ እቲኳዕተላ ቦታ ብእተዳለወ ኣእማን ተሰርሔት እሞ፡ ክትስራሕ ከላ ሞደሻኾነ ምሳር ኮነ፡ ወይ ዝኾነ ኣቕሓ ሓጺን ኣብታ ቤት ኣይተሰምዔን። ንመንደቕ እታ ቤት ብወገን ውሽጣ ኣጕማን ክፉት ዕምባባን እተቐርጸ ቁድሮስ ገይሩ ኸደኖ። ንብዘሎ እቲ ቤት ብወርቂ ለበጦ፡ ኻኾሉ እቲ መሰውኢ ቤት ራእይውን ብወርቂ ለበጦ። ኣብ ኵሉ መንደቕ እቲ ቤት ብዙርያ ድማ ብውሽጥን ብግዳምን ናይ ቅርጺ ምስልታት ኪሩቤልን ስዮን ክፉት ዕምባባታትን ቀረጸ። ስራሕ ቤት መቕደስ ድማ ተፈጸመ፡ ንሰሎሞን ድማ ነታ ቤት ክፍጽማ ሸብዓተ ዓመት ወሰደሉ።






ኪኸት ንኤልያስ መገብዎ

1 ነገስት 17

ድሕሪ ንጉስ ሰሎሞን፣ ንእስራኤል ብዙሓት
ሕማቕት ነገስታት ገዝእዋ። ጣኦታት ኣምለኹ።
እግዚኣብሄር ድማ ንነብዩ እልያስ ናብ ንጉስ
ኣከኣብ ኸጠንቅቕ ለኣኾ። በሎ ድማ፣ በዘን
ዓመታት እዚኣተን፣ ኣነ ኸይተዛረብኩ፣ ኣውሊ ኾነ
ወይ ዝናም ኣይኪኸውንን እዩ። ሽዑ እግዚኣብሄር
ንነብዩ ኤልያስ፣ ኣብ ርባ ተሓባእ፣ ካብቲ ርባ
ክትሰቲ ኢኻ፣ ኣብኡ ኪምግቡኻ ድማ ንኳኸት
ኣዚዘ ኣለኹ በሎ። ነብዩ ኤልያስ ድማ ከምቲ
እግዚኣብሄር ዝበሎ ኹሉ ገበረ። ከይዱውን ኣብቲ
መንጽር ርባ ከሪት ተቐመጠ። እቶም ኳኸት ድማ
ብጊሓትን ብምሸትን እንጌራን ስጋን የምጽእሉ
ነበሩ፣ ካብቲ ርባ ኸኣ ይሰቲ ነበረ።

ኣብ ሰራጵታ ዘላ መበለት

1 ነገስት 17



ኮነ ድማ፣ ኣብታ ሃገር ዝናም ስለ ዘይዘነመ፣ ድሕሪ ሓያሎ ጊዜ እቲ ርባ ነጸፈ። እግዚኣብሄር ድማ ንነብዩ ኤልያስ፣ ተንስእ እሞ ናብ ሰራጵታ ኺድ። እንሆ፣ ኣብኣ ሓንቲ መበለት ሰበይቲ ኽትምግበካ ኣዚዘ ኣሎኹ፣ በሎ።



ተንሲኡ ድማ ናብ ሰራጵታ ኸደ። ናብ ደገ እታ ኸተማ ምስ መጸ ድማ፣ እንሃ፣ ዕጨይቲ እትኣሪ መበለት ሰበይቲ ኣብኡ ነበረት።

ንእኣ ኸኣ ጸዊዑ፡ በጃኺ፡ ዝሰትዮ ሒደት ማይ በቐሓ ጌርኪ ኣምጽእለይ በላ። ከተምጽእ ኢላ ምስ ከደት ድማ፡ በጃኺ ብኢድኪ ቐራስ እንጌራ ተማልእለይ፡ ኢሉ ጸውዓ። ንሳ ኸኣ፡ ብጅካ ሸልገት ሓርጭ ኣብ ዕትሮ፡ ሕደት ዘይቲ ኣብ መቐርሰሚቶ፡ እንጌራስ የብለይን፡ እኔኹ ኸኣ ክልተ ዕጫይቲ እኣሪ ኣሎኹ፡ ኣትየ ድማ ንኣይን ንወደይን ክንስንክቶ እሞ በሊዕናዮስ ክንመውት ኢና፡ በለት። ኤልያስ ከኣ፡ ኣይትፍርሂ፡ ኪዲ፡ ከምቲ ዝበልክዮ ግበሪ፡ ቅድም ግና ካብኡ ንኣይ ንእሽቶ ቐጫ ሰንኪትኪ ኣምጽእለይ፡ ድሕሪኡ ድማ ንኣኽን ንወድኽን ሰንክቲ። እግዚኣብሄር ይብል ኣሎ እሞ፡ ክሳዕ እታ እግዚኣብሄር ንምድሪ ዝናም ዜዝንመላ መዓልቲ ሓርጭ ካብ ዕትሮ ኣይውዳእን፡ እቲ ዘይቲውን ካብ መቐርሰሚቶ ኣይጐድልን፡ በላ።






ከይዳ ኸኣ ከምቲ ኤልያስ ዝበላ ገበረት።
ንሳን ንሱን ቤታን ድማ ብዙሕ መዓልቲ በልዑ።



ኤልያስ ኣብ ከረን ቀርሜሎስ

1 ነገስት 18

ኣከኣብ ንኤልያስ ምስ ረኸቦ፡ ኤልያስ ንኣከኣብ፡ ንሸኻን ቤት ኣቦኻን ንትእዛዛት እግዚኣብሄር ሓዲግኩም ደደሕሪ በዓል ትስዕቡ ኣለኹም። ሕጂ ኸኣ ንብዘሎ እስራኤልን ነቶም 450 ነብያት በዓልን ልኢኽካ ናብ ከረን ቀርሜሎስ ኣክበለይ በሎ።






ኩሎም ድማ ኣብ ከረን ቀርሜሎስ ተኣከቡ።
ኤልያስ ድማ ንብዘሎ እቲ ህዝቢ ቐሪቡ፥ እግዚኣብሄር
እንተ ኾይኑ ኣምላኽ፥ ደድሕሪኡ ሰዓቡ፥ በዓል እንተ ደኣ
ኾይኑ ኸኣ ንእኡ ስዓቡ በለ። እቶም ህዝቢ ግና ሓንቲ
ቓል ኣይመለሱን። ኤልያስ ድማ በሎም፥ ክልተ ዝራብዓት
ኣምጽኡ፥ ቆራሪጽኩም ከኣ ኣብ ልዕሊ ዕጨይቲ ኣንብርዎ፥



ሓዊ ግና ኣይትእጮዱሉ። ንሸኹም ብስም ኣምላኽኩም
ተማህለሉ፥ ኣነ ኸኣ ብስም እግዚኣብሄር ክምህለል እየ።
እቲ ብሓዊ ምላሽ ዝህብ ኣምላኽ ከኣ፥ ንሱ ኣምላኽ
ይኹን፥ በሎም።

እቶም 450 ነብያት በዓል ድማ፡ ዎ በዓል ምላኽ ሃበና፡ እናበሉ ኻብ ብጊሓት ክሳዕ ፍርቂ መዓልቲ ብስም በዓል ተማህለሉ። ግናኸ ድምጺ ኣይነበረን።




ፍርቂ መዓልቲ ምስ ኮነ ኸኣ፡ ኤልያስ፡ ንሱ ኣምላኽ ኣዩ እሞ፡ ይሓስብ ከይህሉ፡ ወይስ ኣግሊሱ ወይ ገሹ ኸይከውን፡ ምናልባኽ ደቂሱ ኸይህሉ፡ ምእንቲ ኸበራበርሲ፡ ዓው ኢልኩም ደኣ ጨድሩ ኢሉ ኣላገጸሎም።

ዓው ኢሎም ከኣ ጨደሩ፡ ከምቲ ስርዓቶም ከኣ ኣብ ልዕሊኦም ደም ክሳዕ ዚፈስስ፡ ንኣካላቶም በስያፍን ብኾናውትን ተፍተፍዎ። ፍርቂ መዓልቲ ሓለፈ። ግናኸ ድምጺ ኣይነበረን፡ ዜቕልብ ድማ ኣይነበረን።

ግደ ኤልያስ በጽሐ። ኣብ ዙርያ እቲ መሰውኢ ድማ ጕድጓድ ኰዓተ። በለውን፣ ኣርባዕተ ዕትሮ ማይ መሊእኩም ኣብ ልዕሊ እቲ ዝሓርር መስዋእትን ኣብ ልዕሊ እቲ ዕጨይትን ኣፍስሱሉ። እቲ ማይ ኣብ ዙርያ መሰውኢ ክሳብ ዚውሕዝ ሰለስተ ሻብ ኣፍሰሱሉ።





ሽዑ ኤልያስ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ እዞም ህዝቢ ንሸኻ ኣምላኽ ከም ዝኾንካ ኺፈልጡስ፣ ምላሽ ሃበኒ፣ በለ። ሽዑ ሓዊ እግዚኣብሄር ወረደ፣ ነቲ ዝሓርር መስዋእትን ነቲ ዕጨይትን ነቲ ኣእማንን ነቲ ሓመድን ድማ በልዖ፣ ነቲ ኣብ ጕድጓድ ዝነበረ ማይውን ለሓሶ። ብዘለዎ እቶም ህዝቢ ኸኣ ነዚ ምስ ረኣዩ፣ ብገጾም ተደፊኦም፣ እግዚኣብሄር ንሱ እዩ ኣምላኽ በሉ።

ኤልያስ ናብ ሰማይ ዓረገ

1 ነገስት 19, 2 ነገስት 2

ኤልሳእ ደድሕሪ ኤልያ ከይዱ የገልግሎ ነበረ። እናተዘራረቡ ኪኸዱ ኸለዉ፥ እነሆ፥ ሰረገላ ሓውን ኣፍራስ ሓውን፥ ኣብ መንጎኡም መጺኡ ንኽልቲኡም ፈላለዮም። ኤልያስ ድማ ብህቦብላ ንፋስ ናብ ሰማይ ዓረገ። ኤልያስ ከኣ እዚ ርእዩ፥ ኣቦይ፥ ኣቦይ፥ ሰረገላ እስራኤልን ፈረሰኛታቱን፥ ኢሉ ጨደረ። መሊሱ ድማ ኣይረኣዮን።

ንእማን ካብ ለምጺ ሓወየ

2 ነገስት 5






ንእማን፣ ንንጉስ ሶርያ ሐለቓ ሰራዊቱ ነበረ፣ እቲ ሰብኣይ ከኣ ብርቱዕ ጅግና ነበረ፣ ግናኸ ለምጻም ነበረ።

ንእሽቶ እስራኤላዊት ጓል ድማ ኣብ ቅድሚ ሰበይቲ ንእማን ተገልግል ነበረት። ንእመቤታ ኸኣ፣ ጐይታይሲ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ሰማርያ ዘሎ ነብዩ እንተ ዚህሉ፣ ሸዑ ኻብ ለምጹ መሕወዮ ነይሩ፣ በለት።



ንእማን ከኣ ኣትዩ ንጐይታኡ፣ እታ ኻብ ምድሪ እስራኤል ዝመጸት ጓል ከምዝን ከምዝን ኢላ ተዛሪባ፣ ኢሉ ነገሮ። እቲ ንጉስ ሶርያ ድማ፣ እምበኣርሲ ኺድ፣ ኣነ ኸኣ ንንጉስ እስራኤል ደብዳበ ኽሰደሉ እየ፣ በለ።



ንእማን ከኣ በፍራሱን ብሰረገላታቱን መጺኡ፡ ኣብ ኣፍ ደገ ቤት ኤልሳእ ደው በለ። ኤልሳእ ከኣ ናብኡ ልኡኽ ሰዲዱ፡ ናብ ዮርዳኖስ ኪድ እሞ ሾብዓተ ሳዕ ተሐጸብ፡ እቲ ስጋኻ ድማ ጥዕዩ ይምለሰካ፡ ክትጸሪውን ኢኻ፡ በሎ።

212

ንእማን ግና ኰርዩ ኸደ እሞ፡ እንሆ፡ ኣነስ ብርግጽ ወጺኡ፡ ብስም እግዚኣብሄር ኣምላኹ ተማህሊሉ፡ ኑቲ ለምጺ ዘለዎ ስፍራ ብኢዱ ዳህሲሱ ዜሕውየኒ መሲሉኒ ነይሩ።

213

ገላውኡ ግና ቅርብ ኢሎም፡ ኣቦየ፡ እዚ ነብዩ ጽኑዕ ነገር እንተ ዚዛረበካስ፡ ኣይምገበርካዮንዶ? ተሐጸብ እሞ ጽረ፡ እንተ በለካ ግዳ ኸመይ? ኢሎም ተዛረብዎ።



ሽዑ ወሪዱ፡ ከም ዘረባ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ኣብ ዮርዳኖስ ሾብዓተ ሳዕ ጠሐለ፡ ስጋኡ ኸኣ ከም ስጋ ንእሽቶ ቈልዓ ኾይኑ ተመልሶ፡ ጸረየውን።



ሽዑ ንሱ ምስ ብዘለሙ ጭፍራኡ ተመሊሱ፡ ናብቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ መጸ፡ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢሉ ድማ፡ እንሆ፡ ሕጅስ ብኻላ ኣብ እስራኤል ኣብ ብዘላ ምድሪ ኣምላኽ ከምዚልቦ ፈለጥኩ፡ ሕጂ ኸኣ፡ በኻኻ፡ ካብ ጊልያኻ ገጽ በረኽት ተቐበል፡ በለ።

ዮኣስ ንቤት መቕደስ ሓደሰ

2 ዜና መዋእል 24

ዮኣስ ኪነግስ ከሎ፡ ወዲ ሾብዓተ ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳ
ሌም ከኣ ኣርብዓ ዓመት ገዝኤ። ዮኣስ ከኣ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ቅኑዕ ዘበለ ገበረ። ረሲኣን ነቲ ቤት መቕደስ
ኣባላሽዮምዎ ነበሩ እሞ ዮኣስ ከሐድሶ ሓሰበ። ሓደ ሳጹን
ገይሮም ኣብ ወጻኢ፡ ኣብ ጥቓ እቲ ደገ ቤት እግዚኣ
ብሄር ኣቐመጥዎ። ኩሎም ህዝቢ ድማ ተሓጉሶም ገብዘብ
ኣምጽኡ፡ ብዙሕ ገብዘብውን ኣከቡ።





ንጉስ ድማ ነቶም ዕዮ ስራሕ ቤት እግዚኣብሄር ዚዓዩ
ዝነበሩ ሃቦም። ንምሕዳስ ቤት እግዚኣብሄር ድማ ዓየይቲ
ተወሳዓሉ። እቶም ዓየይቲ ኽኣ ይዓዩ ነበሩ፡ ነታ ቤት
ኣምላኽ ከምታ ናይ ቀደማ ጽብቕቲ ገይሮም ኣዓርዮም
ኣጽንዕዋ።


ናይ ዳዊት መዝሙር

መዝሙር 23

እግዚኣብሄር ጓሳይየይ እዩ፡
ዚጐድለኒ የብለይን።
ኣብ ልሙዕ ሸኻ የውዕለኒ፡
ናብ ዝዓርፈሉ ማይ ይመርሓኒ።
ንሱ ንነፍሰይ የህድኣ፡
ምእንቲ ስሙ ኢሉ ብመገዲ ጽድቂ
ይመርሓኒ።
በትርኻን ምርኩስካን የጸናንዓኒ እዩ፡
ንሸኻ ምሳይ ኢኻ እሞ፡
ብርባርባ ድነ ሞት እኳ እንተ ኸድኩ፡
ክፉእ ኣይፈርህን እየ።



ንሸኻ ኣብ ቅድሚ ጸላእተይ መኣዲ ትሰርዓለይ፡
ንርእሰይ ብዘይቲ ትለኽዮ፡
ጽውኣይ ይጅርብብ ኣሎ።
ብሓቂ ሳህልን ምሕረትን ብኹሉ ዕድመይ
ኪስዕባኒ እየን፡
ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ከኣ ንዘልኣለም
ክነብር እየ።



ናይ ኣምልኾ መዝሙር

መዝሙር 100



ኩልኺ ምድሪ፡ ንእግዚኣብሄር ኣልል በልሉ።
ንእግዚኣብሄር ብሓጎስ ተገዝእዎ፡
ኣብ ቅድሚኡ ብእልልታ ምጹ።
እግዚኣብሄርሲ ኣምላኽ ምኻኑ ፍለጡ፡
ንሱ ገበረና፡ ባዕላትና ኣይኮንናን፡
ንሕናስ ህዝቡን ኣባጊዕ መንሴኡን ኢና።
ኣብ ደጌታቱ ብምስጋና፡
ኣብ ኣጽዱውን ብውዳሴ እተዉ፡
ኣመስግንዎ ንስሙ ኸኣ ባርኹ።
እግዚኣብሄር ሰናይ እዩ እሞ፡ ጸጋኡ ንዘለኣለም፡
እምነቱ ኸኣ ንውሉድ ወለዶ ይነብር።

ናይ ምስጋና መዝሙር

መዝሙር 150



ሃሌሉያ፡
ንኣምላኽ ኣብ መቕደሱ ኣመስግንዎ፡
ኣብ ጠፈር ስልጣኑ ኣመስግንዎ።
ስለቲ ግብርታት ሓይሉ ኣመስግንዎ፡
ከም ብዝሒ ዕቤቱ ኣመስግንዎ፡
ብድምጺ መለኸት ኣመስግንዎ፡
ብበገናን መሰንቆን ኣመስግንዎ፡
ብኸበሮን ብሳዕሳዒትን ኣመስግንዎ፡
ብቓና ኣውታርን እምብልታን ኣመስግንዎ፡
ጭልጭል ብዝብል ጸናጽል ኣመስግንዎ፡
ብጥዑም ዝደሃዩ ጸናጽል ኣመስግንዎ፡
ትንፋስ ዘለዎ ኹሉ ንእግዚኣብሄር የመስግኖ።
ሃሌሉያ።


ኻኹሉ ዘዘመኑ ኣለዎ

መክብብ 3

ኻኹሉ ዘዘመኑ ኣለዎ
ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንዘሎ ኹሉ ነገር ከኣ ገጊዱኡ ኣለዎ።
ንምውላድ ጊዜ ኣለዎ፣ ንሙማት ከኣ ጊዜ ኣለዎ።
ንምትካል ጊዜ ኣለዎ፣ ነቲ እተተኽለ ምምንቋስ ድማ
ጊዜ ኣለዎ።
ንምቕታል ጊዜ ኣለዎ፣ ንምሕዋይ ከኣ ጊዜ ኣለዎ።
ንምፍራስ ጊዜ ኣለዎ፣ ንምህናጽ ድማ ጊዜ ኣለዎ።
ንብኽያት ጊዜ ኣለዎ፣ ንሰሓቕ ከኣ ጊዜ ኣለዎ።
ንሓዘን ጊዜ ኣለዎ፣ ንጓይላ ድማ ጊዜ ኣለዎ።
ንምድርባይ ኣእማን ጊዜ ኣለዎ፣ ንምእካብ ኣእማን
ከኣ ጊዜ ኣለዎ። ንምሕቋፍ ጊዜ ኣለዎ፣
ካብ ምሕቋፍ ምፍልላይ ድማ ጊዜ ኣለዎ።
ንምድላይ ጊዜ ኣለዎ፣
ንምጥፋእ ከኣ ጊዜ ኣለዎ።
ንምእርናብ ጊዜ ኣለዎ፣
ንምድርባይ ድማ ጊዜ ኣለዎ
ንምቕዳድ ጊዜ ኣለዎ፣
ንምስፋይ ከኣ ጊዜ ኣለዎ።
ሰኽ ንምባል ጊዜ ኣለዎ፣
ንምዝራብ ድማ ጊዜ ኣለዎ።
ንምፍቓር ጊዜ ኣለዎ፣
ንምጽላእ ከኣ ጊዜ ኣለዎ።
ንውግእ ጊዜ ኣለዎ፣
ንሰላም ድማ ጊዜ ኣለዎ።








ገለ ሰባት ቀሪቦ ንነቡካድነጻር፣ እቶም ኣይሁድ፣ ሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን፣ ነቲ ዘቐምካዮ ምስሊ ወርቂ ኣይሰገድሉን፣ ኢሎም ነገርዎ።

ሽዑ ነቡካድነጻር ኮርዩን ነዲሩን፣ ንሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን፣ ነዚ ምስሊ እንተ ዘይሰገድኩምሉ ብኡብኡ ናብቲ ጕሁር እቶን ሓዊ ክትድርበዩ ኢኹም። እቲ ካብ ኢደይ ዘናግፈኩም ኣምላኽከ መን እዩ? በሎም። ሰለስቲኦም ድማ፣ ዎ ንጉስ፣ እቲ እነምልኾ ኣምላኽ ካብቲ ጕሁር እቶን ሓዊ ኽናግፈና ይኽእል እዩ፣ ኽናግፈና እንተ ዘይፈተወ ግና፣ ንሕና ንኣማልኽትካ ከም ዘይንሰግድ ፍለጥ፣ በልዎ።





ሸዑ ነቡካድነጻር ነቲ እቶን ካብቲ ዝነበሮስ ሾብዓተ ኢድ ዝበለጸ ኸንድድዎ ኣዘዘ። ንሰለስቲኦም ድማ ናብቲ እቶን ደርበይዎም። እቲ እቶን ድማ ኣዝዩ ስለ ዝረሰነ፣ እቲ ሃልሃልታ ሓዊ ነቶም ዝደርበይዎም ወተሃደራት ቀተሎም።

ሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ብእሱራቶም ናብቲ ጉሁር እቶን ሓዊ ወደቑ። ሸዑ ንጉስ ነቡካድነጻር ሰምበደ፣ እነሆ ኣነ ኣርባዕተ ፍቱሓት ሰባት ኣብ ማእከል ሓዊ ክመላለሱ እርኢ እሎኹ፣ ትርኢት እቲ ራብዓይ ድማ ወዲ ኣምላኽ ይመስል፣ በለ።



ድሕርዚ ነቡካድነጻር ናብቲ እቶን ቅርብ ኢሉ፥ ሲድራቅ፥ ሚሳቅ፥ ዓብድ-ኔጎ፥ እቱም ባሮት ልዕል ኣምላኽ፥ ውጹ፥ ናብዚ ንዑ፥ በሎም። ንሳቶም ድማ ካብቲ ሓዊ ወጹ። እቲ ሓዊ ኣብ ስጋኦም ገለ ሓይሊ ኣይነበሮን። ጸጉሪ ርእሶም ኣይቃረየን፥ ክዳውንቶም ኣይተለወጠን፥ አረ ጨና ሓዊ እኳ ኣይሸፍምን።


ነብካድነጻር ከኣ፥ ከምኡ ገይሩ ኼናግፍ ዝእኽእል ካልእ ኣምላኽ ይልቦን እሞ፥ ኣምላኽ ስድራቅን ሚሳቅን ዓብድ-ኔጎን ይባረኽ፥ በለ።



ጽሕፈት ኣብ መንደቕ

ዳንኤል 5


ንጉስ ቤልሻጽር ዓብዩ ምሳሕ ገበረ። ብእኡ ምእንቲ ክሰትዩ ድማ፥ ነቲ ኣቦኡ ነቡካድነጻር ካብ መቕደስ የሩሳሌም ዝወሰዶ ኣቓሑ ወርቅን ብሩርን ኪምጽእዎ ኣዘዘ። እቲ ንጉስን ኣጋይሹን ድማ ብእኡ ገይሮም ወይኒ እናሰተዩ፥ ነቶም ብወርቅን ብሩርን እተሰርሑ ኣማልክቶም ወደሱ።



ኣብቲ ልቕሉቕ መንደቕ ኣዳራሽ ንጉስ፡ ኣጻብዕ ኢድ ወጻን ጸሓፉን። እቲ ንጉስ ድማ ነታ እትጽሕፍ ኢድ ረኣያ። ሽዑ እቲ ንጉስ ገጹ ተለወጠ፡ ሓሳባቱ ኸኣ ኣጨነቕ፡ ኣብራኹውን ንሓድሕዱ ተዋቕዔ። ኩሎም ጠቢባን ንጉስ ድማ፡ ናይቲ ጽሑፍ ትርጓሜኡ ክነግንርዎ ኣይከኣሉን።

ሽዑ ዳንኤል ኣብ ቅድሚ ንጉስ መጸ። ዳንኤል
ከኣ፣ ትርጓሜኡ ነገሮ። ኣምላኽ ንመንግስትኻ ቁጸሮን
ጠረሶን፣ ብሚዛን ተመዚንካ፣ ቀሊልካ ተረኽብካ፣
መንግስትኻ ተመቂላ ንሰብ ሜዶንን ፋርስን ተዋህበት
ማለት እዩ፣ በሎ።







ሽዑ ዳንኤል ቀይሕ ሃሪ ኽደንዎ፡ ኣብ ክሳዱ ኽኣ ድሪ ወርቂ ኣሰሩሉ። ኣብታ መንግስቲ ድማ ገዛኢ ኾነ። በታ ለይቲ እቲኣ ቤልሻጽር ተቐትለ። ዳርዮስ ኽኣ ነታ መንግስቲ ተቐበላ።

ዳንኤል ኣብ ጕድጓድ ኣናብስ

ዳንኤል 6



ዳንኤል ናብ ቤቱ ኸደ። እተን መሻኹቲ ቤቱ ናብ የሩሳሌም ኣቢለን ተኸፊተን ነበራ እሞ ከምቲ ልማዱ፡ ሰለስተ ሳዕ ኣብ መዓልቲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኹ ብብርኩ እናተምበርከኸ ጸለየን ኣመስገነን።

ሸው ገለ ሰባት፣ ናብ ኣምላኹ እንዳጸለየ ረኸብዎ።
ናብ ንጉስ ቀሪቦም ድማ፣ ዎ ንጉስ፣ በዘን ሰላሳ
መዓልቲ እዚኣን፣ ንኣኻ እንተዘይኮይኑ፣ ንዝኾነ
ይኹን ኣምላኽ ዝለመነ ናብ ጕድጓድ ኣናብስ
ኪድርበ፣ ኢልካዶ ኣይኣውጅካን። እቲ ንጉስ ከኣ፣
እዚ ኺልወጥ ዘይከኣል ሕጊ እዩ፣ ኢሉ መለሰ።
ንሳቶም ድማ፣ ዳንኤል ግና ኣብ መዓልቲ ሰለስተ
ሳዕ ልማኖኡ ይልምን ኣሎ በልዎ።



ሽዑ እቲ ንጉስ ኣዘዘ፡ ንዳንኤል ከኣ ኣምጽእዎ፡ ናብ ጕድጓድ ኣናብስውን ደርበይዎ። ንጉስ ድማ ንዳንኤል፡ እቲ ኹሉ ግዜ እተገልግለሎ ኣምላኽካ የናግፍካ፡ በሎ።



እቲ ንጉስ ናብ ኣደራሹ ኸደ፡ ጸሙ ኸኣ ሓደረ፡ ድቃስውን ካብኡ በረረ። ንጽባሒቱ እቲ ንጉስ ኣንጊሁ ተንስኣ፡ ቀልጢፉ ኸኣ ናብቲ ጕድጓድ ኣናብስ ከደ።



ናብቲ ጕድጓድ ምስ ቀረበ፡ ንዳንኤል እናሕነቐነቐ
ጸውየ። ኣታ ዳንኤል፡ እቲ ኹሉ ግዜ እተገልግሎ
ኣምላኽካስ ካብ ኣናብስ ከናፈካዶ ኸኣለ? ኢሉ ተዛረቦ።



ሸው ዳንኤል፡ ዎ ንጉስ፡ ኣምላኸይ መልኣኹ ልኢኹ፡
ኣፍ ኣናብስ ዓጸወ፡ ከቶውን ኣይጐድኡንን፡ ኢሉ
መለሰሉ። ሸው እቲ ንጉስ ኣዝዩ ተሓጐሰ። ንዳንኤል
ካብቲ ጕድጓድ ከውጽእዎ ኸኣ ኣዘዘ።




ዮናስን እቲ ዓቢ ዓሳን

ዮናስ 1-2

እግዚኣብሄር ንዮናስ፡ ተንስእ እሞ ናብ ነነዌ፡ ናብታ ዓባይ ከተማ፡ ኬድካ ሰበኽ በሎ። ዮናስ ግና ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ርሒቹ፡ ናብ ተርሲስ ኪኸይድ ናብ መርከብ ኣተወ።






እግዚኣብሄር ድማ ናብቲ ባሕሪ ህቦብላ ንፋስ ሰደደ፡ እታ መርከብ ክትስበር ክሳዕ እትቐርብ፡ ኣብቲ ባሕሪ ብርቱዕ ማዕበል ኮነ። እቶም ባሕረኛታት ድማ ፈርሁ፡ ነፍሲ ወከፎምውን ነናብ ኣምላኹ ተማህለለ።


ዮናስ ግና ኣብቲ ታሕታይ ክፍሊ እታ መርከብ ከቢድ ድቃስ ደቂሱ ነበረ። እቲ ሓለቓ መርከብ ናብኡ ቐረበ እሞ፡ ኣታ ደቃሲ፡ ተንስእ፡ ምናልባሽ እቲ ኣምላኽ ከይንጠፍእ እንተ ሐሰበናስ፡ ናብ ኣምላኽካ ተማህለል፡ በሎ።






እቲ ባሕሪ ማዕበሉ እናበርትዔ ይኸይድ ነበረ እሞ፡ ንሳቶም፡ ባሕሪ ኺሀድኣልናስ እንታይ ንግበርካ? በልዎ። ንሱ ድማ፡ እዚ ብርቱዕ ማዕበል ብሰረይ ከም ዝበጽሓኩም፡ እፈልጥ ኣሎኹ እሞ፡ ወሲድኩም ናብ ባሕሪ ደርብዩኒ፡ እቲ ባሕሪ ኽኣ ኪሀድኣልኩም እዩ፡ በሎም። እቶም ሰባት ናብ ምድሪ ኺምለሱ ብምቕዛፍ ይጋደሉ ነበሩ፡ ግናኸ እቲ ባሕሪ ማዕበሉ እናበርትዖም ስለ ዝኸደ ኣይኮነሎምን።

ንዮናስ ወሲዶም ድማ ናብ ባሕሪ ደርበይዎ፡ እቲ ባሕሪውን ካብ ምንዋጹ ሀድኤ። እቶም ሰባት ከኣ ንእግዚኣብሄር ኣዝዮም ፈርህዎ።
እግዚኣብሄር ንዮናስ ዚውሕጥ ዓብዪ ዓሳ ኣዳለወ።





ዮናስ ከኣ ኣብ ከብዲ ዓሳ ሰለስተ መዓልትን ሰለስተ ለይትን ገበረ። ዮናስ ኣብ ከብዲ ዓሳ ኾይኑ ናብ እግዚኣ ብሄር ኣምላኹ ጸለየ። እግዚኣብሄር ነቲ ዓሳ ኣዘዞ፡ ንሱውን ንዮናስ ናብ ንቑጽ ምድሪ ተፍኣ።


ሓድሽ
ኪዳን

ማርያምን እቲ መልኣኽን

ሉቃስ 1

ገብርኤል መልኣኽ ናብ ድንግል ማርያም ካብ ኣምላኽ
ተላእከ። ንሳ ንዮሴፍ ዚብሀል ሰብኣይ ካብ ቤት ዳዊት
እተሐጽየት እያ። እቲ መልኣኽ ናብኣ ኣትዩ፡ ኣቲ ምልእቲ
ጸጋ፡ እግዚኣብሄር ምሳኺ እዩ እሞ፡ ባህ ይበልኪ፡ ካብ ኣንስቲ
ብርኽቲ ኢኺ፡ በላ። ንሳ ድማ ረኣየቶ፡ በቲ ዘረባኡ ሰምበደት፡
እዚ ኸምዚ ዝበለ ሰላምታስ እንታይ ኮን ይኸውን፡ ኢላውን
ሐሰበት። እቲ መልኣኽ ከኣ በላ፡ ማርያም፡ ኣብ ቅድሚ
ኣምላኽ ጸጋ ረኺብኪ ኢኺ እሞ፡ ኣይትፍርሂ።
እንሆ፡ ክትጠንሲ ወዲውን ክትወልዲ፡
ስሙ ኸኣ የሱስ ክትሰምይዮ ኢኺ።



ማርያም ድማ ነቲ መልኣኽ፣ እዚኽ፣ ከመይ ኢሉ ኪኸውን እዩ? በለቶ። እቲ መልኣኽ ከኣ መሊሱ፣ መንፈስ ቅዱስ ኪወርደኪ ሓይሊ ልዑልውን ኬጽልለኪ እዩ። ስለዚ ኸኣ እቲ ዚውለድ ቅዱስ፣ ወዲ ኣምላኽ ኪብሀል እዩ። ንኣምላኽ ዚሰኣኖ ነገር የልቦን በላ።



ማርያም ከኣ፣ እሄኹ፣ ኣነ ባርያ እግዚኣብሄር፣ ከምቲ ዘረኾካ ይኹነለይ፣ በለት። እቲ መልኣኽ ድማ ካብኣ ሐለፈ።


የሱስ ተወሊዱ

ሉቃስ 2



ኹሉ ዓለም ኪጸሐፍ፣ ካብ ቄሳር ኣውጉስጦስ ትእዛዝ ወጸ። ሸዑ ነፍሲ ወከፍ ኪጸሐፍ፣ ኩሉ ነናብ ዓዱ ኸደ።

ዮሴፍ ድማ፣ ካብ ቤት ዳዊትን ካብ ዓሌቱን ስለ ዝነበረ፣ ካብ ገሊላ ኻብ ዓዲ ናዝሬት ምስታ ጠኒሳ ዘላ ማርያም ሕጽይቱ ናብ ቤት-ልሄም እትብሃል ዓዲ ዳዊት ናብ ይሁዳ ኺጸሐፍ ደየበ።


ኮነ ድማ፡ ኣብኡ ኸለዉ፡ ጊዜ ሕርሳ በጽሑ።
ሸኹሪ ወዳ ወለደት ብዓለባውን ጠቕለለቶ፡ ኣብቲ
ማሕደር ኣጋይሽ ስፍራ ስለ ዘይነበሮም ድማ፡ ኣብ
መብልዕ ማል ኣደቀሰቶ።

ጓሶትን መላእኽትን

ሉቃስ 2



ኣብታ ምድሪ እቲኣ ብለይቲ ማሎም ኪሕልዉ ኣብ መሮር ዝሐደሩ ጓሶት ነበሩ።

መልኣኽ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ጥቓኦም ደው በለ፣ ክብሪ እግዚኣብሄርውን ኣብ ዙርያኦም ኣብርሄ፣ ብዙሕ ፍርሃት ከኣ ፈርሁ።



እቲ መልኣኽ ድማ፣ እንሆ፣ ሎሚ መድሓኒ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊዱልኩም ስለ ዘሎ፣ - ንሱ ኽኣ ክርስቶስ ጐይታ እዩ፣ - ንኹሉ ህዝቢ ዚኽውን ዓብዪ ሓጐስ ኤበስረኩም ኣሎኹ እሞ፣ ኣይትፍርሁ። ምልክት ድማ እዚ ይኹንኩም፣ ኣብ መብልዕ ማል ብዓለባ እተጠቕለለ ሕጻን ደቂሱ ኽትረኽቡ ኢኹም፣ በሎም።



ብዙሓት ሰራዊት ሰማይ ድማ ብድንገት ምስቲ መልኣኽ ተጸምቢሮም፣ ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ላዕሊ፣ ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ኣብ መንጎ እቶም ስምረት ኣምላኽ ዘለዎም ሰባት፣ እናበሉ ንኣምላኽ ኣመስገኑ።



እቶም መላእኽቲ ሻባታቶም ናብ ሰማይ ምስ ደየቡ፣ እቶም ጓሶት ንዑናይ፣ ናብ ቤት-ልሄም ሻኺድ፣ ተባሃሀሉ።



ቀልጢፎም ከኣ ኸዱ፣ ንማርያምን ንዮሴፍን ነቲ ሕጻን ከኣ ኣብ መብልዕ ማል ደቂሱን ረኸቡ።



እዚ ምስ ረኣዩ፣ ብዛዕባ እቲ ሕጻን እተነግረሎም ነገር ኣውረዩ። ዝሰምዑ ዘበሉ ኹሉም ከኣ ቦቲ እቶም ጓሶት ዝነገርዎም ተገረሙ።

ንየሱስ ናብ ቤት መቕደስ ወሰድዎ


ሉቃስ 2

የሴፍን ማርያምን ኸኣ ንየሱስ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ኬቕሙዎ ናብ የሩሳሌም ወሰድዎ።
እንሆ ድማ፡ ኣብ የሩሳሌም ስምኦን ዚብሀል ሰብኣይ
ነበረ። ነቲ ቕቡእ እግዚኣብሄር ከይረኣዮ፡ ሞት ከም
ዘይርኢ ድማ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ተገሊጹሉ ነበረ።
ብመንፈስ ከኣ ናብ ቤተ መቕደስ መጸ።
ነቲ የሱስ ሕጻን፡ ወለዱ ኸም ልማድ ሕጊ ኺገብሩሉ
ምስ ኣእተውዎ፡ ንሱ ድማ ኣብ ኢዱ ሓቈፎ፡
ንኣምላኽውን ኣመስገነ።



ሃና ድማ፡ ጓል ፈኑኤል፡ ንሳ ኣዝያ ዝኣረገት
ነብዪት ንበርት። ካብ ቤተ መቕደስ ከይወጸት፡
ብጾምን ብጸሎትን ለይትን መዓልትን ንኣምላኽ
ተገልግል ነበረት። ንሳውን ሽዑ ናብ ማርያምን
ዮሴፍን መጺኣ ንኣምላኽ ስለቲ ህጻን ኣመስገነቶ።


ሽዑ ዮሴፍን ማርያምን
ንገሊላ ናብ ናዝሬት ዓዶም
ተመልሱ። እቲ ሕጻን ዐበየ፡
ብመንፈስ ድማ ደልደለ፡
ጥበብ ከኣ መልኣ፡ ጸጋ
ኣምላኽውን ኣብኡ ነበረ።



ሰብ ጥበብ ንየሱስ በጽሕዎ

ማቴዎስ 2

የሱስ ምስ ተወልደ፡ እንሆ፡ ሰብ ጥበብ፡ እቲ እተወልደ ንጉስ ኣይሁድ ኣበይ ኣሎ? ኮኾብ ኣብ ምብራቕ ርኢና እሞ፡ ክንሰግደሉ መጺእና፡ እናበሉ ኻብ ምብራቕ ናብ የሩሳሌም መጹ።





ንጉስ ሄሮድስ ሰሚው ሰምበደ።



ድሕርዚ ሄሮድስ ንሰብ ጥበብ ብሕቡእ ጸውያም፥ ካባታቶም ድማ ዘመን እቲ እተራእዮም ኮኾብ ኣጸቢቑ ተረድኤ።

ናብ ቤት-ልሄም ድማ ሰደዶም፥ ኬድኩም ብዛዕባ እቲ ሕጻን ኣርጊጽኩም መርምሩ። ምስ ረኸብኩምዎ፥ ኣነ ኸኣ መጺኤ ኽሰግደሉ፥ ኣፍልጡኒ፥ በሎም።



ንሳቶም ከኣ ካብ ንጉስ ሰሚያም ከዱ። እንሆ፥ እቲ ኣብ ምብራቕ ዝረኣይዎ ኮኾብ ኣብ ልዕሊ እታ እቲ ሕጻን ዘለዋ ቦታ መጺኡ ደው ክሳዕ ዚብል መርሐም።
ነቲ ኮኾብ ምስ ረኣይዎ፥ ኣዝዩ ብዙሕ ሓጐስ ተሐጐሱ።

ናብ ቤት ኣትዮም፥ ነቲ ሕጻን ምስ ማርያም ኣዲኡ ረኣይዎ፥ ፍግም ኢሎም ድማ ሰገዱሉ። ሳጹኖም ከፊቶም ከኣ ወርቅን ዕጣንን ከርበን ገጽ በረኸቱ ሀብዎ።





ናብ ሄሮድስ ከይምለሱ፣ ብሕልሚ ምስ ተራእዮም ድማ፣
ብካልእ መገዲ ናብ ሃገሮም ተመልሱ።


ህድማ ናብ ግብጺ

ማቴዎስ 2




እቶም ሰብ ጥበብ ምስ ኸዱ፣ እንሆ፣ መልኣኽ
እግዚኣብሄር ንዮሴፍ ብሕልሚ ተራእዮ፣ ሄሮድስ
ነቲ ሕጻን ኪቕትሎ ይደሊ ኣሎ እሞ፣ ተንስእ፣
ነቲ ሕጻንን ነዲኡን ሒዝካ ናብ ግብጺ ህደም፣
ክሳዕ ዝነግረካ ኸኣ ኣብኣ ጽናሕ፣ በሎ።

ተንሲኡ፡ ኑቲ ሕጻንን ነዲኡን ሒዙ፡ ብለይቲ ናብ ግብጺ ኸደ። ሄሮድስ ክሳዕ ዚመውት ድማ ኣብኣ ጸንሑ።



የሱስ፣ እቲ ቐልዓ፣ ኣብ ቤት መቕደስ

ሉቃስ 2



የሱስ ወዲ ዓሰርተው ክልተ ዓመት ምስ ኮነ ኸኣ፣ ከምቲ ስርዓት በዓል ፋሲጋ ናብ የሩሳሌም ደየቡ። እተን መዓልትታት ኣእኪሎም ኪምለሱ ኸለዉ ኸኣ፣ የሱስ፣ እቲ ቐልዓ፣ ኣብ የሩሳሌም ተረፈ። ዮሴፍን ኣዲኡን ግና እዚ ኣይፈለጡን።


ምስ ሰብ መገዲ ዘሎ መሲልዎም፣ መገዲ ሓንቲ መዓልቲ ኸዱ፣ ኣብ ኣዝማዶምን ኣብ ዚፈልጥዎምን ከኣ ደለይዎ። ምስ ሰኣንዎ ኸኣ፣ ኪደልይዎ ናብ የሩሳሌም ተመልሱ።



ኮነ ድማ፡ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ኣብ ቤተ መቕደስ ኣብ ማእከል መምህራን ተቐሚጡ እናሰምየምን እናሐተቶምን ረኸብዎ።
ዝሰምዕዎ ዘበሉ ኹሉ በቲ ምስትውዓሉን ምላሹን ተገረሙ።



ምስ ረኣይዎ ድማ ሰምበዱ። ኣዲኡ ኸኣ፡ በል ወደይ፡ ስለምንታይከ ኸምዚ ገበርካና? እንሆ፡ ኣቦኻን ኣነን እናጉሄና ንደልየካ ኔርና፡ በለቶ። ንሱ ኸኣ፡ ንምንታይሞ እትደልዩኒ? ኣብቲ ናይ ኣቦይ ዘበለ ክሽውን ከም ዚግብኣኒዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም? በሎም። ንሳቶም ግና ነዚ ዝበሎም ዘረባ ኣየስተውዐልዎን።




የሱስ ድማ ምሳታቶም ወሪዱ ናብ ናዝሬት መጸ፡ ይእዘዞምውን ነበረ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰብን ብጥበብን ብቕሙትን ብጸጋን ዐበየ።

ዮሃንስ መጥምቕ

ማቴዎስ 3, ማርቆስ 1



ዮሃንስ ጥምቀት ንስሓ ንሕድገት ሓጢኣት እናሰበኸ፡ ኣብ ኵሉ ወሰነ ወሰን ዮርዳኖስ ዞረ። ንህዝቢ የሩሳሌም ድማ ኣብቲ ርባ ዮርዳኖስ የጥምቐም ነበረ።



ክዳን ዮሃንስ ከኣ ጸጉሪ ገመል፡ ዕጣቕ ሕቑኡውን ፈልቂ ነበረ፡ ኣንበጣን መዓር ሰንካልን ይምገብ ነበረ። ንሱ ኸኣ፡ ካባይ ዚብርትዕ፡ ኣነ ደኒነ ንምፍታሕ ስራኽ ኣሳእኑ ዘይበቕዕ፡ ደድሕረይ ይመጽእ ኣሎ። ኣነ ብማይ ኤጥምቐኩም ኣሎኹ፡ ንሱ ግና ብመንፈስ ቅዱስ ኬጥምቐኩም እዩ፡ እናበለ ሰበኸ።

ዮሃንስ ንየሱስ ኣጥመቕ

ማቴዎስ 3, ሉቃስ 3



የሱስ ድማ ዮሃንስ ምእንቲ ኸጥምቕ ናብ ርባ ዮርዳኖስ መጸ።


የሱስ ምስ ተጠምቀ፣ ብኡብኡ ኻብ ማይ ወጸ። እንሆ ኸኣ፣ ሰማያት ተኸፍተ፣ መንፈስ ኣምላኽ ድማ ከም ርግቢ ወሪዱ፣ ኣብ ርእሱ ኪቕመጥ ረኣየ። እንሆ ድማ፣ ብእኡ ዝሰመርዱ ፍትዊ ወደይ እዚ እዩ፣ ዚብል ድምጺ ኻብ ሰማይ መጸ።



የሱስ ነቶም ቀዳሞት ሃዋርያት ጸወየም

ማቴዎስ 4, ማርቆስ 2

ኣብ ጥቻ ባሕሪ ገሊላ ኺመላለስ ከሎ፣ ክልተ
ኣሕዋት፣ ጴጥሮስ ተብሂሉ ዘሎ ስምኦንን እንድርያስ
ሓውን ገፈፍቲ ዓሳ ነበሩ እሞ፣ መርበቦም ናብ ባሕሪ
ኺድርብዩ ረኣየ። የሱስውን፣ ኣነ ድማ ገፈፍቲ ሰብ
ክገብረኩም እየ፣ ንዑ ስዐቡኒ፣ በሎም።
ብኡብኡ መርበቦም ሓዲጎም ሰዐብዎ።



ካብኡ ሐሊፉ ክልተ ካልኦት ኣሕዋት፡ ያእቆብ ወዲ ዘብዴዎስን ዮሃንስ ሓውን፡ ምስ ዘብዴዎስ ኣቦኦም፡ መርበቦም ኣብ ጃልባ ኼዕርዩ ረኣየ እሞ ጸውዮም።
ንሳቶም ከኣ ነታ ጃልባን ኣቦኦምን ሐዲጎም፡ ብኡብኡ ሰዐብዎ።



የሱስ፡ ማቴዎስ ዚብልዎ ሰብኣይ ኣብቲ በሪ ተጎ ተቐሚጡ ረኣየ እሞ፡ ስዐበኒ፡ በሎ። ተንሲኡ ኸኣ ሰዐቦ።




የሱስ ንማይ ናብ ወይኒ ለወጠ


ዮሃንስ 2

ኣብ ቃና ናይ ገሊላ መርዓ ኸኖ፡ ኣደ የሱስውን ኣብኡ ነበረት። የሱስ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ድማ ናብቲ መርዓ ተዐደመ።



ወይኒ ምስ ተወድኤ፡ ኣደ የሱስ፡ ወይኒ እምበር የብሎምን፡ በለቶ። ኣዲኡ ኸኣ ነቶም ተዓጠቐቲ፡ ንሱ ዚብለኩም ኩሉ ግበሩ፡ በለቶም። ኣብኡ ኸም ስርዓት ምጽራይ ኣይሁድ ሹድሸተ ኣጋንእ እምኒ ተተኺሉ ነበረ፡ የሱስ ከኣ፡ ነዚ ኣጋንእን ማይ ምልእዎ፡ በሎም። ኣፍ ንኣፍ ከኣ መልእዎ።






ሽዑ፡ ሕጂ ቅድሕዎ እሞ ነቦ ዳስ ውሰዱሉ፡ በሎም። ንሳቶም ከኣ ወሰዱ። እቲ ኣቦ ዳስ ግና ነቲ ንወይኒ እተለወጠ ማይ ምስ ጠዐሞ፡ ካበይ ምኻኑ ኣይፈለጠን፡ እቲ ኣቦ ዳስ ነቲ መርዓዊ ጸዊዑ፡ ኩሉ ሰብ ቅድም ጽቡቕ ወይኒ፡ ምስ ሸኸሩ ኸኣ እቲ ሕምቕ ዝበለ ደኣ የቕርብ። ንሸኻ ግና ነቲ ጽቡቕ ወይኒ ኽሳዕ ሕጂ ኣጽናሕካዮ፡ በሎ። የሱስ ነዚ መጅመርታ ተኣምራቱ እዚ ኣብ ቃና ናይ ገሊላ ገበሮ።

ጸሎት

ማቴዎስ 5-6

የሱስ ናብ ከረን ደየበ። ምስ ተቐመጠ ኸኣ፡ ደቀ
መዛሙርቱ ናብኡ ቐረቡ።
ኣፉ ኸፈተ፡ ከምዚ እናበለ ድማ መህሮም፡

ንሸኻትኩምሲ ኸምዚ ኢልኩም ደኣ ጸልዩ፡
ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና፡ ስምካ ይቀደስ።
መንግስትኻ ትምጻእ። ፍቓድካ ኸምቲ ኣብ ሰማይ፡
ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን።
ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ህበና።
ንሕና ንዝበደሉና ኸም ዝሓደግናሎም፡ በደልና
ሕደገልና።
ካብ ክፉእ ኣድሕነና እምበር፡ ናብ ፈተና
ኣይተእትወና። መንግስትን ሓይልን ክብርን
ንዘለኣለም ናትካ እዩ እሞ፡
ኣሜን።



የሱስ ነቲ መጻጉዕ ኣሕወዮ


ማርቆስ 2, ሉቃስ 5



ኮነ ድማ፣ ሓንቲ መዓልቲ የሱስ ኺምህር ከሎ፣ እንሆ፣ ሰባት መጻጉዕ ሰብኣይ ብዓራት ጸይሮም ኣምጽኡ፣ ኣእትዮም ከኣ ኣብ ቅድሚኡ ኼንብርዎ ይደልዩ ነበሩ። ሰብ ስለ ዝበዝሑ፣ ከመይ ገይሮም ከም ዜእትውዎ ጨነቐም።



ናብ ናሕሲ ደየቡ እሞ ጡብ ኣፍሪሶም ምስ ዓራቱ ናብ ማእከል ናብ ቅድሚ የሱስ ኣውረድዎ።





ብኡብኡ ንሱ ኣብ ቅድሚኦም ብድድ ኢሉ፡ ነታ ደቂሱላ
ዝነበረ ዓራት ኣልዒሉ ንኣምላኽ እናኣመስገኖ ናብ ቤቱ
ኸደ። ኩሎም ሰምበዱ ንኣምላኽውን ኣመስገንዎ እሞ፡
ሎምስ ግሩም ነገር ርኢና፡ ኢሎም ፍርሃት መልኦም።

የሱስ ነቲ ማዕበል ኣህደኦ

ማቴዎስ 8, ማርቆስ 4, ሉቃስ 8

ሓንቲ መዓልቲ ድማ ኸኖ፡ ንሱ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ናብ ጃልባ ኣትዩ፡ ንዑናይ፡ ናብቲ ማዕዶ ባሕሪ ንሳገር፡ በሎም፡







ሽዑ የሱስ ተንሲኡ ንንፋስን ንባሕርን ገንሖም። ዓብዩ ህድኣት ከኣ ኾነ።




ንሱ ኸኣ፡ ኣቱም ጕዱላት እምነት፡ ከመይከ እትፈርሁ? በሎም።

እቶም ሰብ ከኣ፡ እዚ፡ ንፋስን ባሕርን ዚእዘዝሉስ፡ መን ኮን ይኸውን? ኢሎም ኣስተንከሩ።

ሞይታ ዝነበረት ጓል ተንሲአት

ማቴዎስ 9, ማርቆስ 5, ሉቃስ 8

መራሕ ቤት ጸሎት መጺኡ፡ ጓለይ ሕጂ ሕጂ ሞተት፡ ግናኸ ንዓ፡ ኢድካ ኣንብረላ እሞ ክትሐዊ፡ እናበለ ሰገደሉ። የሱስ ድማ ተንሲኡ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ሰዐቦ።



የሱስ ናብ ገዛ መራሕ ቤት ጸሎት ምስ መጸ፡ ነፋሕቲ እምብልታን ዋይዋይ ዚብሉ ሰብን ረኣየ፡ እዛ ጓል ደቂሳ ኣላ እምበር፡ ኣይሞተትን እሞ ኣግልሱ፡ በሎም። ንሳቶም ድማ ሰሐቕዎ።



የሱስ፡ ኣቦ እታ ቈልዓን ኣዲኣን እቶም ምስኡ ዘለዉን ሒዙ፡ ናብታ ቈልዓ ዘላቶ ኣተወ። ኢድ እታ ቈልዓ ሒዙ ኸኣ፡ ኣቲ ጓል፡ ተንስኢ፡ እብለኪ ኣሎኹ፡ በላ።





እታ ጓል ድማ ብኡብኡ ተንስኤት፡ ተዛወረት። ኸዉ እቶም ኣብታ ቤት ዝነበሩ ዓብዪ ምግራም ተገረሙ።


የሱስ ን5,000 መገበ

ማቴዎስ 14, ማርቆስ 6, ሉቃስ 9, ዮሃንስ 6


የሱስ ብዙሕ ህዝቢ ረኣየ እሞ ደንገጸሎም፡
ሕሙማቶምውን ኣሕወየ።



ምስ መሰየ፡ ደቀ መዛሙርቱ ናብኡ ቐሪቦም፡ እዛ ቦታ
እዚኣ በረኻ እያ፡ ምድሪ ኸኣ መስዩ እዩ። እምብኣርሲ
እዞም ሰብ ናብ ዓድታት ኣትዮም፡ ንርእሶም እንጌራ
ኺዕድጉ ኣሳናብቶም፡ በልዎ። የሱስ ግና፡ ምኻድ
ኣየድልዮምን፡ ኪበልዉ ንሶኻትኩም ሀብዎም፡ በሎም።




ካብቶም ደቀ መዛሙርቱስ ሓደ ኸኣ፣



ሓሙሽተ ጐጎ ስገምን ክልተ ዓሳን ዘለዎ ቈልዓ ኣብዚ ኣሎ። እዚኣተን ግና ንኽንድዚ ዚኣክል ሰብ እንታይ ይጠቕሞ? በሎ።

ኣብታ ቦታ እቲኣ ኸኣ ብዙሕ ሳዕሪ ነበረ። ሽዑ ተቐመጡ፣ ኣስታት ሓሙሽተ ሽሕ ሰብኣይ ዚኣኽሉ ነበሩ። የሱስ ነተን ጐጎታት ኣልዒሉ፣ ኣመስገነ። እቶም ሃዋርያት ድማ ነቶም እተቐመጡ ሃብዎም።






ምስ ጸገቡ ድማ፣ የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ፣ ዝተረፈ
ቼረርስ፣ ሓንቲ እኳ ኸይትጠፍእ፣ ኣክብዎ፣ በሎም።

ስለዚ ኣክብዎ፣ ተረፍ እቶም ዝበልዑ
ኻብተን ሓሙሽተ ጐጎ ስገም ዓሰርተው
ክልተ መሶብ ቼረርስ መልኡ። እቶም
ዝበልዑ ድማ፣ ቁልዓ ሰበይቲ ገዲፍካ
ኣስታት 5,000 ሰብኣይ ነበሩ።




የሱስ ኣብ ልዕሊ ማይ ከደ

ማቴዎስ 14, ማርቆስ 6, ዮሃንስ 6



የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ናብ ጃልባ ኺኣትዉ እሞ፡ ነቶም ሰብ ክሳዕ ዜሳናብቶም፡ ናብ ማዕዶ ኪቕድምዎ፡ ብግዲ በሎም። ነቶም ሰብ ኣሳናቢቱ፡ ኪጽሊ ናብ ብሕት ዝበለ ኸረን ደየበ።



ምድሪ ምስ መሰየ፡ እታ ጃልባ ኣብ ምእከል ባሕሪ ነበረት፡ ንሱ ድማ በይኑ ኣብ ምድሪ ነበረ። ንፋስ ብቕድሚኡም ነበረ እሞ፡ ኪሽዱ ኸለዉ ብማዕበል ኪጭነቑ ረኣዮም።

የሱስ ባሕሪ ባሕሪ እናኸደ መጸም። እቶም ደቀ መዛሙርቲ፡ ባሕረ ባሕሪ ኪኸይድ ምስ ረኣይዎ፡ ምትሃት እዩ፡ ኢሎም ሰምበዱ፡ ፈሪሆም ከኣ ጨርሑ።



ግናኸ የሱስ ብኡብኡ፡ ኣጆኩም፡ ኣነ እየ፡ ኣይትፍርሁ፡ ኢሉ ተዛረቦም።



ጴጥሮስ መሊሱ፡ ጐይታይ፡ ንሸኻ እንተ ኾንክሳ፡ ብማየ ማይ ናባኻ ክመጽእ ኣዝዘኒ፡ በሎ።



የሱስ ኸኣ፡ ንዓ፡ በሎ።



ሽዑ ጴጥሮስ ካብ ጃልባ ወሪዱ፡ ብማየ ማይ እናኸደ፡ ናብ የሱስ መጸ።




ብርቱዕ ንፋስ ምስ ረኣየ ግና፡ ፈርሄ።



ኪጥሕል ምስ ጀመረ ድማ፡ ጐይታይ፡ ኣድሕነኒ፡ ኢሉ ኣእወየ።



ሽዑ የሱስ ኢዱ ዘርጊሑ ሐዞ።



ናብ ጃልባ ምስ ኣተዉ፡ እቲ ንፋስ ዝግ በለ።



እቶም ኣብ ጃልባ ዝነበሩ ኸኣ፡ ንሸኻ ብሓቂ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ፡ እናበሉ ሰገዱሉ።



ዛንታ እቲ ርሕሩሕ ሳምራዊ


ሉቃስ 10

ሓደ ሰብኣይ ካብ የሩሳሌም ናብ ያሪኮ ኺወርድ ከሎ፣ ኣብ ኢድ ከተርቲ ወደቐ።



ገፈፍዎን ከትከትዎን፣ ዳርጋ ምውት ገይሮም ከኣ ገዲፎምዎ ኸዱ።

ኮነ ኸኣ፣ ሓደ ኻህን በታ መገዲ እቲኣ ኺወርድ ከሎ፣ ርእይዎ ሐለፈ።




ከምኡ ድማ ሓደ ሌዋዊ ኣብታ ቦታ ምስ በጽሐ፣ እናረኣዮ ሐለፈ።



ሓደ ሳምራዊ ሓላፍ መገዲ ግና ናብኡ መጸ፣ ምስ ረኣዮ ኽኣ ደንገጸሉ። ናብኡ ቐሪቡ ኣቕሳሉ ሰፈፈሉ፣ ዘይትን ወይንን ከኣ ኣፍሰሰሉ፣ ኣብ ኣድጉ ኣወጢሑውን ናብ ማሕደር ኣጋይሽ ወሲዱ ኣለዮ።




ንጽብሒቱ ድማ ክልተ ዲናር ኣውጺኡ፣ ነቲ ሓላው ማሕደር ኣጋይሽ ሀቦ እሞ፣ ተኽናኸኖ፣ ንእኡ ኢልካ ዘጥፋእካዮ ዘበለ ምስ ተመለስኩ ኽፈድየካ እየ፣ በሎ።



ነቲ ኣብ ኢድ ከተርቲ
ዝወደቐስ ካብዞም ሰለስተ፡
ብጻይ ዝኾኖ ኣየናዮም
እዩ ዝመስለኩም? ኢሉ
ነቶም ዝሰምዑ ዝነበሩ የሱስ
ሓተቶም።
ንሳቶም ድማ፡ እቲ ምሕረት
ዝገበረሉ፡ በሉ። የሱስ ከኣ፡
ኪዱ፡ ንሸኻትኩምውን ከምኡ
ግበሩ፡ በሎም።


የሱስ ንማርታን ንማርያምን በጽሐን


ሉቃስ 10



ኪኸዱ ኸለዉ ድማ ኼነ፡ የሱስ ናብ ሓንቲ ዓዲ ኣተወ።
ማርታ ዝስማ ሓንቲ ሰበይቲ ኸኣ ኣብ ቤታ ተቐበለቶ።

ንማርታ ድማ ማርያም እትብሀል ሓብቲ ነበረታ። ንሳ ኸኣ ዘረባኡ ኽትሰምዕ ኣብ ጥቓ እግሪ የሱስ ተቐሚጣ ነበረት።





ማርታ ግና ብብዙሕ ምግልጋል ትጽዕር፡ ነበረት፡

ማርታ ኸኣ፡ ጐይታይ፡ ሓብተይ ሓዲጋትኒ በይነይ ከገልግልዶ ግዲ የብልካን ኢኻ? እምብኣርከ ክትድግፈኒ ንገራ፡ በለቶ።



የሱስ ድማ፡ ማርታ፡ ማርታ፡ ብብዙሕ ነገር ትጭነቕን ትጉህይን ኣሎኺ። እቲ ዜድሊ ግና ሓደ ጥራይ እዩ። ማርያምሲ ካብኣ ዘይውሰድ ጽቡቕ ግደ ሐርያ ኣላ፡ ኢሉ መለሰላ።



ኣልኣዛር ካብ ሞት ተንስአ

ዮሃንስ 11

ኣልኣዛር ዝስሙ ሕሙም ሰብኣይ ነበረ። ኣሕዋቱ፡ ማርያምን ማርታን ድማ ጐይታይ፡ እቲ እተፍቅሮስ እንሆ፡ ሓሚሙ ኣሎ፡ ኢለን ናብ የሱስ ለኣኻ።





የሱስ ንማርታን ንሓብታን ንኣልኣዛርን የፍቅሮም ነበረ። ምሕማሙ ምስ ሰምዔ፡ ኣብታ ዘለዋ ስፍራ ክልተ መዓልቲ ወዐለ። ድሕርዚ ንደቀ መዛሙርቱ፡ ደጊም ንዑናይ፡ ናብ ምድሪ ይሁዳ ንኺድ፡ በሎም።




ሸዑ የሱስ ምስ መጸ፡ ኣልኣዛር ካብ ዝቕበር ኣርባዕተ መዓልቲ ገይሩ ረኸቦ። ካብ ኣይሁድ ድማ ብዙሓት ብዛዕባ ሓወን ኬጸናንዕወን፡ ናብ ማርያምን ማርታን መጺኦም ነበሩ። ሸዑ የሱስ፡ ኣበይ ኣንቢርኩምዎ? በለ። ንሳቶም፡ ጐይታይ፡ ንዓ እሞ ርኤ፡ በልዎ። የሱስ ነብዔ። ስለዚ ኣይሁድ፡ እስኪ ርኣዩ፡ ክንደይ የፍቅሮ ነይሩ፡ በሉ።

የሱስ ናብቲ መቓብር መጸ፣ እዚ ግና ብእምኒ እተዐጽወ በዓቲ እዩ፣ የሱስ፣ ነዚ እምኒ ኣልዕልዎ፣ በሎም።


ማርታ ሓብቲ እቲ ምዉት ከኣ፣ ጐይታይ፣ ራብዕቲ ግይሩ እዩ እሞ፣ ፈጺሙ ጨንዩ እዩ፣ በለቶ።

የሱስ፣ እንተ ትኣምንስ፣ ክብሪ ኣምላኽ ምርኤኺዶ ኣይበልኩኽን? በላ።

ድሕርዚ ነቲ እምኒ ኣልዐልዎ።



የሱስ ኸኣ ኣልኣዛር ንዓ፡ ናብ ወጻኢ ውጻእ፡ ኢሉ ብዓብዩ ድምጺ ጨደረ። እቲ ምውት ብግኑዙ፡ ኣእዳውን ኣእጋሩን ብእሱሩ ገዱውን ብመኣረምያ ተጐንጒኑ ኸሎ ወጸ። የሱስ ድማ፡ ፍትሕዎ እሞ ይኺድ ሕደግዎ፡ በሎም።
ሽዑ ኻብ ኣይሁድ ብዙሓት ናብ ማርያም ዝመጹ፡ ነቲ ንሱ ዝገበሮ ርእዮም ብእኡ ኣመኑ።




ምስላ ጥፍኢቲ በጊዕ

ሉቃስ 15

የሱስ እዚ ምስላ እዚ መሰለሎም፥
ከምዚ ኢሉ፥
ካላኻትኩምከ ሚእቲ ኣባጊዕ ዘለዋኦ እሞ
ካባታተን ሓንቲ እንተ ጠፍኣቶስ፥ ነተን
ተስዓን ትሽዓተን ኣብ በረኻ ዘይሐድግ፥ ክሳዕ
ዚረኽባውን ነታ ዝጠፍኤት ኪደሊ ዘይከይድ
እንታዋይ ሰብኣይ እዩ?
ምስ ረኸባ ኸኣ፥ እናተሐጐሰ ኣብ መንኩቡ
ይሕንግራ።



ናብ ቤቱ ምስ ተመልሰ ድማ፥ ነዕሩኹን
ንጐረባብቱን ብሓደ ጸዊዑ፥ ነታ ዝጠፍኣትኒ
በጊዔይ ረኺበያ እሞ፥ ምሳይ ተሐጐሱ፥
ይብሎም።
ከምኡ ኸኣ ንስሓ ኻብ ዘይደልዩ 99 ጻድቃንሲ፥
ብሓደ ዚንሳሕ ሓጥእ ኣብ ሰማይ ሓጐስ
ኪኸውን እዩ፥ እብለኩም ኣለኹ።



ምስላ ዝጠፍአት ድሪም

ሉቃስ 15

የሱስ እዚ ምስላ እዚ ነገሮም፡
ኣየንይቲ ሰበይቲ እያ፡ ዓሰርተ ድሪም ዘለዋ፡ ሓንቲ
ድሪም እንተ ጠፍኣታ፡ መብራህቲ ዘይተብርህ ቤታውን
ዘይትኹስትር፡ ክሳዕ እትረኽባ ኸኣ ኣጸቢቓ ዘይትደሊ?



ምስ ረኸበታ ድማ፡ እታ
ዝጠፍኣትኒ ድሪመይ ረኺበያ
እሞ፡ ምሳይ ተሐጕሳ፡ ኢላ
ነዳኖታታን ንጐረባብታን
ትጽውዓን።
ከምኡ ድማ ብሓደ ዚንሳሕ
ሓጥእ ኣብ ቅድሚ መላእኽቲ
ኣምላኽ ሓጕስ ይኸውን እዩ፡
እብለኩም ኣለኹ።




ምስላ ጥፉእ ወዲ
ሉቃስ 15

የሱስ እዚ ምስላ እዚ ነገሮም፥
ንሓደ ሰብኣይ ክልተ ደቂ ነበርዎ።
እቲ ንእሽቶ ኸኣ ነቦኡ፥ ኣቦይ፥ ካብዚ
ጥሪት እቲ ዚበጽሓኒ ግደ ሀበኒ፥ በሎ።
ነቲ ገንዘቡ ኸኣ መቐሎም።




ድሕሪ ሒደት መዓልቲ ኸኣ እቲ ንእሽቶ ወዲ
ዘለዎ ኹሉ ኣኪቡ፥ ናብ ካልእ ርሑቕ ሃገር ከደ።
ኣብኡ ድማ ነቲ ጥሪቱ ብቕለትን ዕብዳንን ዘረዎ።



ዘለዎ ዘበለ ምስ ወድኤ፡ ከይዱ ምስ ሓደ ኻብ ደቂ እታ
ሃገር እቲኣ ሓሰማታት ኪጓሲ ተዋዓዐለ፡ ናብ ምድሩ
ሰደዶ። ካብቲ ሓሰማታት ዚኾለባእ ጅርፍ ከብዱ ኺመልእ
ከኣ ሃረር ይብል ነበረ፡ ዚህቦ ግና ሓደ እኳ ኣይረኸበን።



ሽዑ ናብ ልቡ ተመሊሱ በለ፡ እንጌራ ዚተርፎም ግዙኣት
ኣቦይ ክንደይ እዮም። ኣነ ግና ኣብዚ ብጥሜት እመውት
ኣለኹ። ተንሲኡ ኸኣ ናብ ኣቦኡ ኸደ።




ኣቦኡ ድማ ገና ርሑቕ ከሎ ረኣዮ
እሞ ደንገጸሉ፣ ጐይዩ ኸኣ ብኽሳዱ
ሐኒቑ ሰዐሞ።



እቲ ወዲ ድማ፣ ኣቦይ፣ ንሰማይን ኣብ
ቅድሜኻን ሓጢኣት ገበርኩ፣ ደጊምሲ
ወድኻ ክብሀል ኣይበቅዕን እየ፣ በሎ።

ኣቦኡ ግና ንባሮቱ፣ ብሉጽ ክዳን
ኣምጺእኩም ክደንዎ፣ ቀለቤት ኣብ ኣጻብዑ፣
ኣሳእንውን ኣብ ኣእጋሩ ኣእትዉሉ።
እዚ ወደይ ሞይቱ ነይሩ ሐውዩ፣
ጠፊኡ ነይሩውን ተረኺቡ እዩ እሞ፣
ስብሕቲ ላም ኣምጺእኩም ሕረዱ፣
ንብላዕ፣ ንተሐጐስ፣ በሎም።
ኪሕጐሱ ድማ ጀመሩ።




የሱስ ንዓሰርተ ሰብኡት ኣሕወየ

ሉቃስ 17


የሱስ ናብ ሓንቲ ዓዲ ኺኣቱ ኸሎ፡ ዓሰርተ
ለምጻማት ተጓነፍዎ። ኣብ ርሑቕ ደው
ኢሎም ከኣ ድምጾም ዓው ኣቢሎም፡
ዎ የሱስ መምህር፡ ምሐረና፡ በልዎ።

ንሱ ርእይዎም፡ ኪዱ፡ ርእሶኹም
ንካህናት ኣርእዩ። በሎም። ኮነ
ኸኣ፡ ኪኸዱ ኸለዉ፡ ነጽሁ።



ካባታቶም ሓደ ኸኣ ከም ዝሐወየ ምስ ረኣየ፡ ድምጹ
ዓው ኣቢሉ ንኣምላኽ እናኣመስገነ ተመልሰ።
እናኣመስገኖ ኸኣ ኣብ እግሪ የሱስ ብገጹ ተደፍኤ።


የሱስ ግና፡ ዝነጽሁስ ዓሰርተ ደይኮኑን፡
እቶም ትሽዓተ ደኣ ኣበይ ኣለዉ?
የሱስ ከኣ፡ ተንስእ እሞ ኺድ።
እምነትካ ኣሕወየትካ፡ በሎ።



የሱስን ህጻናትን

ማቴዎስ 19 ማርቆስ 10 ሉቃስ 18

ንቼልዑ ድማ ኪትንክዮም ናብኡ
ኣምጽእዎም። እቶም ደቀ መዛሙርቲ
ግና ነቶም ዘምጽእዎም ገንሕዎም።
የሱስ እዚ ምስ ረኣየ፡ ኣይፈተወሎምን
እሞ፡ ሕደግዎም፡ ቁልዑ ናባይ ይምጽኡ።
መንግስቲ ኣምላኽ ነዞም ከምዚኣቶም
ዝበሉ እያ እሞ፡ ኣይትኽልእዎም።
ንመንግስቲ ኣምላኽ ከም ቁልዓ ኾይኑ
ዘይተቐበላ ከቶ ኸም ዘይኣትዋ፡ ብሓቂ
እብለኩም ኣሎኹ፡ በሎም።
ሐቑፉ ኢዱ ኣንበረሎም፡
ባረኾም።




ዘኬዎስ

ሉቃስ 19

ዘኬዎስ ዝስሙ ሰብኣይ ነበረ። ንሱ ሓለቓ ተገውቲ እዩ፣ ሃብታምውን እዩ።
ንየሱስ ከኣ፣ ኣየናይ ምኻኑ ኺርእዮ ይደሊ ነበረ።
ቍመቱ ሓጺር ስለ ዝነበረ ኸኣ፣ ካብ ብዝሒ እቲ
ህዝቢ እተላዕለ፣ ምኽኣል ሰኣነ።



የሱስ ምሕላፉ ብእኣ ነበረ እሞ፣
ቅድሚት ጐይዩ ኺርእዮ ናብ ሳግላ
ሓኸረ። የሱስ ድማ ኣብታ ቦታ ምስ
በጽሔ፣ ኣንቃዕሪሩ ጠሚትዎስ፣ ዘኬዎስ፣
ሎሚ ኣብ ቤትካ ኽውዕል ይግብኣኒ እዩ
እሞ፣ ቀልጢፍካ ውረድ፣ በሎ።
ቀልጢፉ ወረደ ተሐጉሱውን ተቐበሎ።




የሱስ ናብ የሩሳሌም ኣተወ


ማቴዎስ 21, ማርቆስ 11, ሉቃስ 19

ኮነ ድማ፡ ናብ የሩሳሌም ምስ ቀርበ፡ ካብ ደቀ
መዛሙርቱ ኽልተ ለኣኸ፡ ከምዚ ኢሉ፡
ናብዛ ኣብ ቅድሜኹም ዘላ ዓዲ ኺዱ። ኣብኣ ምስ
ኣቶኹም፡ ሰብ ዘይተወጥሐ እሱር ጻዕብ ክትረኽቡ
ኢኹም። ንእኡ ፈቲሕኩም ኣምጽእዎ።
ሓደ፡ ስለምንታይ ትፈትሕዎ ኣለኹም? ኢሉ
እንተ ሐተተኩም ከኣ፡ ጐይታ የሱስ ይደልዮ
ኣሎ፡ በልዎ። እቶም እተላእኩ ኽይዶም ከምታ
ዝበሎም ረኸቡ። ንሳቶም ነቲ ጻዕብ ኪፈትሕዎ
ኽለዉ፡ ዋናታቱ፡ ነዚ ጻዕብ ስለምንታይ ትፈትሕዎ
ኣለኹም? በልዎም። ንሳቶም ድማ፡ ጐይታ የሱስ
ይደልዮ ኣሎ፡ በልዎም። ንሳቶም ድማ ሃብዎም።






ናብ የሱስ ሒዞምዎ መጹ። ኣብቲ ጻዕብ ክዳውንቶም ጠይቂ ምስ ገበሩ ኸኣ፣ ንየሱስ ኣብኡ ኣወጥሕዎ። ንሱ ኺኸይድ ከሎ፣ ክዳውንቶም ኣብ መገዲ ኣንጸፉ።




ካልኦት ድማ ካብ ኣእዋም ጨጨንፈሩ እናሰልዑ፣ ኣብ መገዲ ነስነሱ። ቀቅድሚኡ ዚኸዱ፣ ደድሕሪኡውን ዚስዕቡ ህዝቢ ዓው ኢሎም፣ ሆሳእና ንወዲ ዳዊት፣ ብስም እግዚኣብሄር ዚመጽእ ብሩኽ እዩ፣ ሆሳእና ኣብ ኣርያም፣ በሉ።



ማርያም ንየሱስ ኣኽበረቶ


ዮሃንስ 12

ኣብ እንዳ ኣልኣዛር ንየሱስ ድራር ገበሩሉ። ማርታውን ተገልግል ነበረት። ካብቶም መቓምጡ ሓደ ኸኣ ኣልኣዛር እዩ። ማርያም ድማ ሓደ ነጥሪ ብዙሕ ዝዋጋኡ ቐዱይ ቅብኢ ጽሩይ ናርዶስ ኣምጽኣት።



ብእኡ ገይራ ኣእጋር የሱስ ለኸየት፣ ብጸጉሪ ርእሳውን ደረዘቶ። እታ ቤት ከኣ ብመኣዛ እቲ ቐዱይ ቅብኢ መልኤት።






ካብቶም ደቀ መዛሙርቱ ሓደ፡ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ወዲ ስምኦም ግና፡ እዚ ቕዱይ ቅብኢ እዚ ኽመይ ግዳ ንሰለስተ ሚእቲ ድሪም ተሸይጡስ ንድኻታት ዘይውሀብ? በለ።
እዚ ዝበለ፡ ሰራቒ ስለ ዝኾነ እዩ እምበር፡ ንድኻታት ሐልዩሎም ኣይኮነን።

ስለዚ የሱስ፡ ድኻታትሲ ኹሉ ሳዕ ምሻትኩም ኣለዉ፡ ንኣይ ግና ኩሉ ሳዕ ኣይትረክቡንን ኢኹም እሞ፡ ንመዓልቲ ቐብረይ ሐልያቶ እያ፡ ሕደጋ፡ በለ።


የሱስ እግሪ እቶም ሃዋርያት ሓጸበ

ዮሃንስ 13



ቅድሚ በዓል ፋሲጋ ድማ፡ ድራር ተዳልዩ ነበረ።
የሱስ ከኣ ካብ ድራር ተንሲኡ ኽዳውንቱ ኣንበረ፡
ዓለባ ኣልዒሉውን ተዐጥቀ።

ደሓር ማይ ኣብ ገበራ ኣዕሪቹ፡ ኣእጋር
ደቀ መዛምርቱ ኺሐጽብን በቲ እተዐጥቆ
ዓለባ ገይሩ ኺደርዝን ጀመረ።



እዚ ዝገበርኩምልሲ ትፈልጥዎዶ ኣለኹም? በሎም።
ኣነ መምህርን ጐይታን ክነሰይ፣ ኣእጋርኩም ካብ
ሐጸብኩስ፣ ከምቲ ኣነ ኣቦኻትኩም ዝገበርክዎ፣
ንሸኻትኩምውን ከምኡ ክትገብሩ መርኣዩ ሂበኩም ኣለኹ
እሞ፣ ከምኡ ኣእጋር ሓድሕድኩም ክትሐጽቡ ይግብኣኩም
እዩ። ነዚ እትፈልጥዎ እንተ ኾንኩም፣ እንተ ገበርኩምዎስ
ብጹኣን ኢኹም፣ በሎም።


ናይ መጨረስታ ድራር


ማቴዎስ 26, ማርቆስ 14

በታ ገንሸል ፋሲጋ ዚሕረደላ ቐዳመይቲ መዓልቲ በዓል ቅጫ፡ ደቀ መዛሙርቱ፡ የሱስ ካብቶም ደቀ መዛሙርቱ ኽልተ ልኢኹ፡ ናብ ከተማ ኺዱ፡ ኣብኡ ዕትሮ ማይ እተሰከመ ሰብኣይ ክትረኽቡ ኢኹም፡ ንእኡ ስዐብዎ። ኣብታ ዚኣትዋ ኽኣ ኑቲ ብዓል ቤት፡ ምስ ደቀ መዛሙርተይ ገንሸል ፋሲጋ ዝበልዓላ ቤት ኣጋይሽ ኣበይ እያ? ይብለካ ኣሎ መምህር፡ በልዎ። ንሱ ኽኣ ኣብ ደርቢ እተነጽፈን እተዳለወን ኣዳራሽ ኬርእየኩም እዩ። ኣብኡ ኣዳልዉልና፡ በሎም።




እቶም ደቀ መዛሙርቲ ኽዱ፡ ናብታ ኽተማ ኽኣ መጹ፡ ከምቲ ዝበሎም ድማ ረኸቡ፡ ገንሸል ፋሲጋውን ኣ ዳለዉ። ምስ መሰየ፡ የሱስ ምስቶም ዓሰርተው ክልተ መጸ።





ኪበልዉ ኸለዉ ድማ፡ እንጌራ ኣልዒሉ፡ ባሪኹ ቈረሰ፡ ንኣታቶም ከኣ፡ ውሰዱ፡ እዚ ስጋይ እዩ፡ ኢሉ ሀቦም።

ጽዋእ ኣልዒሉ ድማ ኣመስጊኑ ሀቦም፡ ኩሎምኡን ካብኣ ሰተዩ።



ንሱ ኸኣ፡ እዚ ምእንቲ ብዙሓት ዚፈስስ ናይ ሓድሽ ኪዳን ደመይ እዩ። መዝሙር ምስጋና ምስ ዘመሩ ኸኣ፡ ናብ ደብረ ዘይቲ ደየቡ።

የሱስ ኣብ ጌተሴማኔ ጸለየ

ማቴዎስ 26, ማርቆስ 14, ሉቃስ 22



የሱስ ምስ ደቀመዛሙርቱ ጌተሴማኔ ናብ
እትብሀል ቦታ መጹ፡ ንደቀ መዛሙርቱ ኸኣ፡
ክሳዕ ዝጽሊ፡ ኣብዚ ተቐመጡ፡ በሎም።



ንጴጥሮስን ያእቆብን ዮሃንስን ምስኡ ወሰደ፡ ቅሩብ
ንቕድሚት ሕልፍ ኢሉ ኣብ ምድሪ ተምበርከኸ፡
ጸለየ። ኣቦይ፡ ፍቓድካ እንተ ኾይኑስ፡ ነዛ ጽዋእ
እዚኣ ኻባይ ኣሕልፋ። ግናኸ ፍቓድካ እምበር፡
ፍቓደይሲ ኣይኹን፡ እናበለ ጸለየ። ዜበርትየ መልኣኽ
ካብ ሰማይ ተራእዮ።

ካብ ጸሎቱ ተንሲኡ ናብቶም ደቀ መዛሙርቱ ምስ መጸ ድማ፡ ደቂሶም ረኸቦም። ንሱ ኸኣ፡ ከመይከ እትድቅሱ? ናብ ፈተና ኸይትኣትዉስ፡ ተንሲእኩም ጸልዩ፡ በሎም። ከም ብሓድሽ ከይዱ ድማ፡ እቲ ኢልዎ ዝነበረ ቓል ጸለየ።
ተመሊሱ ኸኣ፡ ኣዒንቶምባዕዚዙ ነበረ እሞ፡ ካልኣይ ደቂሶም ረኸቦም፡

ሐዲግዎም ከደ፡ ሳልሳይ ከኣ ከም ብሓድሽ እቲ ኢልዎ ዝነበረ ጸሎት ጸለየ።
ሽዑ ናብቶም ደቀ መዛሙርቱ መጺኡ፡ ደጊም ደቅሱን ዕረፉን። እንሆ፡ እታ ጊዜ በጽሒት፡ ወዲ ሰብ ከኣ ኣብ ኢድ ሓጥኣን ኪተሐዝ እዩ።
ተንስኡ፡ ንኺድ። እቲ ዜትሕዚኒ፡ እንሆ፡ ቀሪቡ ኣሎ፡ በሎም።

የሱስ ተኣስረ

ማቴዎስ 26, ማርቆስ 14, ሉቃስ 22, ዮሃንስ 18




የሱስ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ኾይኑ ብዙሕ ጊዜ ናብኣ ይኸይድ ስለ ዝነበረ እቲ ዜትሕዞ ይሁዳ ድማ ነታ ጌተሴማኔ እትበሃል ቦታ ይፈልጣ ነበረ።

እንሆ ይሁዳ፡ ካብቶም ዓሰርተው ክልተስ ሓደ፡ መጸ። ምስኡ ድማ ካብ ሊቃውንቲ ኻህናት ዓበይቲ ህዝብን ብዙሓት ሰብ፡ ኣስያፍን ኣባትርን ሒዞም መጹ።



ሽዑ የሱስ ዝመጸ ዘሎ ፈሊጡ ወጸ እሞ፡ ንመን ትደልዩ ኣሎኹም? በሎም።
ንሳቶም፡ ንየሱስ ናዝራዊ፡ ኢሎም መለሱሉ። የሱስ ከኣ፡ ኣነ እየ፡ በሎም።

ይሁዳ መጺኡ ድማ፡ ናብ የሱስ ቐሪቡ፡ ረቢ፡ ረቢ፡
ኢሉ ሰዐሞ። ሸዑ እቲ ሰይፊ ዝነበሮ ስምኦን ጴጥሮስ፡
ሰይፉ መሊሑ፡ ንባርያ ሊቀ ኻህናት ወቒዑ የማነይቲ
እዝኑ ቈረጸ።
የሱስ ከኣ ንጴጥሮስ፡ ሰይፍኻ ናብ ሰፈሩ ምለሶ በሎ።
እዝኑ ተንክዩውን ኣሕወዮ።






ሸዑ እቶም ጭፍራን እቲ ሓለቓ ሸሕን እቶም ገላዉ
ኣይሁድን ንየሱስ ሒዞም ኣሰርዎ።
ሸዑ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ኹሉም ሓዲጎምዎ ሀደሙ።

ጲላጦስ ንየሱስ ሓተቶ

ማቴዎስ 27, ማርቆስ 15



ምስ ወግሑ፣ ኩሎም ሊቃውንቲ ኻህናትን ዓበይቲ
ህዝብን ንየሱስ ኪቕትልዎ ትማኸሩ።
ኣሲሮም ወሰድዎ እሞ ንጲላጦስ፣ ነቲ ሹም፣
ኣሕሊፎም ሀብዎ።

ጲላጦስ ከኣ፣ ንሶኻዶ ንጉስ ኣይሁድ ኢኻ? ኢሉ
ሓተቶ። የሱስ ድማ፣ እወ፣ በሎ።

ጲላጦስ ድማ ነቶም ህዝቢ በብበዓል ዝደለይዎ ሓደ እሱር ኪፍትሓሎም ከኣ ንቡር ነበሮም። ሽዑ በርባን ዚብሀል ውሩይ ተኣሲሩ ነበረ። ተኣኪቦም ከለዉ፡ ንመን ክፈትሓልኩም ትፈትዉ፡ ንበርባንዶ ወይስ ነቲ ክርስቶስ ዚብሀል የሱስ? በሎም። ንሳቶም ድማ፡ ነበርባን፡ መለሱ።

ጲላጦስ፡ እምብኣርሲ ነቲ ክርስቶስ ዚብሀል የሱስከ እንታይ ክገብሮ? በሎም። ኩሎም፡ ይሰቐል፡ በሉ። እቲ ሹም፡ እንታይ ክፋእከ ገበረ? በሎም። ንሳቶም ግና፡ ይሰቐል፡ እናበሉ ምጭዳር ኣብዝሑ።

ጲላጦስ ዘይብምዛሕ ጫውጫው እምበር፣ ገለ እኳ ኸም ዘይጠቅም ምስ ረኣየ፣ ማይ ወሲዱ፣ ኣነ ኻብ ደም እዚ ጻድቕ እዚ ንጹህ እየ፣ ባዕላትኩም ፍለጡ፣ እናበለ ኣብ ቅድሚ እቲ ህዝቢ ኣእዳዉ ተሐጽበ።




ሽዑ ንባርባን ፈትሓሎም፣
ንየሱስ ግና ገሪፉ፣
ኪስቀል ኣሕሊፉ ህቦም።




ጴጥሮስ ንየሱስ ክሓዶ

ማርቆስ 14, ሉቃስ 22


ጴጥሮስ ድማ ርሕቕ ኢሉ ኽሳዕ ውሽጢ ገዛ ሊቀ ኻህናት ሰዐቦ። ኣብኡ ምስቶም ገላዉ ተቐሚጡ ኸኣ ሓዊ ይስሕን ነበረ።




ሓንቲ ገረድ ኣብ ጥቓ እቲ ሓዊ ተቐሚጡ ምስ ረኣየቶ፥ ጠሚታቶ፥ እዚውን ምስ የሱስ ነይሩ እዩ፥ በለት።
ንሱ ግና፥ ኣቲ ሰበይቲ፥ ኣይፈልጦን እየ፥ ኢሉ ኸሐደ።




ቅሩብ ጽንሕ ኢሉ ኸኣ፡
ሓደ ኻልእ ርእይዎ፡
ንሸኻውን ካባታቶም ኢኻ፡
በለ። ጴጥሮስ ግና፡ ኣታ
ሰብኣይ፡ ኣይፋለይን፡ በለ።



ቅሩብ ምስ ጸንሔ፡ እቶም
ደው ኢሎም ዘለዉ
ንጴጥሮስ፡ ንሸኻ ብሓቂ
ኻባታቶም ኢኻ፡ ዘረባኻውን
የፍልጠካ ኣሎ፡ በልዎ።



ጴጥሮስ ድማ፡
ኣታ ሰብኣይ፡ እዚ እትብሎ
ዘሎኻ ኣይፈልጦን እየ፡ በሎ።
ሽዑ ገና እዚኣ ኺዛረብ
ከሎ፡ ብኡብኡ ደርሆ
ነቐወ።




ጐይታ ኸኣ ግልጽ ኢሉ ንጴጥሮስ ጠመቶ።
ጴጥሮስ ከኣ፡ ሎሚ ደርሆ ኸይነቀወ፡ ሰለስተ ሳዕ
ክትክሕደኒ ኢኻ፡ ዝበሎ ቓል ጐይታ ዘከረ፡ ናብ
ወጻኢ ኸይዱውን መሪር ብኽያት በከየ።



የሱስ ኣብ መስቀል ሞተ

ማቴዎስ 27, ሉቃስ 23, ዮሃንስ 19

የሱስ፡ መስቀሉ ጸይሩ ኸኣ፡ ቀረንቀራ ርእሲ ናብ
እትብሀል ስፍራ፡ ብእብራይስጢ ድማ ጐልጎታ
እትብሀል፡ ወጸ። ኣብኡ ድማ እቶም ወተሃደራት
ኣብቲ መስቀል ሰቐልዎ።




የሱስ ድማ፡ ኣቦይ፡ ዚገብርዎ ኣይፈልጡን
እዮም እሞ፡ ሕደገሎም፡ በለ።
ኣብ ልዕሊ ርእሱ ኸኣ፡ እዚ ንጉስ ኣይሁድ
እዩ፡ ዚብል ጽሕፈት ነበረ። ብኽልተ ጎኑ ድማ
ክልተ ሰረቕቲ ተሰቒሎም ነበሩ።
ንኣስታት ሰለስተ ሰዓት ድማ ኣብ ኵላ እታ
ምድሪ ጸልማት ኮነ። ደሓር የሱስ፡ ኤሎሄ፡
ኤሎሄ፡ ላማ ሰበቕታኒ? ኢሉ ብዓብዩ ድምጺ
ጨርሔ። እዚ ኸኣ፡ ኣምላኸይ፡ ኣምላኸይ፡
ንምንታይ ሐደግካኒ? ማለት እዩ።
የሱስ ከም ብሓድሽ ብዓብዩ ድምጺ ጨርሔ፡
ነፍሱ ድማ ወጸት።

የሱስ ተቐብረ

ማቴዎስ 27




ምስ መሰየ ድማ። ዮሴፍ ዚብሃል ሃብታም ሰብኣይ መጸ። ንሱ ኽኣ ወደ መዝሙር የሱስ ኮይኑ ነበረ። ንሱ ናብ ጲላጦስ ከይዱ ስጋ የሱ ለመኖ። ሽዑ ጲላጦስ ኪህብዎ ኣዘዘ። የሴፍ ነቲ ስጋኡ ወሲዱ፡ ብሓድሽ በፍታ ገነዞ። ንርእሱ ኢሉ ኣብ ከውሒ ኣብ ዘውቀሮ ሓድሽ መቓብር ኣንበሮ።



ጥርሑ መቓብር

ማቴዎስ 28, ማርቆስ 16, ዮሃንስ 20

ድሕሪ ሰንበት፣ ወጋሕታ እታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ሰሙን፣ ማርያም ብዓልቲ መግደላ እታ ኻልኣይቲ ማርያምን መቓብር ኪርእያ መጻ። እቲ እምኒ ኸኣ ካብቲ መቓብር ተገልቢጡ ረኸባኡ። ናብቲ መቓብር ኪኣትዋ ከለዋ ድማ መልኣኽ ተራእየን። ትርኢቱ ኸም በርቂ፣ ክዳኑ ድማ ጻዕዳ ኸም በረድ እዩ።




እቲ መልኣኽ መሊሱ ነተን ኣንስቲ በለን፣ ንሶኻትክንሲ ነቲ እተሰቐለ የሱስ ትደልያ ኸም ዘሎኽን፣ እፈልጥ ኣሎኹ እሞ፣ ኣይትፍርሃ። ከምቲ ዝበሎ፣ ተንሲኡ እዩ እሞ፣ ኣብዚ የሎን። ቀልጢፍክን ደኣ ኺዳ እሞ፣ ካብ ምውታት ከም ዝተንስኤ፣ ንደቀ መዛሙርቱ ንገራኣም፣ በለን። ካብቲ ምቓብር ብፍርሃትን ብብዙሕ ሓጐስን ቀልጢፈን ኸዳ እሞ፣ ንደቀ መዛሙርቱ ኺነግራኣም ጐየያ።




የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ተራእዮም

ሉቃስ 24, ዮሃንስ 20



በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ሰሙን፡ ምድሪ ምስ መሰየ፡ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ነቶም ኣይሁድ ስለ ዝፈርህዎም፡ መዓጹ ተሸጉሩ ነበረ እሞ፡ የሱስ ኣብታ ተኣኪቦምላ ዘለዉ መጺኡ ኣብ ማእከሎም ደው ኢሉ፡ ሰላም ንኣኻትኩም ይኹን፡ በሎም።


እዚ ኢሉ ኣእዳዉን ኣእጋሩን ኣርኣዮም። ንሳቶም ከኣ ተገሪሞም፡ ብሓጐሶም ምኽንያት ገና ምእማን ሰለ ዝሰኣኑ፡ ንሱ፡ ገለ ዚብላዕዶ ኣብዚ ኣሎኩም? በሎም። ንሳቶም ከኣ ምቃል ጥቡስ ዓሳን ጐጎ መዓርን ሀብዎ። ተቐቢሉ ኣብ ቅድሚኦም በልዔ።



የሱስ ንሰማይ ዓረገ

ግብረ ሃዋርያት 1

ንደቀ መዛሙርቱ ንኣስታት ኣርብዓ መዓልቲ ምስ ተራእዮም ድማ፡ እናረኣይዎ ዐረገ፡ ካብ ኣዒንቶም ከኣ ደበና ተቐበሎ።






ንሱ ኺዐርግ ከሎ፡ ንሳቶም ከኣ ናብ ሰማይ ገጾም ኪጥምቱ ኸለዉ፡ እንሆ፡ ጻዕዳ ክዳውንቲ እተኸድኑ ክልተ ሰብኡት ኣብ ጥቓኦም ደው ኢሎም ነበሩ እሞ፡ ስለምንታይ ናብ ሰማይ እናጠመትኩም ደው ኢልኩም ዘሎኹም? እዚ ኻባኻትኩም ናብ ሰማይ ዝዐረገ የሱስ፡ ከምቲ ናብ ሰማይ ኪዐርግ ከሎ ዝርኤኹምዎ ኸምኡ ገይሩ ኸኣ ኪመጽእ እዩ፡ በልዎም። ሽዑ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ናብ የሩሳሌም ተመልሱ።

መዓልቲ ሓምሳ

ግብረ ሃዋርያት 2



ኣብ መበል ሓምሳ መዓልቲ ድማ ኩላቶም ሐቢሮም ብሓንሳእ ነበሩ። ብድንገት ከኣ ከም ብርቱዕ ህቦብላ ንፋስ ካብ ሰማይ ደሃይ መጸ፡ ነታ ኣብኣ ተቐሚጦም ዘለውዋ ቤትውን ንብዘላ መልኣ።



እዚ ደሃይ እዚ ምስ ኮነ፡ ብዙሕ ህዝቢ ተኣከበ።
በብዘረባኡም ኪዛረቡ ሰሚያም ከኣ፡ እዚ ነገር እዝስ
እንታይ ኮን ይኸውን? እናተባሃህሉ፡ ዚብልዎ ሰኣኑ።
ገሊኡም ግና እናኣላገጹሎም፡ እዚኣቶም ጉዕ ሚስ ጸጊቦም
እዮም፡ በሉ። ሽዑ ጴጥሮስ ምስቶም ዓሰርተው ሓደ
ተንሲኡ፡ ድምጹ ዓው ኣቢሉ ተዛረቦም፡ ኣምላኽ ነዚ
የሱስ እዚ ኣተንሲእዎ እዩ፡ በዚ ንሕና ኹላትና ምስክር
ኢና። ተነስሑ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ ብስም የሱስ ክርስቶስ
ንሕድገት ሓጢኣት ይጠመቕ በሎም። በታ መዓልቲ
እቲኣ ኣስታት 3000 ነፍሳት ናብታ ማሕበር ተወሰኻ።

ጴጥሮስ ንሓደ ዝልምን ኣሕወዮ

ግብረ ሃዋርያት 3

ጴጥሮስን ዮሃንስን ብጊዜ ጸሎት ናብ ቤተ መቕደስ
ብሓንሳእ ደየቡ። ካብ ከርሲ ኣዲኡ ሒዙ ኣእጋሩ ዝሞተ
ሰብኣይ ካብቶም ናብ ቤተ መቕደስ ዚኣትው ምጽዋት
ምእንቲ ኺልምን፡ ጸይሮም ኣብ ጸጽባሕ ኣብታ ጽብቕቲ
እትበሃል ደገ ቤት መቕደስ የቕመጥዎ ነበሩ።



ንሱ ኸኣ ጴጥሮስን ዮሃንስን ናብ ቤት መቕደስ
ኪኣትዉ ኸም ዝደለዩ ምስ ረአዮም፡ ኪምጽዉቱሉ
ለመኖም። ጴጥሮስ ምስ ዮሃንስ ኮይኑ ጠመቶ
እሞ፡ ናባና ጠምት፡ በሎ። ንሱ ኸኣ ካባታቶም
ገለ ዚረክብ መሲልዎ፡ ተኮሩ ጠመቶም።
ጴጥሮስ ከኣ፡ ወርቅን ብሩርን የብለይን፡
እቲ ዘለኒ ግና እህበካ፡ ብስም የሱስ
ክርስቶስ ናዝሬታዊ ተንስእ እሞ ኺድ፡
በሎ። ብየማነይቲ ኢዱ ሒዙ ኸኣ ኣተንስኦ፡



ብኡ ብኡውን ኣእጋሩን ዓንካርዓንካሪቶኡን ጸንዔ።
ስር ኢሉ ኸኣ ደው በለ ተዛወረውን። እናተዛወረን
እናተሰራሰረን ንኣምላኽ እናኣመስገነን ከኣ ምሳታቶም
ናብ ቤተ መቕደስ አተወ።




ፊልጶስን እቲ ኢትዮጵያውን

ግብረ ሃዋርያት 8

መልኣኽ እግዚኣብሄር ንፊልጶስ፡
ተንስእ እሞ በታ ኻብ የሩሳሌም
ንጋዛ እተውርድ መገዲ ናብ ደቡብ
ኣቢልካ ኺድ፡ ኢሉ ተዛረቦ።





ፊልጶስ ኸኣ ተንሲኡ ከደ። እንሆ ድማ፡ ኢትዮጵያዊ
ስሉብ ሰብኣይ ኣብ ህንደኬ ንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ስልጡን
ኣዛዝ ኩሉ ገንዘብ ዝነበረ፡ ኪሰግድ ናብ የሩሳሌም
መጺኡ ነበረ።
ኪምለስ ከሎ ኸኣ፡ ኣብ ሰረገላኡ ተቐሚጡ ትንቢት
ኢሳይያስ የንብብ ነበረ።



ፊልጶስ ናብኡ ጐየየ፡ ነብዪ ኢሳይያስ ኬንብብ ሰምየ
እሞ፡ እዚ እተንብቦስ ተስተውዕሎዶ ኣሎኻ? በሎ።
ንሱ ኸኣ፡ ሓደ እኳ ኸይመሀረኒ፡ ከመይ ኢሉ ይኹነለይ?
በለ። ንፊልጶስ ከኣ ደዱቡ ምስኡ ኪቕመጥ ለመኖ።

መገዲ ኪኸዱ ኸለዉ ድማ፡ ናብ ማይ በጽሑ። እቲ ስሉብ ከኣ፡ እንሆ ማይ፡ ከይጥመቐከ እንታይ ይኽልክለኒ? በለ። ፊልጶስ ከኣ፡ ብኹሉ ልብኻ እንተ ኣሚንካስ፡ ይኾነልካ እዩ፡ በሎ። ነታ ሰረገላ ደው ኬብልዋ ኸኣ ኣዘዘ፡ ፊልጶስን እቲ ስሉብን ክልቲኣቶም ናብቲ ማይ ወረዱ፡ ኣጥመቕዎን።



ሳውል ኣማኒ ኾነ


ግብረ ሃዋርያት 9

ሳውል ካብ መራሕቲ ኣይሁድ ነበረ፡ ናብ ኣባይቲ ኣመንቲ እናኣተወ ሰብኡትን ኣንስትን ሰስሒቡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ የእትዎም ነበረ።



ኪኸይድ ከሎ ኸኣ፡ ናብ ደማስቆ ምስ ቀረበ፡ ብድንገት
ጸዳል ብርሃን ካብ ሰማይ ኣብ ዙርያኡ ኣንጸባረቐ።
ናብ ምድሪውን ወደቐ፡ ሳውል፡ ሳውል፡ ንምንታይ
እትሰጐኒ? ዚብል ድምጺ ኸኣ ሰምዔ።
ንሱ ድማ፡ ጐይታይ፡ መን ኢኻ? በለ።


ጐይታ ኸኣ፡ ኣነ እቲ ንሰኻ እትሰጎ ዘሎኻ የሱስ እየ።
ተንስእ እሞ ናብ ኩተማ እቶ፡ እንታይ ክትገብር ከም
ዚግብኣካውን፡ ኣብኡ ኺነግሩኻ እዮም፡ በሎ። እቶም
ምስኡ ዝነበሩ ሰብ፡ ድምጺ እናሰምዑ ገለ እኳ ኸይረኣዩ፡
ደንጽይዎም ደው በሉ።



ሳውል ካብ ምድሪ ተንሲኡ ኣዒንቱ ቐሕ እንተ ኣበለ፣ ገለ እኳ ኣይረኣየን። ብኢዱ መሪሑም ናብ ደማስቆ ኣእተውዎ።



ኣብ ደማስቆ ኾኣ ሃናንያ ዚብሀል ወደ መዝሙር ነበረ። ንእኡ ጐይታ ብራእይ፣ ሃናንያ፣ ተንስእ እሞ ናብቲ ቕኑዕ ዚብሀል መተሓላለፊ ኺድ፣ ሳውል ዚብሀል ሰብኣይ ብዓል ጠርሴስ፣ እንሆ፣ ይጽሊ ኣሎ እሞ፣ ኣብ ቤት ይሁዳ ድለዮ፣ በሎ።






ሽዑ ሃናንያ ኸደ እሞ ናብ ቤት ኣተወ፡ ኢዱ ኣብኡ ኣንቢሩ ኸኣ፡ ኣታ ሳውል ሓወይ፡ እቲ ክትመጽእ ከለኻ ኣብ መገዲ እተራእየካ ጐይታና የሱስ፡ ክትርእን መንፈስ ቅዱስ ኪመልኣካን፡ ናባኻ ልኢኹኒ፡ በሎ።

ብኡብኡ ኸኣ ካብ ኣዒንቱ ኸም ቅራፍ ዝበለ ወደቐ እሞ ረኣየ፡ ተንሲኡውን ተጠምቀ።

ሳውል ኣብ ደማስቆ

ግብረ ሃዋርያት 9


ሳውል ከኣ ምስቶም ኣብ ደማስቆ
ዘለዉ ደቀ መዛሙርቲ ሓያሎ
መዓልቲ ተቐመጠ።
ብኡብኡ ድማ ኣብ ኣባይቲ
ጸሎቶም ብዛዕባ የሱስ፣ ንሱ ወዲ
ኣምላኽ ምኻኑ ሰበኸ።
ዝሰምዕዎ ዘበሉ ኹሉቶም ከኣ
ተገረሙ እሞ፣ እቲ ኣብ
የሩሳሌም ነቶም ነዚ ስምዚ
ዚጽውዑ ዘበሉ ዜጥፍእ
ዝነበረስ፣ እዚዶ ኣይኮነን?
ኣኣሲሩ ናብ ሊቃውንቲ
ኻህናት ምእንቲ ኺወስዶም
ድማ፣ ናብዚ ዝመጸን? በሉ።
ብዙሕ መዓልቲ ምስ ሐለፈ ድማ፣
ኣይሁድ ኪቕትልዎ ሐቢሮም
ተማኽሩ። ሳውል ግና ምኽሮም
ፈለጠ። ምእንቲ ኪቕትልዎ ኽኣ
ለይትን መዓልትን ነቲ በሪታት
ይሕልውዎ ነበሩ።



እቶም ደቀ መዛሙርቲ ግና፣ ብለይቲ ወሲዶም
ኣብ ከፈር ገይሮም፣ ብቕጽሪ ኣውረድዎ።

ጳውሎስን ሲላስን ኣብ ቤት ማእሰርቲ

ግብረ ሃዋርያት 13, 16




እቲ ጳውሎስ እተሰምየ ሳውልን፡ ሲላስን ኣብ ፊሊጲ እናሰበኹ ኸለዉ፡ እቲ እኩብ ህዝቢ ተላዕሎም።
ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተውዎም፡ ነቲ ሓላው እሱራት ድማ ኣጽኒዑ ኺሕልዎም ኣዘዝዎ።

ንሱ እዚ ትእዛዝ እዚ ምስ ተቐበለ ኸኣ፡ ናብቲ ውሽጢ ቤት ማእሰርቲ ኣእተዎም፡ ኣእጋሮም ከኣ ኣብ ጕንዲ ኣጽኒዑ ኣሰረ። ፍርቂ ለይቲ ምስ ኮነ ድማ፡ ጳውሎስን ሲላስን ንኣምላኽ እናለመኑ ብዜማ የመስግኑ ነበሩ። እቶም እሱራት ከኣ ይሰምዕዎም ነበሩ።





ብድንገት ድማ፡ መሰረት እታ ቤት ማእሰርቲ ኽሳዕ ዚናወጽ፡ ብርቱዕ ምንድቕዳቕ ምድሪ ኾነ። ብኡብኡ ኽኣ ኩሉ እቲ መዓጹ ተኸፍተ፡ ናይ ኩላቶም መቓውሕውን ተፈትሐ።
እቲ ሓላው እሱራት ምስ ተበራበረ ኽኣ፡ መዓጹ እታ ቤት ማእሰርቲ ተኸፊቱ ረኣየ። እቶም እሱራት ዝሞለቑ መሲልዎ ድማ፡ ሰይፊ መሊሑ ርእሱ ኪቐትል ደለየ። ጳውሎስ ግና፡ ኩላትና ኣብዚ ኣሎና እሞ፡ ኣብ ርእሸካ እከይ ኣይትግበር፡ እናበለ ዓው ኢሉ ጨደረ።



ናብ ግዳም ኣውጺኡ ኸኣ፣ ጐይተተይ፣ ምእንቲ ኽድሕንሲ፣ እንታይ ክገብር ይግብኣኒ? በሎም።
ንሳቶም ከኣ፣ ብጐይታና የሱስ እምን እሞ ንሸኻን ቤትካን ክትድሕኑ ኢኹም፣ በልዎ።





በታ ሰዓት እቲኣ ብለይቲ ወሲዱ ኣቑሳሎም ሐጸቦም።
ሽዑ ንሱ ምስ ኩሎም ስድራ ቤቱ ተጠምቀ።
ናብ ቤቱ ኣደዩቡ ድማ መኣዲ ቐረበሎም፣ ብኣምላኽ ስለ ዝኣመነውን ምስ ኩላቶም ስድራ ቤቱ ተሓጐሰ።


ጳውሎስን ዝተሰብረቶም መርከብን

ግብረ ሃዋርያት 27


ናብ ኢጣልያ ብመርከብ ክኸዱ ንጳውሎስን ንሓያሎ ኻልኦት እሱራትን ናብ መርከብ ኣእተውዎም። ነዊሕ ከይተጐዓዙ ኸለዉ ንፋስ ስለ ዝበርትዐ ግና እታ መርከብ ቀኒዓ ኽትከይድ ኣይከኣለትን።

እቶም ሰባት ድማ ብታሕቲ ብገመድ ኣሲሮም መጻንሒ ገበሩ። ኣብ ድበት ሑጻ ኸይወድቁ ፈሪሆም ድማ፡ ነቲ ጋንጽላ ጠቕሊሎም፡ ነታ መርከብ ከምኡ ኢላ ትኺድ ሐደግዋ።


ኣብ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ ለይቲ እቶም ኣገልገልቲ መርከብ ናብ ምድሪ ዝቐረቡ መሰሎም።
እታ መርከብ ምስ ከውሒ ከውሒ ከይትጋጮ ፈሪሆም ድማ፡ ብሸነኽ ድሕሪት ነታ መርከብ ኣርባዕተ መልህቅ ኣውረዱ። መዓልቲ ኪኸውን ከኣ ተመነዩ።



ጳውሎስ ከኣ፡ እናተጸቢኹም ገለ ኽይጠዓምኩም ጾምኩም ሎሚ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልትኹም እዩ እሞ፡ እንጌራ ብልዑ፡ ኢሉ ምድሪ ኽሳዕ ዚወግሕ ኀኹላቶም ለመኖም፡ እምብኣርከ እዚ ንምድሓንኩም ስለ ዝኾነ፡ ካብ ሓደ ኻብኻትኩም ጸጕሪ ርእሲ እኳ ኣይክትጠፍእን እያ እሞ፡ ክትበልዑ እልምነኩም ኣሎኹ፡ በሎም።
ኩላቶም ከኣ ሀድኡ እንጌራውን በልዑ።



ምስ ወግሔ ኸኣ፣ ነቲ ምድሪ ኣየለለይዎን።
ኣማዕድዮም ግና፣ ገምገም ዘለዎ ልሳን ባሕሪ ረኣዩ እሞ፣
እንተ ተኻእሎምሲ፣ ነታ መርከብ ናብኡ ኼብጽሕዋ ደለዩ።
ብወገን ቅድሚታ ኸኣ ተሸኽለት እሞ ዘይትንቓነቕ ኮነት።



ነቶም ሓሚሶም ዚኽእሉ ድማ ቅድም ወሪዶም ናብ
ምድሪ ኺወጹ ኣዘዝዎም፣ ነቶም ዝተረፉ ኸኣ፣ ገሊኦም
ብሉሕ ገሊኦምውን ብስባር እታ መርከብ ይውጽኡ፣
ተባህለ። በዚ ኸምዚ ኹላቶም ድሒኖም ናብ ምድሪ
በጽሑ።



የሱስ ክምለስ እዩ !!

ራእይ ዮሃንስ 21-22

ካብቲ ዝፋንውን ዓው ዝበለ ድምጺ፡ እንሆ ድንኳን ኣ ምላኽ ምስ ሰብ፡ ንሱውን ምሳታቶም ኪነብር እዩ፡ ንሳቶም ከኣ ህዝቡ ኪኾኑ እዮም፡ ኣምላኽውን ባዕሉ ምሳታቶምን ኣምላኾምን ኪኸውን እዩ፡ ክብል ከሎ ሰማዕኩ።



ኣምላኽ ከኣ ንብዘሎ ንብዓት ካብ ኣዒንቶም ኪደርዝ እዩ። ድሕሪ ደጊም ሞት ኣይኪኸውንን፡ ድሕሪ ደጊምውን ሓዘን፡ ወይ ጻዕሪ ኣይኪኸውንን እዩ።

የሱስ ድማ በለ እነሆ ኣነ ቐልጢፈ እመጽእ ኣሎኹ፡ ነቲ ኣብዚ መጽሓፍ ተጻሒፉ ዘሎ ዚሕልውዎ ብጹኣን እዮም። ኣልፋን ኦሜጋን፡ ቀዳማይን ዳሕራይን፡ መጀመርታን መወዳእታን ኣነ እየ።
እወ፡ ቐልጢፈ እመጽእ ኣሎኹ!!

